# ዕብየት ብሓሙሽተ

## መምርሒ መሳሰይቲ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ



## ንምፍጣር ውፅኢታዊ ዋዕላ ምድማፅ

መጋቢት 2017

MINDEROO FOUNDATION

INTERNATIONAL RESCUE COMMITTEE

# ምስጋና

ኮሚቴ ምድሓን ሂወት ጉጅለ ፕሮግራም ትምህርቲ ኢትዮጵያ (IRC) ኣብ ምምዕባል ናውትታት መተግበሪ መምርሒ መሳሰይቲ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ ንዝገብርዎ ርኡይ ልዑል ኣበርክቶ ዓለም ለኻዊ ኮሚቴ ምድሓን ሂወት (IRC) የመስግን።

ብተወሳኺ ዓለም ለኻዊ ኮሚቴ ምድሓን ሂወት (IRC) ንፋውንዴሽን ሚንደሩ ማዳርግቲ ኣካላት እዚ መድብ ዕብየት ብሓሙሽተ ብምኳን ኣብ ምድላውን ምዝርጋሕን መስርሕ መዘክር/ መፅሓፍን ንዝገበርዎ ፈሰስ ገንዘብን ሓገዝን ዝልዓለ ምስገና የቕርብ።

ከምኡ'ውን ቢሮ ትምህርትን ጥዕናን ትግራይ፣ ቤት ፅሕፈት ትምህርትን ጥዕናን ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብን 12 ወረዳታትን ኣብ ምፅፋፍን ምርግጋፅን ትሕዝቶታት ዕብየት ብሓሙሽተ ንዝገበርዎ ንጡፍ ተሳትፎን ኣበርክቶን ዓለም ለኻዊ ኮሚቴ ምድሓን ሂወት (IRC) ምስጋና የቕርብ። ኣብ ቀፃሊ ድማ ተሳትፎኦምን ምትሕብባሮምን ብምዝያድ ሰልጠንቲ ንትሕዝቶ እዚ መድብ ብኣድማዒ መንገዲ ንኸጋፍሕዎን ኽትግብሩን ኣብ ወሳኒ ግደ ብምፅዋት ኣብ ዕብየትን ፅቡቕ ሂወትን ንኣሸቱ ህፃናት ኣብ ክንክንኦም ደገፍትን ሓገዝትን ከምዝኾኑ ነተስፍው።

ኣብ መወዳእታ ዓለም ለኻዊ ኮሚቴ ምድሓን ሂወት (IRC) እዚ መተግበሪ መምርሒ መሳሰይቲ ኣብ ኩሉ መደያዊ ዕብየት ህፃናት ልዑል ግደ ዘለዎ ሃፍተፀጋ ኮይኑ ክቕፅል ተስፋ ይገብር።

© 2025 International Rescue Committee | Ethiopia Program
Jacross-Se'alite Mehret road, SETS Building 6th floor| Rescue.org
+251 116 636 735

## ምውሳድ ሓላፍነት

እዚ መምርሒ መሳሰይቲ ጥራይ ዝዓለመ እዩ።

እዚ መምርሒ መሳሰይቲ ብሉፃት ልምድታትን ተመኩሮታትን ዝህብ እኳ እንተኾነ፣ ኣሰልጠንቲ ግን ነቲ ትሕዝቶ ምስቲ ፍሉይ ኩነታቶምን ከባቢኦምን ኣጠዓዒሞም ኣብ ተግባር ከውዕልዎ ይግባእ።ፀሓፍትን ዓለም ለኻዊ ኮሚቴ ምድሓን ሂወት (IRC)ን ካብ ኣጠቓቕማኡ ንዝመፅእ ዝኾነ ይኹን ውፅኢት ተሓተትቲ ኣይኮኑን።

**ኣብ ትሕቲ ኣማካሪ ኒው ኣፍርካ መዋድድቲ**

**ፀሓፍትን መጣዓዓምቲ ትሕዝቶን ፦** እንዳልካቸው ታየ፣ ሰሎሞን ኣበባውን ካሕሱ በላይን

**ንድፊ ግራፊክ፦** መርእድ ነጋ

**ምውዳድ ምስልታት፦** ማህሌት ብርሃኑ (የኩኩ እርሳስ)

# ትሕዝቶ


1 ሓፈሻዊ መብርሂ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ 1

1.1. መእተዊ፦ መበገሲ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ
1.2. ቀንዲ መትከላትን ዕላማታትን ዕብየት ብሓሙሽተ

2 መምርሒ ንመሳሰይቲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ 4

2.1. ተጠቀምቲ
2.2. ዳህሳስ መዋቕርን ትሕቶን መምርሒ መሳሰይቲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ዕብየት ብሓሙሽተ
2.3. ዝተቐረፁ ድምፅታትን ምስልታትን ንውፅኢታዊ ከይዲ ምስሳይ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ምጥቃም
2.3. ዝተቐረፁ ድምፅታትን ምስልታትን ንውፅኢታዊ ከይዲ ምስሳይ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ምጥቃም

3 መይላታት ምስሳይ 6

3.1. ምፍጣር ውሑስን ንኹሉ ዝሓቑፍን ሃዋህው ዋዕላ ምድማፅን ዘተን
3.2. ምሕደራ ሕብረ ተዋፅኦ ጉጅለ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን
3.3. ምድላውን ምምችቻውን ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን
3.4. ኣብ ምስሳይ ንዘጋጥሙ ብድሆታት ምፍታሕን ምትእንጋድን
3.5. ንጡፍ መስተጋብርን ኣሳታፍን ክፍለ ግዜታት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ምክያድ
3.6. ምትብባዕ ውፅኢታዊ ከይዲ ምዝንታው ያታታትን ዘተታትን
3.7. ክትትልን ምእካብን ግብረ መልሲ

4 ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 9

4.1. እንኳዕ ደሓን መፃኹም- ምንፃር ትፅቢታት- ምሕንፃፅ ስራት
4.2. ዓውደ ምትእስሳር ዕብየት ብሓሙሽተ
4.3. ዓውደ ምዝራብ ዕብየት ብሓሙሽተ
4.4 ዓውደ ማሕበረሰብ ዕብየት ብሓሙሽተ
4.5. ዓውደ ጥዑይ ገዛ ዕብየት ብሓሙሽተ
4.6. ዓውደ ፀወታ ዕብየት ብሓሙሽተ

5 ልጋብን ተወሰኽቲ ሃፍተፀጋታትን 50

5.1. መጥለሊ ነጥብታት ፍልጠታት፣ ኣመለኻኽታን ክእለታትን ድሕረ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ
5.2. ፍታሕ ቃላት
5.3. ኣብ እዋን ዋዕላ ምድማፅን ዘተን መሳሰይቲ ክጥቀምዎም ዝኽእሉ ተዛመድቲ መነቓቕሕቲ
5.4. ብተደጋጋሚ ክለዓሉ ዝኽእሉ ሕቶታትን ሓፀርቲ መብርህታትን
5.5. መወከሲ ፅሑፋት (መሰርሓዊ መዘክር /መፅሓፍ ሰልጠንቲ፣ ፀወታ/ ብኹራ ባህሊ )

# 1. ሓፈሻዊ መብርሂ  መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ

## 1.1. መእተዊ፦ መበገሲ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ

መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ ኣብ ፈለምቲ  ሓሙሽተ ዓመታት  ዕድመ ቁልዕነት ዝርከቡ ህፃናት ከለመዳያዊ ዕብየቶም ብምምዕባል ቐፃሊ ፅቡቕ ሂወት ህፃናት ንምምችቻው ዝግበር ዓለምለኻዊ ፃዕሪ እዩ። ብፍላይ እዚ መደብ ኣብ ከም ትግራይ ዝበላ ብኲናት ዝተሃሰያ ኣብ ዝኸፍአ ሕሰም ናብራ ዝርከቡ ቆልዑ ንዘጋጥምዎም ማሕለኻታት ዕብየት ኣብ ምቕራፍ ልዑል ግደ ክፃወት ዝኽእል እዩ።ስለዚ ነዚ ንምትግባር ኣብ ፀወታ ዝተመስረተ ትምህርቲ ብምምዕባል ሓብሓብን ቕልጠፍ ምላሽ ዝህብ ሃዋሁው ብምፍጣር ከለመዳያዊ ዕብየት ፍልመ ዕድመ ቁልዕነት (ECD) ንምሕጋዝ ዝተቐረፀ መደብ እዩ።

እዚ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ኣብ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ ማሕበራውን ስምዒታውን ፅቡቕ ሂወት ህፃናት ልዑል ግደ ክፃወቱ ዘኽእል ፍልጠትን ክእለትን ክጭብጡ ብምግባር ካብ ውልደቶም ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ህፃናት ኩለንተናዊ ዕብየት(ECD) መደብ እዩ።

መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ ኣብ ዕድመ ቁልዕነት ፍሉይ ጠመተ ብምግባር ንመላእ ዕድመ ህፃናት ድልዱል መሰረት ምቕማጥ ይክኣል ዝብል እምነት ዝተመርኮሰ እዩ። እዚ ተበግሶ ብዓለም ለኻዊ ኮሚቴ ምድሓን ሂወት(IRC) ዝምራሕ እዩ። እዚ ትካል ሓብሒብቲ ወይ ወለዲ ህፃናትን ማሕበረሰብን ብምውዳብን ባህላዊ ምላሽ ዝህብን ንጥፈታት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብምህናፅ ሓብሓቢ ሃዋህው ንምዕባይ ዝነጥፍ እዩ። እዞም ንጡፍ መስተጋብራዊ ክፍለ ግዜታት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን፣ ምላሽ ዝህብ ምሕብሓብ፣ ካብ መፈለምታ ዝብገስ ትምህርትን ዕብየት ማሕበራዊ-ስምዒትን ዘጉልሁ ኮይኖም፣ ስድራታትን ማሕበረሰብን ንዕብየት ኣናኣሸቲ ህፃናት ደጋፊ ግደ ክፃወቱ ዓቕሚ ዘማዕብል እዩ። ኣብ ሳይንሳዊ ጭብጥታት ዝተመርኮሰ ኣሰራርሓታት ምስ ከባብያዊ ልምድታት ብምውህሃድ፣ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ  ናብ ነብሲ ወከፍ ህፃን ብምሉእ ዓቕሙ ንኽበፅሕ ምግባርን ዓለማዊ መትከላት (ECD) ምስ ተግባራዊ ልምድታት ማሕበረሰብ ብምትእስሳር ዝትግበርሉ ስልትታት ንምጥንኻርን ዝዓምም እዩ።

## 1.2. ቀንዲ መትከላትን ዕላማታትን ዕብየት ብሓሙሽተ

### 1.2.1. ቀንዲ መትከላት

ህፃናት ማእከል ዝገበረ ኣገባብ፦ ኣብ ሕድሕድ ንጥፈታት መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ ንኹለንተናዊ ምዕባለ ህፃናት ካብ 0-5 ዓመት ዝዕድሚኦም ምድጋፍ ጠመተ ይገብር።

ብማሕበረሰብ ዝምራሕ ኣገባብ፦ ንህፃናት ደጋፊ ሂወታዊ ስነ ምሕዳር ንምፍጣር፡ ሓብሐብቲ፣ ወለዲ ህፃናት፣ መራሕቲ ማሕበረሰብ፣ መምህራን ሰራሕተኛታት ጥዕናን ምውፋርን ምስታፍን። ተመኩሮታት ዕድመ ፍልመ ቁልዕነት ንምዕባይ ፍልጠትን መሳርሕታትን ምቕራብ።

ተሳትፎ ሓብሐብቲ ወይ ወለዲ ህፃናትን ሕብረተሰብን፦ ኣብ ኩለመዳያዊ ዕብየት ህፃናት ሓባራዊ ሓላፍነት ምትብባዕን ዝተዋደደ ጉጅለ ዘተን ንጥፈታትን ሓዊሱ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ማሕበረሰብ ምፍጣርን ምምዕባልን ዝጠልብ መደብ እዩ።

ምዝማድ ትሕዝቶን ባህልን፦ ናውቲ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ ምስ ቋንቋታትን መዓልታዊ ልምድታትን ባህሊ እቲ ኸባቢ ምውዳድን ምትዕፅፋፍ ዝጠልቡ እዮም።

- ኣብ መርትዖ ዝተመርኮሰ ኣሰራርሓ፦ ኹሎም ንጥፈታት ኣብ ሳይንሳዊ ምርምር ዕብየት ህፃናትን ማሕበረ ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍን መሰረት ዝገበሩ እዮም
- ብዙሓት ፍሰት ጨንፈር ዘለዎ ትምህርቲ፦ እዚ መደብ ዝለዓለ ተሳትፎ ንምምዕባልን ትምህርቲ ናብ ኩሉ ንምብፃሕን ፈነወ ሬድዮ፣ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን፣ ብሰብ ሞያ ጥዕናን ትምህርትን ኣባላት ማሕበረሰብን ዝዕመም መደብ ግንዛበ ምፍጣር ዝጠልብን ዝኽተልን እዩ።
- ኩለንተናዊ ፅቡቕ ሂወት፦ ንኣእምሮኣዊ፣ ስምዒታዊ፣ ኣካላውን ማሕበራውን ዕብየት ህፃናት ብምምዕባል ቐፃሊ ሂወት ቆልዑ ጥጡሕ ንምግባር ዝኽእሉ ንጡፍ ከይዲ ምምህሃርን ምትሕብባርን ብምትግባር ዝሕግዝ መደብ እዩ።

### 1.2.2. ዕላማታት

እዚ መምርሒ ንመሳሰይቲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ንኽፍለ ግዜታት ብኣድማዒ መንገዲ ንኽፍፅሙ ንምድጋፍ ዝተዳለወ እዩ። እዚ መምርሒ እዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ከሳኽዕ ትፅቢት ይግበር።

**I. ንመሳሰይቲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ፍልጠትን ክእለትን ምዕባይ**

- ብዛዕባ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ መበግሲኡ፣ መትከላቱን ዕላማታቱን ንፁር ዝኾነ ርድኢት ክጭብጡን ክግንዘቡን ይገብር።
- ካብ ትሕዝቶታት መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ ዝኾኑ ዓውድታት ዝርርብ፣ ፀወታ፣ ምትእስሳር፣ ማሕበረሰብን ጥዑይ ገዛን ተውፃኢኦም ኣብ ዝተመረፁ 15 ቁልፊ ንጥፈታት ዓሚቕ ርድኢት ይፈጥር።
- መሰረታዊ ፍልጠት ዕብየት ፍልመ ዕድመ ቁልዕነትን ምላሽ ዝህብ ምሕብሓብን የጭብጥ።

**II. ምጥንኻር መይላታት ምስሳይ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን**

- መሳሰይቲ ንተሳተፍቲ ውሑስን ንኹሉ ዝሓቁፍን መሳጥን ሃዋህው ኣብ ምምስራት ምምራሕን ዝሕግዙ መይላታት የጭብጥ።
- ተዋፅኦ ጉጅለ ምምሕዳር፣ ተሳትፎ ምትብባዕን ብድሆታት ንምፍታሕ ዝሕግዙ ስልትታትን ንመሳሰይቲ የላልይ።
- መሳሰይቲ ትሕዝቶን ንጥፈታትን ምስ ዝተፈላለየ ባህላውን ማሕበረሰባውን ኩነታት ከሰማምዕሉ ዝኽእሉ ኣገባባት የመላኽት።

**III. ውፅኢታዊ ኣቀራርባ ክፍለ ግዜ ምምህሃር ውሑስ ምግባር።**

- ንፁር ዕላማታት፣ ቁልፊ ንጥፈታትን መዘክር መሳሰይትን ዘለዎ ዝተዋደደ ትልሚ ክፍለ ግዜ ምምህሃር ምድላው ምኽኣል።
- መሳጢ፣ ንጡፍ መስተጋብራውን ባህላዊ ተዛመዳይነት ዘለዎም ዘተታትን ንምቕራብ ዝሕግዙ ናውትታት ምቕራብ።
- ከይዲ ምምህሃር ንምዕባይ ዝሕግዙ ምዝንታው ያታታት፣ ግደ ምፅዋትን ካልኦት ፈጠራዊ ኣገባባትን ምጥቃም ምትብባዕ።

## IV. ከይዲ ምምህሃርን ምስታፍን ሓብሐብትን ወለድን ህፃውንቲ ምድጋፍ

- ንሓብሐብቲ/ወለዲ ህፃናት ብፍልጠትን ግብራዊ ክእለትን ዘጠናኽር ትርጉም ዘለዎ ዘተ ምውዳድ።
- ንሓብሐብቲ/ወለዲ ህፃናት ብዛዕባ ኣገባብ ኣተዓባብያኦም ከስተንትኑን ኣወንታዊ ለውጢ ከምፅኡን ምትብባዕ።
- ኣብ መንጎ ሓብሐብቲ/ወለዲ ህፃናት ሓበራዊ ምምህሃርን ማሕበረሰባዊ ስምዒትን ምዕባይ።

## V. ምርግጋፅ ቐፃልነት ዘለዎ ምምሕያሽን ምኽኣል ምእካብ ግብረ መልስን

- ለውጢ ተሳተፍቲ ንምክትታልን ግብረ መልሲ ንምእካብን ዝሕግዙ ናውትታት ምቕራብ።
- መሳሰይቲ ንቐፃሊ መደብ ንምምሕያሽ ዝሕግዙ ርድኢታትን ከጋጥሙ ዝኽእሉ ብድሆታትን ክስንዱ ምትብባዕ።
- መሳሰይቲ ውፅኢታውነቶም ከውሕሱ ዓርሰ ፅብረቓን ቐፃልነት ዘለዎም ምምሃርን ከማዕብሉ ምሕጋዝ።

## 2. መምርሒ ንመሳሰይቲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ

### 2.1. ተጠቀምቲ

እዚ መምርሒ ንመሳሰይቲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ሕብረተሰብ ከም ቀዳሞት ተጠቀምቲ ኣብ ግምት ብምእታው ዝተዳለወ እዩ። እዞም መሳሰይቲ ኣብ ምስታፍ ሓብሒብቲ/ ወለዲ ህፃናትን ኣብ ውሽጢ ከባቢታት ማሕበረሰብ ትሕዝቶ ንጥፈታት ዕብየት ብሓሙሽተ ኣብ ምድንፋዕን ዝፃወትዎ ወሳኒ ግደ ኣፍልጦ ዝህብ እዩ። ንእቶም መሳሰይቲ ብኣድማዒ መንገዲ ንምድጋፍ፣ እቲ መምርሒ ንፁር ቅደም ሰዓባዊ ኣካይዳ ክፍለ ግዜታት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ንምትግባር ዝሕግዙ ኣንፈታት ዘመላኽት እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ምድላው ክፍለ ግዜ ምድማፅ፣ ኣቀራርባ ትሕዝቶ፣ ኣሳታፊ ፅምዶ ተሳተፍትን ምምችቻው ፅብረቓዊ ዘተን መምርሒ ይህብ። ከምኡ እውን እዚ መምርሒ ንፍልልይ ድሕረ ባይታን ልምድታትን መሳሰይቲ ኣብ ግምት ብምእታው ባህላዊ ተዛምዶ ዘለዎም ሕቶታት ዘተ፣ ባእታታት ምዝንታው ያታን ሕብረ ተዋፅኦ ጉጅለ ንምምሕዳርን ሓቛፊ ሃዋህው ንምፍጣርን ዝሕግዙ ግብራዊ ምኽርታትን ዘጠቓለለ እዩ።

### 2.2. ዳህሳስ መዋቕርን ትሕቶን መምርሒ መሳሰይቲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ዕብየት ብሓሙሽተ

መምርሒ መሳሰይቲ ዕብየት ብሓሙሽተ ልዑል ፅልዋ ዘለዎ ክፍለ ግዜታት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ማሕበረሰብ ዝመርሑ መሳሰይቲ ፍልፍል ኩለመዳያዊ ሃፍተፀጋ ኮይኑ ዝገልግል እዩ።እዚ መምርሒ ብቑንዲ ክፋላት ዝተሃንፀ ኮይኑ፡ ካብ መእተዊ ትሕዝቶ ዕብየት ብሓሙሽተን ቀንዲ መትከላቱን ብምጅማር ብድሕሪኡ ድልየታት መሳሰይቲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብዕምቆት ናብ ምብርህራህ ይኣትው።ብምስዓብ ሓፈሻዊ መብርህን ዳህሳስን ትሕዝቶን ኣውቓቕራን መምርሒ ይህብ።

እዚ መምርሒ ንመሳሰይቲ መይላታት ምስሳይ የጭብጥ፣ ውሑስን ንኹሉ ዝሓቁፍን ሃዋህው ንምፍጣር ዝሕግዙ ስልትታት ይድህስስ፣ ሕብረ ተዋፅኦ ጉጅለ ዋዕላ ምድማፅ ንምምሕዳር ዝሕግዙ ኣገባባት፣ ንክፍለ ግዜታት ምድላው፣ ከምኡ እውን መስተጋብራዊን ባህላዊ ምትእስሳርን ዘለዎ ትሕዝቶ ብኣድማዒ መንገዲ ንምቕራብ ዝሕግዙ ስልትታት ዝሓቆፈ እዩ።

ሕንብርቲ እዚ መምርሒ ትልምታት ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን እዮም። እዚ ትልምታት ዝተፈላለዩ መሳጢ ንጥፈታት ዕብየት ብሓሙሽተ ዝሸፍኑ ኮይኖም፣ ነፍሲ ወከፎም ንፁር ዕላማታት፣ ቁልፊ ንጥፈታት፣ ዝተዋደደ ዓምድታት ክፍለ-ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን፣ መዘኻኸሪታት መሳሰይትን ካልኦትን ኣጣሚሩ ዝሓዘ እዩ።

እዚ መምርሒ ብተወሳኺ ድሕሪ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ዝካየድ ዝርዝር ተፍተሻት፣ ከምኡ'ውን ኩለመዳያዊ መውሰኽታ ዝሓዙ ልጋባት ብምኽታት መሳሰይቲ ጥጡሕ ክይዲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብምክያድ ኩለ መዳያዊ ዕብየት ፍልመ ዕድመ ቁልነት ንምርግጋፅ ንዝገብርዎ ፃዕርታቶም ንምድጋፍን ዝሕግዙ ኣድለይቲ ሓበሬታን ፀጋታትን ዝውክስሉ እዩ።

## 2.3. ዝተቐረፁ ድምፅታትን ምስልታትን ንውፅኢታዊ ከይዲ ምስሳይ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ምጥቃም።

ኣብ እዚ መምርሒ፡ ቀልቢ ተሳተፍቲ ንምስሓብን ቁልፊ ዕላማታት ትምህርቲ ንምጥንኻርን ብጥንቃቐ ዝተመረፁን ዝተዋደዱን 15 ብድምፂ ዝተቐረፁ ትሕዝቶታት ዕብየት ብሓሙሽተ ሰሓባይ ልኡም ድምፀት፣ ንጡፍ ኣሳታፊ ህርመት ዜማ መዋዕለ ህፃናትን ባህላዊ ምዝንታው ያታታትን መሰረት ብምግባር ዝተዳለዉ ዝሓዘ እንትኾውን፣ ብተመሳሳሊ ርእዮተ ምስልታት እውን ብዝተፈላልዩ ሕብርታት ዝማዕረጉ ምስልታትን ዝተፈላልዩ ምርኢታት፣ መነፀርታ ኣምራት ንመሳስይትን ዘተታት ኣብ ምልዕዓልን ዝያዳ ዕምቆት ዘለዎ ሃዋህው ትምህርቲ ኣብ ምፍጣርን ምድጋፍን ኣብርክቶ ዘለዎም ትሕዝቶታት ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ እዮም። ነዞም ፀጋታት ዝተፈላለዩ መራኸብቲ ማዕኸናት ብምጥቃም፣ መሳሰይቲ መሃሪ ጥራሕ ዘይኮነስ ሰሓባይ ዝኾነ ክፍለ ግዜታት ከቕርቡ እዮም፡ እዚ ድማ ኣብ መንጎ ሓብሐብቲ/ወለዲ ህፃናት ዝዓሞቐ ምትእስሳርን ምዕቃብ ፍልጠትን ከዕብዩ እዮም። እዚ ኩለመዳያዊ ኣገባብ እዚ ንመሳሰይቲ ፅልዋ ዘለዎምን ተዘካርን ዝኾኑ ተመኩሮታት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ንኸፈጥሩ ዓቕሚ ዝፈጥር እዩ።

## 3. መይላታት ምስሳይ

### 3.1. ምፍጣር ውሑስን ንኹሉ ዝሓቁፍን ሃዋህው ዋዕላ ምድማፅን ዘተን

ኣብ መንጎ ተሳተፍቲ ትርጉም ዘለዎ ቃለ ምልልስ/ዘተ ንምምዕባል ውሑስን ንኹሉ ዝሓቁፍን ሃዋህው ኣገዳሲ እዩ።ስለዙይ መሳሰይቲ እዚ መደብ ኩሉ ሰብ ዋጋ ከም ዘለዎን ከም ዝስማዕን ምርግጋፅ፣ ምክብባር፣ ምስጢራውነትን ንጡፍ ተሳትፎን ዘጉልህ ንፁር መሰረታዊ ስሪታት ብምውፃእ ክጅምሩ ይግባእ። መሳሰይቲ እንኳዕ ዳሓን መፃኹም ኢሉ ዝቕበል ሃዋህው ብምፍጣር ዓርሰ ምልላይን ንቑሕ ተሳትፎ ዘረጋግፁ ንጥፈታትን ብምውህሃድ እቲ ከይዲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ከማዕብልዎ ይግባእ። እዚ ድማ ተሳተፍቲ ንኽራኸቡን ርክብ ንኽሃንፁን ይሕግዝ። ብተወሳኺ፡ ብፍላይ ኣብቶም ብጎንፂ ዝተሃስዩ ማሕበረሰብን ውልቀ ሰባትን ርኡይ ጭንቀት ኣጋጢምዎም ክኸውን ስለዝኽእል፣ ትሳትፍቲ ዘጋጠሞም ሃሰያ ኣብ ግምት ብምእታው ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ካብዚ ሃሰያ ዝውፅእሉ ጥጡሕ ዓውዲ ብምምችቻው ምልምማድ ወሳኒ እዩ።

### 3.2. ምሕደራ ሕብረ ተዋፅኦ ጉጅለ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን

መሳሰይቲ ንነፍሲ ወከፍ ትሳታፊ ሓሳቡ ዝድመፀሉን ተመጣጣኒ ተሳትፎ ክህልዉ ዝኽእል ዕድላት ብምፍጣር ሚዛናውን ኣሳታፍን ዝኾኑ ንጥፈት ክዕመሙ ከተባብዑን ከመቻችውን ይግባእ። እዚ ድማ ኣብ መንጎ ኩሎም ኣባላት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ስምዒት ዋንነት ከዕብዩ ይሕግዝ። ዝተፈላለዩ ርኢይቶታት ክለዓሉ ከለዉ፣ ሓቛፋይን ዘይሻራውን ኣንፈት ምኽታል ኣገዳሲ እዩ፡ ንምንታይስ ከምዙይ ዝበለ ከይዲ ምኽታል ሃናፂ ዝርርብን ዘተን ንምክያድ ዝኽእልን፣ ምክብባር ዝተመልኦ ሃዋህው ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ክህልዉ ስለዝግበር እዩ። ብተወሳኺ መሳሰይቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ጉጅለ ንዘሎ ዝተፈላለየ ብርክታት ትምህርቲ ንምትእንጋድ ኣብ ቅዲ ርክቦም ተዓፃፃፊ ስልቲ ክኽተሉ ኣለዎም። ንፁር ቋንቋን ሓጋዚ ሜላታትን ተጠቒሞም ኩሉ ሰብ ትርጉም ዘለዎ ተሳትፎ ክገብር ዝኽእል ሃዋህው ክፈጥሩ ይግባእ።

### 3.3. ምድላውን ምምችቻውን ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን

መሳሰይቲ ግዜ ወሲዶም ንእቲ ትሕዝቶ ክፍለ-ግዜ ኣቐዲሞም ብዕምቆት ክድህስሱዎን ምስ ዓርሶም ከዋሃህድዎን ይግባእ፣ እዚ ድማ ብዛዕባ እቲ ትሕዝቶ መምርሒ ዓሚቝ ርድኢት ክፈጥሩ ይሕግዞም። እዚ ምድላው እዚ ንሕቶታት ብርኪ ተሳትፎ ተሳተፍትን ኣቐዲሞም ክግምቱ የኽእሎም። ብተወሳኺ ተሳተፍቲ፣ ምስ ተመኩሮታት ሓብሒብትን ውለድን ህፃናት ዝሰማማዕ ባህላዊ ተዛምዶ ዘለዎም ኣብነታትን መነቓቕሒ ዘተ ንምክያድ ዝሕግዙ ተዛማድን ትርጉም ዘለዎን ዝርርብ ንምድላው ዘኽእል ዓቕሚ ከዕብዩ ይሕግዝ። ሓብሒብቲን ወለዲ ህፃናት ዝተፈላለየ ሕርያታት ትምህርቲ ክህልዎም ከም ዝኽእል ብምግንዛብ፣ መሳሰይቲ ንዝተፈላለዩ ቅዲታት ንምትእንጋድ ንጥፈታት ንምትዕርራይ ድሉዋት ክኾኑ ኣለዎም። ንኣብነት ዝድመፁ፣ ብኢድ ዝዕየዩ ተመኩሮታት፣ ብስእሊ ዝግለፁ መምህሪ ሓገዛትን ብቃል ዝግበር ዘተታትን ብምውዳድ ንኹሉ ዝሓቁፍ ክይዲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ምምችቻው ይግባእ።

### 3.4. ኣብ ምስሳይ ንዘጋጥሙ ብድሆታት ምፍታሕን ምትእንጋድን

ተኗሳሕቲ ርእስታት ወይ ዛዕባታት ዝኾኑ ውሕሉል ኣተኣላልያ ዝሓቱ እዮም።ስለዚይ መሳሰይቲ ሓላይን ምምዝዛንን ዝተሓወሶ ኣቀራርባ ክኽተሉን ተሳተፍቲ ስምዒታቶምን ተመኩሮታቶምን ዘካፍሉሉ ውሑስ ቦታ ክፈጥሩን ይግባእ። ምስ እዚይ መዕረ ማዕረ መሳሰይቲ ወሰንቲ ዝብሃሉ ቀንዲ ትሕዝቶታት ኽፍለ ግዜ ብኣግባቡ ምሽፋንን ግቡእ ኣጠቓቕማ ግዜን ኣብ ግምት ከእትዉ ይግባእ።

ስለዚ ድንገታዊ ዝርርባት መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ዝዓምቐ ርድኢት ስለ ዝመርሕ፡ ተፈጥራዊ ከይዲ ዘተታት ክፈልፍሉ እንዳገበርካ፣ ግን ድማ ኣብ ዝተመደበ ግዜ ኣገዳሲ ትሕዝቶታት ምሽፋን ኣብ ግምት ብእታው ምስሳይ ኣድላዪ እዩ። ብካሊእ መዳይ ትሑት ተሳትፎ ኣብ ዝህልወሉ እዋን መሳሰይቲ ሕቶታት ብምልዕዓል ወይ መስተጋብራዊ ንጥፈታት ብምውዳድ ንኹሉ ዝሓቁፍ መይላታት ብምጥቃም ተሳትፎ ኣብ ምትብባዕ ንጡፋት ክኾኑ ይግባእ።

### 3.5. ንጡፍ መስተጋብርን ኣሳታፍን ክፍለ ግዜታት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ምክያድ

መሳሰይቲ ዝተፈላለዩ ኣገባባት (ግደ ምፅዋት፣ ምውሳእ፣ ሕቶን መልስን፣ ዘተ ጉጅለ፣ ምዝንታው ዛንታታትን ስሪሕኻ ምርኣይን) ዝኣመሳሰሉን ብምውህሃድ ተሳትፎ ተሳተፍቲ ከዕብይሉ ዝኽእሉ ስልትታት ብምሕንፃፅ ክትግብሩ ይግባእ። እዚ ድማ ነቶም ክፍለ ግዜታት ዝያዳ ሕብረ ተዋፅኦ ዘለዎም ክግብሮም ዝኽእል ጥራይ ዘይኮነስ ንጡፍ ተሳትፎ ዘተባብዕ እዩ።

ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ካብ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓቓዊ ህይወት ዝተመርኮሱ ተመኩሮታትን ኣብነታትን ከካፍሉ ብምዕዳም፣ መሳሰይቲ ኣብ መንጎ ተሳትፍቲ ተዛማዳይነትን ርድኢትን ዝተመርኮሰ ዕምቆት ዘለዎ ምትእስሳር ክፈጥሩ ይሕግዞም። ብተወሳኺ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ህፃናት ኣብቲ ንጥፈታት ክሳተፉ ብምግባር፣ ህልው (ተግባራዊ) መርኣያ ብምጥቃም እቲ ዝድለ ባህርያት ብቐሊሉ ዘስርፅሉ ከይዲ ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ንኽልቲኦም ሓብሒብቲ/ወለድን ደቆምን ተመኩሮ ትምህርቲ ክህፍትም ይኽእል እዩ።

ብሓፈሻ እዚ ብዙሕ መልክዕ ዘለዎ ኣገባብ ኣቀራርባ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ንተሳተፍቲ ይስሕብ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ሓባራዊ ተመኩሮታትን ርድኢታትን ዝምዕብልሉ ምትሕብባር ብምፍጣር፣ ውፅኢታውነት ክፍለ ግዜ የዕቢ እውን እዩ።

### 3.6. ምትብባዕ ውፅኢታዊ ከይዲ ምዝንታው ያታታትን ዘተታትን

መሳሰይቲ ምስ ከባብን ባህሊ ማሕበረሰብን ተዛማዳይነት ዘለዎም ነበረያ ነበረታት፣ ዛንታታት፣ ኣበሃህላታት፣ መዝሙራት፣ ደርፍታት፣ ባህላዊ ሳዕሳዒታትን ፀወታትን ብምጥቃም ቀልቢ ተሳተፍቲ ዝስሕብሉን ማሕበረሰባዊ ስምዒት ዝፈጥርሉን ስልትታት ክጥቀሙ ይግባእ።

ዓሚቑ ፅብረቓ ሓሳብ ንምንቕቓሕ፣ መሳሰይቲ ተሳተፍቲ ሓሳባቶምን ስምዒታቶምን ክድህስሱን ከካፍሉን ዘተባብዑ ክፉት ሕቶታት ክሓቱ ይግባእ። እዚ ድማ ኣብ መንጎ ተሳተፍቲ ዝያዳ ሃፍታም ዝርርብ ወይ ቃለምልልስ የስፋሕፍሕ።

ብተወሳኺ ቀንድን ቁልፊ መልእኽትታት ተደጋጊምን ኣብ ሓቀኛ ሂወት ዝተመስረተ ንጥፈታት ብምውዳድ ኣቢልካ ምጭባጥን ርድኢት ምዕማቑን ይክኣል እዩ። እዚ ኣገባብ ተሳተፍቲ ሓደሽቲ ኣምራት ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ንኸወሃህዱ የተባብዕን።

ብሓፈሻ መሳሰይቲ ነዞም ልዕል ክብል ዝቐረቡ ስልትታት ብምጥቃም ተሳተፍቲ ምስ እዞም ናውትታት ዕብየት ብሓሙሽተ ዝውሃህዱሉን ዝተኣሳሰርሉን ሃዋህው ብምፍጣር ዓቅሚ ምትግባሮም ዘዕብይሉን ውፅኢታዊ ከይዲ ምዝንታው ያታትትን ዘተታትን ክፈጥሩ ይኽእሉ እዮም።

### 3.7. ክትትልን ምእካብን ግብረ መልሲ

መሳሰይቲ ኣብ ምሉእ ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ትዕዝብትን ስሩዕን ዘይስሩዕን ኣገባብ ተፍትሻትን(ከነ ተባሂሎም ዝተዳለዉ ሕቶታት ብምሕታት፣ ዝግብርዎ ንጥፈታት ብምክትታል፣ ካብ ዝሓትዎ ሕቶታት፣ ኣብ እዋን ዘተ ካብ ዘቕርብዎ ሓሳብ፣ ካብ ዘንፀባርቑዎ ኣመለኻኽታ ወዘተ.) ተጠቒሞም ብርኪ ርድኢትን ተሳትፎን ተሳተፍቲ ክዕቅኑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ዝኾነ ዘይምርድዳእ ወይ ግጉይ ግንዛበ እንተሃልዩ ንምፍታሕ ኣብ እዋኑ ምትዕርራይ ንምግባር የኽእል።

ኣብ መወዳእታ ሕድሕድ ክፍለ ግዜ ተሳተፍቲ ካብቲ ከይዲ ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ዝወሰድዎ ፅማቕ መልእኽቲ ክገልፁን ሓሳባቶም ከንፀባርቑን ዝኽእልሉ ኩነታት ብምምችቻው ካብ ትምህርቲ ዝረኸብዎ ሓሳብ ከጠናኽሩን ሓሳባት ናይ ምዝዛም ስምዒት ክሓድሮምን ምግባር ይክኣል እዩ።

ብተወሳኺ ብመንገዲ ተፍትሽ ድሕረ ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብምጥቃም ካብቲ መድረኽ ምምህሃር እንታይ ፍልጠት፣ ኣተሓሳስባን ክእለትን ከምዝጨበጡ ምዕቃን ይክኣል እዩ። እዙይ ድማ ኣብ ዝተኣከቡ ዝርዝር መዐቀኒታትን ዓይነታዊ ርኢይቶታት መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ውፅኢታውነት ክፍለ-ግዜን ንምምሕያሽ ዝግብኦም መዳያትን ምንፃር የኽእል እዩ።

# 4. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን

**4.1. እንኳዕ ደሓን መፃእኹም- ምንፃር ትፅቢታት- ምሕንፃፅ ስሪት**

**እንኽተሎም ብርኽታት ቕድም ስዓብ**

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን**

**ግዜ:-20 ደቓይቕ** **ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ:- ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ**

### 1. እንኳዕ ዳሓን መፃእኹምን ምቕራብ ሰላምታን

- ንሓብሐብትን ወለዲ ህፃናት ድምቑን ቕረበታዊ ሰላምታ ብምቕራብ ምሕዝነታዊ ርክብ ምምስራትን ሰሓቢ ሃዋህው ምፍጣርን።
- ከም መሳሰዪ/ይት ዘለካ/ኪ ግደን ሓላፍነት ብምልላይ ኣብ ምትእምማን ዝተመስረተ ድልዱል ርክብ ፍጠር/ሪ።
- ብምስዓብ ሓብሐብትን ወለድን ህፃናት ዓርሶም ከላልዩን ኣብ መንጎኦም ማሕበረውነት ክምስርቱ ግበር/ሪ።

### 2. ምንፃር ትፅቢታት

- ዕላማ፣ ኣዋድዳ፣ ኣተገባብራን ንውሓት ግዜን ናይቲ ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብንፁር ምሕባር።
- ኣገዳስነት ንጡፍ ተሳትፎ፡ ምክፋልን ተመኩሮታት ሓድሕድካ ምክብባርን ምግላፅን ምብራህን።
- ምስጢራዊነትን ድሕነትን ናይቲ ቦታ ውሑስ ብምግባር ተሳተፍቲ ብግልፂ ሓሳባቶም ዘካፍልሉን ዝሳተፍሉን ኩነታት ብምፍጣር ምቹውነት ከም ዝስምዖም ምርግጋፅ።

### 3.ምሕንፃፅ ስሪት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን

- ተሳተፍቲ ብሓባር ዝተሰማምዕሎ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብፅቡቕ ኣገባብ ንምክያድ ዝሕግዙ ስሪታት ምሕንፃፅ።
- ኣብነታት ብዘይምቁራፅ ኩሉ ግዜ ምምፃእ፣ ብኣቓልቦ ምድማፅ ፣ ተራ ብምሕላው ምስታፍ፣ ዝተፈላለየ ኣረኣእያታት ምኽባርን ምስጢር ምሕላውን ክኾኑ ይኽእሉ።
- ተሳተፍቲ ኣብ ስሪታት ምሕንፃፅ ሓሳባቶም ከበርክቱን ኣብ ምርድዳእ ክበፅሑን ምትብባዕን ናብ ሓደ ክመፁ ምግባር።
- ኣብ ኩሎም ክፍለ ግዜታት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን እቶም መሰረታዊ ስሪታት ርኡያትን ተተግበርትን ምኻኖም ምርግጋፅ።

## 4.2. ዓውደ ምትእስሳር ዕብየት ብሓሙሽተ

### 4.2.1. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 1፦ ንጥፈት 120- ብኽያት ከም መረዳድኢ

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን፦**

**ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ ግዜ፦-90 ደቓይቕ ብርኪ ዕድመ፦- (0 5 ዓመት)**

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ቆልዓይ ንምንታይ ትበኪ/ይበኪ?

**ዕላማታት ትምህርቲ**

መሳሰዪ/ይት፦-

- ሓብሐብትን ውለድን ህፃናት ምብካይ ንቡር ክፋል ዕብየት ህፃንን ድሌታቶም ዝገልፁሉ መንገዲ ምዃኑን ይርድኡ።
- ሓብሐብትን ውለድን ህፃናት ንዝበኪ ህፃን ምላሽ ዝህቡን ዘረጋግእሉን ስልትታት ይፈልዩ።
- ሓብሐብትን ውለድን ህፃናት ዝተፈላለዩ ዓይነታት ብኽያት ከለልዩን ብድሕሪኡ ዘሎ ትርጉም ይመሃሩን።
- ሓብሐብትን ውለድን ህፃናት ብቐፃሊ ንዝበኪ ህፃን ንምርግጋዕን ደገፍ ንምግባርን ዝኽእልሉ ዓቕሚ ይዕብዩ።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ኣብ ብኽያት ከም መረዳድኢ መሰረት ብምግባር ዝተቐረፀ ውሁድ (ክሊፕ) ድምፂ
- ዝተፈላለዩ ኣባኽያ ሓደ ህፃን ዝገልፁ ውሁዳት ድምፂ
- ልሙዳት ምኽንያታት ምብካይ ህፃን (ጥሜት፡ ድኻም፡ ቃንዛ ወዘተ) ዝገልፁ ስእልታት
- ንዝበኪ ህፃን ንምርግጋእ ዝሕግዙ ምኽርታትን ሜላታትን ዝሓዘ ፅሑፍ

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ብኽያት ንህፃናት ቀንዲ መሳርሒ መረዳድእን መግለፂ ድልየቶምን ኮይኑ፡ ንቡር ኣካል ከይዲ ዕብየቶም እዩ።
- ዝተፈላለየ ኣበኻኽያ ዝተፈላለየ ድሌታት( ከም ጥሜት፣ ድኻም፣ ሕማም ወይ ዘይምቹ ኩነታት) ከመልክት ይኽእል እዩ፡ ሓብሐብቲ ወይ ውለዲ ህፃናት ድማ ነዞም ብኽያታት ምስ ግዜ ምፍላዮም ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም።
- ውፅኢታዊ ሜላታት ምህዳእ ወይ ምርግጋእ (ከም ምምጋብ፣ ምርራው፣ ምድራፍ፣ ሽንቲ ቆሎዓ ምቕያር፣ ደገ ኣውፅእኻ ምንፋስ ንዝበኪ ህፃን ንምህዳእ ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም።
- ሓብሐብቲን ወለዲ ህፃን ብዘይምቑራፅ ዝበኪ ህፃን እንተጋጥሞም ክረጋግኡን ከይተጨናነቑ ብህድኣት ክሳግልዎን ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ እንተኾውን ካብ ካልኦት ደገፍ ክሓቱ ይግባእ።
- ድሕሪ ብኽያት ሓደ ህፃን ዘሎ ትርጉም ምፍላጥን ግቡእ ምላሽ ምሃብን ኣብ መንጎ ሓብሐብትን ህፃንን ዘሎ ምትእስሳር ንምጥንኻርን ጥዑይ ዕብየት ህፃን ኣብ ምርግጋፅ ክሕግዝ ይኽእል።

**ቀንዲ ንጥፈታት** **ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ**፦ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ

**ብኽያት ከም መረዳድኢ መሳርሒ ምርዳእ (30 ደቓይቕ)**

- ብኽያት ከም መረዳድኢ ብዝብል ጭብጢ መሰረት ብምግባር ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ምቕራብ (ምውላዕ) ፣ ዝተፈለለ ብኽያት ማማይ ዘርእዩ ውሁድ ድምፂ ዕሽላት ምውላዕ/ ምቕራብ።
- ሓብሐብቲን ወለዲ ህፃን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ብኽያት ከለልዩ ምትብባዕ።
- ምኽንያታት ብኽያት ማማይ (ጥሜት፡ ድኻም፡ ቃንዛ ወዘተ) ሓብሐብትን ወለዲ ህፃናትን ከመይ ጌሮም ከለልዮም ከም ዝኽእሉ ዝመሃህሩሉ ዘተ ምምችቻው።



**ምርግጋእ/ ምስጋል ዝበኪ ህፃን (35 ደቓይቕ)**

- ከም ምሕቛፍ፣ ምርራው፣ ምድራፍን ምንፋስን ዝኣመሰሉ ሜላታት ምህዳእ መርኣያ ምግባር።
- ተሳተፍቲ ንእቶም ብመርኣያ ዝቐረቡ ኣገባባት ምርግጋዕእ ክለማመዱ ምትብባዕ።

**ምምቁፅፃ ፀቕጢ ሓብሐብትን ወለድን (20 ደቓይቕ)**

- ብብኽያትን ዘይምቕሳን ህፃን ዝብገስ ምጭንናቕን ፀቕጥን ሓብሐብትን ወልድን ብምቁፅፃር ብከመይ ኣገባብ ህድእ ኢልካ ደገፍ ምርካብን ከምዝክኣል ዘልዎም ተመኩሮ ክዛተዩ ምግባር።
- ሓብሐብቲ ህፃን ኣብ ምቁፅፃር ፀቕጢ ምሕታት ደገፍን ክጥቀምዎም ዝኽእሉ ስልትታት ምፍላይን ምልምማድን።

**ምዝዛምን ምክፍፋል ሃፍተፀጋታትን (5 ደቓይቕ)**

- ምዝኽካር ቀንዲ ቀንዲ ነጥብታት እዚ ክፍለ ግዜ
- ሓብሐብትን ወለድን ኣብ ገዝኦም ከይዶም ከማዕብልዎን ክውክስዎም ዝግብኦም ናውትታት ምሕባር።

**መዘኻኸሪ ንመሳሰዪ/ይት**

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ብኽያት ብኣብዘሓ ዘማሕልፍዎ ማእኸላይ መልእኽትን ከም ኣብነት ብኽያት ጥሜት፦ ትሑት ድምፂ ዘለዎ፣ ህርመት ዝሓልውን ምስ ምምጣጥ ምንቅስቓስ ዝተዓጀበ ብኽያት እዩ።
ብኽያት ዘይምቕሳን ዘይምምቻውን (ምትርካስ /ምርሳሕ ሸንቲ ጨርቂ፣ ምኹርኳሕ፣ ሰውነት ብላዕላዕ ምባል፣ ጋዝ፣ መሰረትብ ዝግበረ ዘይምምቻው): ጭጭ ዝበለን ዕረፍቲ ዘይብሉ ብኽያት እዩ።
ብኽያት ቃንዛ (ሕማም፣ መጉዳእቲ) ልዑል ድምፂ ዘለዎ፣ ፅዑቕ ብኽያት፤።
ብኽያት ድኻም ልዕሊ ዓቐን ዝተነቓቕሐ ምብሕጫር ፣ ዕግርግር ዝመልኦ ብኽያት (ዝተዓብለለ ስምዒት)
ብኽያት ሕርቃን (ዘይተማልአ ድሌታት)፦ ዓው ዝበለን ፅዑቕን ብኽያት ምስ ዕረፍቲ
ብኽያት ምድላይ ኣቓልቦ (ምትእስሳር ምድላይ)፦ ተለዋዋጢ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ምስቁንቋን ዘለዎ ብኽያት ። ዝመሳሰሉ ፍታሕ ይሕዙ።
ሜላታት ምርግጋእ፦ምምጋብ፣ ምንፋስ፣ ከዕርፉ ምግባር፣ ወይ ሽንቲ ጨርቂ ምቕያር፣ ምሕቛፍ፣ ምሕቛፍ፣ ምርራው፣ ምዝማር፣ ወይ ሕዝካዮ ደገ ምውፃእ፣ ምፅዋት ወዘተ.

- ስልትታት ምርግጋእ፦ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ብኽያት ንምርግጋእ ዝሕግዙ ሜላታትን ዝገልፁ ስእላዊ መምርሒታት፣ ሜላታት ምርግጋእ ንምልምማድ ዝሕግዙ ውሽጣዊ ስልጠናታት፣ ሓብሐብትን ውለድትን ዝመኻኽርሉ ጉጅለታት ምኽሪ ምኽሪ ማሕበረሰባዊ ደገፍ ጉጅለታት፣ ከምኡ'ውን ንቡር ቅዲ ብኽያትን ምቁፅፃር ብስንኪ ምብኻይ ህፃን ዝፍጠር ፀቕጢ ሓብሐብትን ወለድትን ዝገልፅ ትምህርታዊ ክፍለ ግዜታት ዘጠቓልል እዩ።

**4.2.2. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 2፦ንጥፈት11- ጥምረት እዋን ምጥባው ጡብ ኣደ**

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ** **ግዜ፦90 ደቓይቕ**

**ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ** **ብርኪ ዕድመ፦ (0-2 ዓመት)**

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ብዛዕባ ፅልዋ ነዊሕ እዋን ምጥባው ጡብ ኣደ ምፍላጥ።

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሓብትን ወለድን ህፃናት፦

- ምጥባው ጡብ ኣደ ኣብ ምትእስሳርን ማሕበራዊ ዕብየትን ዘለዎ ፅልዋ ነዊሕ እዋን ይርድኡ።
- ኦክሲቶሲን ኣብ እዋን ምጥባው ጡብ ዝፍጠር ምትእስሳር ኣደን ውላድን ኣብ ምጥንኻር ዘለዎ ግደ ይፈልጡ።
- ምጥባው ጡብ ኣደ ንህፃን ኣገደስቲ ማሕበራዊ ስምዒታትን ክእለታትን ንምምዕባል ብኸመይ ከም ዝሕግዝ ይግንዘቡ።
- ካልኦት ኣባላት ስድራ ኣብቲ ናይ ምጥባው ተመኩሮ ምክፋል ዘለዎ ረብሓ ይርድኡ።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ከም መማረፂ ስልትታት ምትእስሳር እዋን ምጥባው ጡብ ዘመላኽቱ ምስልታት ወይ ስእልታት

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ምጥባው ጡብ ኣብ መንጎ ኣደን ውላድን ዓሚቝ ምትእስሳርን ጥምረትን ንኽህሉ ሰፊሕ ዕድል ይህብ።
- ኣብ እዋን ምጥባው ኦክሲቶሲን ክፍልፍል ስለዝገብር ድልዱል ስምዒታዊ ምትእስሳር ንምምስራት ይሕግዝ።
- ማማያት ኣገደስቲ ማሕበራዊ ክእለታት ከም ርክብ ዓይኒ፡ ገለፃ ገፅን ኣካላዊ ምትንኻፍን ብመንገዲ ምጥባው ይመሃሩ።
- ካልኦት ኣባላት ስድራ ኣብቲ ተመኩሮ ምጥባው ጡብ ምጥባው ምክፋል፣ ምትእስሳር ስድራ ከደልድልን ኣሕዋት ሕውስነት መንፈስ ክስምዖም ይሕግዞም።
- ምጥባው ጡብ ኣደ ሰቕታዊ ርክብ፣ ያታታት ምዝንታው፣ ነበረያ ነበረ ምንባብ ወይ ምስ እትፈትዎም ሰባት ቀለልቲ ምንቅስቓሳት ዘለዎ እዋን ክኸውን ይኽእል።

**ቀንዲ ንጥፈታት** **ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ**፦ ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ

**መእተዊ (5 ደቓይቕ)**

- ንሓብሓብትን ወለድን ህፃናት ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ብምግባር ዕለታዊ ርእሲ ዛዕባ "ምትእስሳር ምጥባው ጡብ ኣደ " ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ብምስዓብ ዕላማታት ትምህርትን ቁልፊ ንጥፈታትን ናይቲ ክፍለ ግዜ ምግላፅን ምብርህራህን።

**ሳይንሳዊ ርትዕታት ምትእስሳር ምጥባው ጡብ (15 ደቓይቕ)**

- ኩሉ ተሳታፊ በቦትኡ ምስ ሓዘ ብፅዋና ክከታተሉ ብምሕባር ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ምውላዕ።
- ኣብ መንጎ ኣደን ውላድን ዘሎ ስምዒታዊ ምትእስሳር ኣብ ምጥንኻር ግደ ኦክሲቶሲን እንታይ ከምዝመስል ዘተ ክካይድ ምግባር።
- ምጥባው ጡብ ኣደ ኣብ ህፃናት ማሕበራዊ ስምዒታት ንምግንዛብን ክእለትን ንምምዕባል ብኸመይ ከም ዝሕግዝ መብራህርህን መግለፅን ምሃብ።

**ሰሪሕኻ መርኣያን ትዕዝብትን (20 ደቓይቕ)**

- ግቡእ ኣቀማምጣን ሜላታትን ምጥባው ጡብ ኣደ ሰሪሕኻ ምርኣይ።
- ሓብሓብትን ወለድን ኣብቲ ስሪሕኻ መርኣያ ኣብ እቲ ህፃን ዝርእዩ ኣካላውን ስምዒታውን ገለፃታት ጠመተ ክገብሩ ምሕባር።
- ተሳተፍቲ ኣብ እዋን ትዕዝብቶ ኣብ ማማይ ዘርኣይዎ ማሕበራዊ ስምዒታት(ፍሽኽታ፣ቆላሕታ ዓይኒ፣ ገፃዊ ገለፃ ዝኣመሳሰሉ) ከለልዩን ክገልፁን ሕተቶም።

**ንጥፈት ምትእስሳር ስድራ (30 ደቓይቕ)**

- ሓብሐብትን ወለድን ብማእኸላይ 5 ኣባላት ስድራ መስረት ብምግባር ብጉጅለታት ብምምቃል ክቕመጡ ግበር/ሪ።
- ሓብሐብትን ወለድን ገሊኦም ከም ኣዶ፣ ገሊኦም ከም ኣቦ፣ ግሊኦም ድማ ከም ካልኦት ኣባላት ስድራ ብምኳን ግደ ክፃወቱ( ኣምሲሎም ክሰርሑ) ግበር/ሪ።
- ኣብ እዋን ግደ ምፅዋት (ምምሳል) ምጥባው ጡብ ኣደ ከም ዛንታ ምዝንታው ወይ ምንባብ፣ ምድራፍ፣ ምስሓቕ ዝኣመሰሉ መስተጋብራዊ ንጥፈታት ኣመቻችው/ዊ።
- ተሳተፍቲ ምስቲ ዘጥብው ህፃንን ካልኦት ኣባላት ስድራን ክዋስኡ ኣተባብዕ/ዒ።



**ፅብረቓን ምክፋል ሓሳብን (15 ደቓይቕ)**

- ተሳተፍቲ ካብቲ ንጥፈት ምትእስሳር ስድራ ተመኩሮኦምን ርድኢቶምን ከካፍሉ ዓድም/ሚ
- ኣባላት ስድራ ኣብቲ ናይ ምጥባው ተመኩሮ ምውፋር ዘለዎ ረብሓታት ክዛተዩ ግበር/ሪ።
- ካብቲ ክፍለ ግዜ ክጭበጡ ዝግብኦም ቀንዲ ቁምነገራት ጠቕልልካ/ኪ ኣቕርብ/ቢ።

**መጣቓለሊ (5 ደቓይቕ)**

- ንተሳተፍቲ ንዝገበርዎ ተሳትፎ ብምምስጋን ቀንዲ ዝጨብጥዎም ቁም ነገራት እቲ ክፍለ ግዜ ክዛተዩ ብምግባር ዛዝም/ሚ።

**መዘኻኸሪ መሳሰዪ/ይት**

ምጥባው ጡብ "ማሕበራዊ ሆርሞን" ኦክሲቶሲን ክፍልፍል ይገብር እዚ ድማ ማማያት ድልዱል ምትእስሳር ንኸማዕብሉ ይሕግዞም። ማማያት ኣብ እዋን ምጥባው ማሕበራዊ መግለፂ ስምዒታት ከም ቆላሕታ ዓይኒ፣ ገለፃ ገፅ፣ ቃና ድምፅን ኣካላዊ ምትንኻፍን ይመሃሩ።
ስልትታት ምትእስሳር፦ ጥንኩር ርክብ ዓይኒ ምግባር፣ ልኡም ምትንኻፍ ኣካላት ህፃን ምጥቃምን መሳጥን ዘረጋግእንን ቃና ምዝራብ። ሓብሓብቲ ወይ ወለዲ ህፃናት ዝተፈላለየ መገድታት ምትእስሳር ይፈትኑ፣ ከም ገፅ እቲ ህፃን ቀስ ኢልካ ምትንካፍ፣ "ቱሽቱሽ" ምባል ወይ ኢዶም ምሓዝ። ብተወሳኺ፣ ንእቲ ህፃን ንምህዳእን ንምስታፍን ቀለልቲ ደርፍታት ምድራፍ፣ "እንጹጹጹ" ምባል ወይ ልኡም ብዝኾነ ቃና ምዝራብ ኣብ ልምዲ ምጥባው ጡብ ምውህሃድ። ከምኡ'ውን ምስቲ ህፃን ምዝርራብ፣ መዓልታዊ ተጓንፈታት ምዝንታው፣ ዛንታታት ምክፋል ወይ ፍቕርን ሓልዮትን ምግላፅ ይግባእ። ተሳተፍቲ እውን ዓቕልን ትዕግስትን ክህልዎም ኣለዎ፣ ምኽንያቱ ክልቲኦም ኣደን ውላድን በዞም ናይ ምትእስሳር ሜላታት ምቕዋት ክኾኑን ካልኦት ኣባላት ስድራ ብምስታፍን ኣብ እዋን ተመኩሮ ምጥባው ጡብ ኣደ ንምጥንኻር ምትእስሳር ስድራ ዝያዳ ግዜ ውሲዶም ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም።
ካልኦት ኣባላት ስድራ ከም ኣሕዋትን ኣቦ/ኣዶ ሓጎታትን ኣብ ምጥባው ጡብ ምስታፍ፣ኣብ እዋን ምጥባው ጡብ ኣደ ንዝፍጠር ተመክሮ ምትእስሳር ከጠናኽር ይኽእል። ኣሕዋት ኣብ ጥቓኦም ኮፍ ኢሎም፡ ምስቲ ህፃን ቀስ ኢሎም ክራኸቡ፣ ዛንታታት ከንብቡ ወይ ድማ ቀለልቲ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ክፈጥሩ ይኽእሉ። ንሳቶም ድማ ከም ዝተሓወሱ ክስምዖም ይኽእል። ካልኦት ኣባላት ስድራ ስቕ ዝበለ ናይ ፍቕሪ ቃላት ከቕርቡ፣ ኣካላዊ ምትንኻፍ ክህቡ ወይ ፍሉይ ወግዒ ከካይዱ ይኽእሉ። እቲ ዕላማ ኣባላት ስድራ ምስቲ ህፃንን ጡብ ኣደን ዘለዎም ርክብ ከዕምቑ ዘኽእሎም ህዱእን ኣኽብሮታዊን ተሳትፎ ምትብባዕ እዩ፣

**4.2.3. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 3፦ንጥፈት 112- ምኽባርን ምድናቕን ኣፈላላይ**

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ ፦ ግዜ፦90 ደቓይቕ**

**ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ ብርኪ ዕድመ፦(3-5 ዓመት)**

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ኩሉ ሰብ ፍሉይ እዩ፣ ፍልልያትና ድማ ክኽበር ይግባእ!

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሐብትን ወለድን ህፃናት፦


- ረብሓ ማሕበራዊ ምትእስሳርን ምሕዋስን ኣንእሽተይ ህፃናት ይርድኡ።
- ፍልልያት መልክዕ፣ ባህሊ፣ ክእለትን እምነትን ክኽበር ከም ዘለዎ ይገንዘቡ
- ህፃናት ንኹሎም ሰባት ምቅባልን ፍልልያት ክኽብሩን ንምግባር ናይ ምግባር ክእለት ምዝርራብ የማዕብሉ።
- ንህፃናት ክስዕብዎ ከም መርኣያ ክኸተልዎ ዝግባእ ባህሪ ይትግብሩ።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ዝተፈላለዩ ባህሊ፣ መንነት፣ መልክዕን ውልቀሰባትን ዝሓቁፍ ኣመላኻኽታ ዝገልፁ ስእላዊ ሓገዝቲ (ንኣብነት፡ ፖስተራት፡ ምስልታት)

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ኣካል ማሕበራዊ ጉጅለ ምዃን ንህፃናት ውሑስነት፣ ምትእስሳርን ሕጉስን ክስምዖም ይሕግዞም።
- ንህፃናት ብሰንኪ ፍልልያቶም ምግላል ብሕታውነት ከም ዝስምዖምን ምትእስሳር ከቋርፁን ክገብሮም ይኽእል።
- ፍልልያት ውልቀ ሰባትን ብዙሕነትን ምኽባርን ምቕባልን ምትብባዕ ኣገዳሲ እዩ።
- ምስ ህፃናት ብዛዕባ ብዙሕነት ምዝርራብን ንኹሉ ዝሓቁፍ ባህርያት መርኣያ ምግባርን ተቐባልነት ንምምሃር ቁልፊ መንገድታት እዮም።
- ንህፃናት ንዝተፈላለዩ ውክልናታት ፍልልይን ኣብ ሓቀኛ ሂወት ኣብነታት ምጥቃምን ምቅላዕን ንእዞም ትምህርትታት የጠናኽር።
- ኣብ ህፃናት ንኹሉ ዝሓቁፍ ኣተሓሳስባ ምምዕባል ርህሩህነት፣ ምክብባርን ስምዒት ማሕበረሰብን ንኸማዕብሉ ይሕግዞም።



**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ:-ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ**

**መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ዕለታዊ ርእሲ ዛዕባ "ምትእስሳር ምኽባርን ምድናቕን ፍልያትን ብዝሑነትን" ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ረብሓ፣ ህፃናት ፍልልያት ከኽብሩን ከድንቑን ዝተሓወሱ ኮይኖም ክስምዖምን ምሕጋዝ ግለፅ/ፂ።
- ሓብሒብትን ወለድን ኣብ ንኹሉ ዝሓቁፍ ባህርያት መርኣያ ምኳን ዘለዎ ግደ ኣብራህርህ/ሂ።

**ተመኩሮታት ምክፋል (20 ደቓይቕ)**

- ኣብ ምኽባር ፍልልያት መሰረት ገይሩ ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ብምውላዕ ሓብሒብትን ወለድን ብኣቓልቦ ከዳምፁ ግበር/ሪ።
- ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ካብ ንእስነቶም ወይ ከም ወለዲ መጠን እቲ ዘዳመፅዎ መሰረት ብምግባር ናይ ገዛእ ርእሶም ተመኩሮ ብዙሕነት እንታይ ከምዝመስል ሓሳባቶም ከካፍሉ ዓድም/ሚ።
- ሓብሒብትን ወለድን ወይ ውላዶም ክሕወሱ ወይ ክግለሉ ከለዉ እንታይ ከም ዝሰምዖም ሓሳቦም ክገልፁ ግበር/ሪ።
- ሓብሒብትን ወለድን ንደቆም ንኹሉ ዝሓቁፍ ሃዋህው ኣብ ምምዕባል ዘጋጥሞም ዕንቅፋታትን ዕድላትን ክዛተዩ ግበር/ሪ።

**ስልትታት ሓቛፋይነት ምጥንኻር (30 ደቓይቕ)**

- ምስ ህፃናት ብዛዕባ ብዙሕነትን ፍልልያትን ንምዝርራብ ዝሕግዙ ምኽረ ሓሳባት ሜላታትን ኣቕርብ/ቢ።
- ኣብ ኸባቢ ገዛ ዝተፈላለዩ መርኣያታት ፍልልያትን ብዝሑነትን ንምውዳድ ዝሕግዙ ኣገባባት ሓብር/ሪ።
- ንኹሉ ዝሓቁፍ ባህርያት ንምልምማድ ፀወታታትን ኣመላኻኽታትን ዘለዎም ግደ ክዛተዩ ግበር/ሪ።
- ከም ሓብሒብትን ወለድን መጠን ንኹሉ ዝሓቁፍ ባህርያት መርኣያ ምኳን ዘለዎ ረብሓ ኣብራህርህ/ሪ።

**ፅብረቓን ትልሚ ትግበራን (20 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብትን ወለዲ ህፃናታን ኣብ ገዛ ንኹሉ ዝሓቁፍን ፍልልያት ዘተኣናግድን ሃዋሁው ንምጥንኻር ክገብርዎ ዝኽእሉ ሓደ ወይ ክልተ ፍሉያት ነገራት ከካፍሉ ሕተቶም/ሕተትዮም።
- ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ኣብ ገዛ ሓቛፋይ ትግባራት ንምፍፃም ዝሕግዙ ስልትታት ትልሚ ኣፈፃፅማ ክሕንፅፁ ግበር/ሪ።
- ሓቛፋይ ተግባት ንምትግባር ዝሓንፀፅዎ ትልምታቶም ከካፍሉን ካብቲዋዕላ ምድማፅን ዘተን ደገፍ ወይ ሓሳባት ክረኽቡን ግበር።

**ምጥቕላልን ዝቕፅል ብርክታት ምሕባርን (10 ደቓይቕ)**

- ኣብቲ ክፍለ ግዜ ዝተዘተየሎም ቀንዲ ክጭበጡ ዝግባኦም ቁም ነገራት ፀሚቑካ ግለፅ.።
- ሓብሒብትን ወለድን ንእቲ ዝርርብ ኣብ ገዛ ምስ ደቆም ክቕፅልዎ ኣተባብዕን ብዛዕባ ዝኾነ ምስቲ ኣርእስቲ ዝተኣሳሰር ቀፃሊ ተግባራት ወይ ደገፍ ንጅለታት ሓበሬታ ሃብ/ቢ

**መዘኻኸሪ መሳሰዪ/ይት**

**ምስ ህፃናት ብዛዕባ ብዙሕነትን ፍልልያትን ምዝርራብ።**
- ብዛዕባ ዝተፈላለየ ባህልታት፣ ድሕረ ባይታታትን ክእለታትን ክዛተዩ ግበር/ሪ።
- ኩሉ ሰብ ብናይ ባዕሉ መንገዲ ፍሉይ ምኳኑ ግለፅ/ፂ።
- ሕቶታት ክሓቱን ናይ ገዛእ ርእሶም ተመኩሮታት ከካፍሉ ግበር/ሪ።
- ፍልልያት ምኽባርን ዋጋ ብዙሕነት ምንፃርን።

**ምክብባርን ተቐባልነትን ፍልልያት ምትብባዕ።**
- ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ኣኽብሮታዊ ቋንቋን ባህልን መርኣያ ምግባር
- ንኻልኦት ሕያዋትን ርህሩሃትን ንኹሉ ዝሓቁፉን ክኾኑ ምምሃር።
- ተቐባልነት ዘርእዩ ኣወንታዊ ባህርያት ምጥንኻር።
- ምእንተ ኻልኦት ደው ምባልን መሓዛ ምኳንን ዘለዎ ረብሓ ምዝታይ።

**ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ንኹሉ ዝሓቁፍ ሃዋህው ምፍጣር።**
- ህፃናት ብዝተፈላለዩ ብዙሕነታት ዘመልኽቱ( መፅሓፍቲ፣ መፃወቲ፣ መራኸቢ ብዙሃን ወዘተ ከኽበቡ ምግባር።
- ህፃናት ንኹሉ ንዝሓቁፍ ንጥፈታት፣ ፀወታታትን ምድላዋትን ምቅላዕ።
- ኩነታት ሃዋሁው ትምህርቲ ንኹሎም ዝተፈላለየ ድልየት ዘለዎም ህፃናት ሓቛፊ ምኳኑ ምርግጋፅ
- ህፃናት ምስ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ ዘለዎም መዛኑኦም ክፃወቱን ክራኸቡን ምትብባዕ
- ካብ ዝተፈላለየ ባህልታት ዝመፁ በዓላትን ልምድታትን ምኽባር።

## 4.3. ዓውደ ምዝራብ ዕብየት ብሓሙሽተ

### 4.3.1. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 4 1:-ንጥፈት 10- ሓቢርካ ምድራፍ ወይ ምዝማር

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ :- ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ:-** ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ

**ግዜ:-** 90 ደቓይቕ **ብርኪ ዕድመ:-** (1.5-3 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ደርፊ ንዕብየት ቋንቋ ንምጥንኻርን ኣብ ህፃናት ዝፍጠር ፀቕጢ ንምንካይን ክሕግዝ ከም ዝኽእል ትፈልጡ ዶ?

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት፡-

- ደርፊ ኣብ ንኣንእሽተይ ህፃናት ብኸመይ ንዕብየት ቋንቋ ከጠናኽር ከም ዝኽእል ይርድኡ።
- ደርፊ ኣብ ምንካይ ፀቕጢን መዓልታዊ ልምድታት ህፃናት ኣብ ምምችቻውን ዘለዎ ግደ ይፈልጡ።
- ንህፃናት ምስ ባህላዊ ድሕረ ባይታኦም ንምትእስሳር ባህላዊ ደርፍታት ምድራፍ ዘለዎ ዋጋ የድንቑ
- ህፃናት ኣብ መስተጋብራዊ ንጥፈታት ደርፊ ንምውፋር ክእለቶም የማዕብሉ።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ንዝተፈላለየ ዕድመ ህፃናት ዝምጥን፣ መስተጋብራዊ ደርፍታት (ባህላውን ዘመናውን)
- ንእቲ ደርፊ ዘሰንዩ መሳርሒታት ወይ ናውት ሳዕስዒት (ንኣብነት ነፀላ፣ሻሽ፣ መቐነት)
- ተሳተፍቲ ንኽንቀሳቐሱን ኣብ ንጥፈታት ደርፊ ንኽሳተፉን ዝሕግዝ ምቹው ቦታ

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ደርፊ ንህፃናት ንዝተፈላለዩ ድምፀታት፣ ቃላትን ቅዲ ኣዘራርባን ብምቅላዕ ክእለት ቋንቋ ንኸማዕብሉ ይሕግዞም
- ደርፊ ንህፃናት ዘረጋግእ ፅልዋ ክህልዎምን ምስ ኣገዳሲ መዓልታዊ ልምድታት ንኽላመዱ ክሕግዞምን ይኽእል።
- ደርፊ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትን ልምድታትን ምውዳድ፣ ትምህርቲ ቋንቋ ህፃናት ዝያዳ መሳጥን ባህ ዘብልን ክገብሮ ይኽእል።
- ኣብ እዋን ፅምብልን ምስ ኣባላት ስድራን ባህላዊ ደርፍታት ምድራፍ ባህላዊ ምትእስሳርን ስምዒት ተሓዋሳይነትን ከደልድል ይኽእል።
- ህጻናት ብተግባራት፡ ምንቅስቓሳትን ጣቕዒትን ኣቢሎም ኣብ ደርፊ ብንጥፈት ክሳተፉ ምትብባዕ ንእቲ ተመኩሮ ትምህርቲ ንምጥንኻር ይሕግዝ።
- ምስህፃናት ሓደሽቲ ደርፍታት ምፍጣር ፈጠራ ንምዕባይን ክእለት ቋንቋኦም ዝያዳ ንምምዕባልን ዝሕግዝ መንገዲ እዩ።

**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ**

**መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ዕላማ እቲ ክፍለ ግዜ ንሓብሒብትን ወለድን ምልላይ።
- ዕለታዊ ርእሲ ዛዕባ "ሓቢርካ ምድራፍ ወይ ምዝማር" ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ደርፊ ንዕብየት ቋንቋ ኣንእሽተይ ህፃናትን ስምዒታዊ ፅቡቕ ሂወትን ዘለዎ ረብሓ ግለፅ/ፂ።

**መነቓቕሒ ደርፊ (5 ደቓይቕ)**

- ንጉጅለ ብፍሉጥን ተስፋ ዝህብን ደርፊ ብቐሊል ግጥምን ተግባራትን ምራሕ/ሒ
- ሓብሒብቲ ወይ ወለዲ ክደርፉን ክንቀሳቐሱን(ከጣቕዑ፣ ክለሃዩ፣ ) ኣተባብዕ ግን ፍፁም ድልየት ንዘይብሎም ኣይተገድድ/ዲ። ብምዕዛብን ብምድናቕን ክሳተፉ ኣላዓዕል/ሊ።

**ንቑሕ ተሳትፎ ንጥፈታት ደርፊ (20 ደቓይቕ)**

- ሓድሽን ቀሊልን ደርፊ ምስ ሳዕሶዒቱን ኣካላዊ ምንቅስቓሳቱን ብምውዳድ ምሃር/ሪ።
- ህፃናትን ሓብሒብትን ንእቲ ደርፊ ብሓባር ክደርፍዎን ክዋስኡን ኣተባብዕ።
- ንእቲ ተመኩሮ ደርፊ ንምዕጃብ ዝሕግዙ ናውትታት ከም ነፀላ፣ ሻሽ፣ መቖነትን ኣቕርብ/ቢ።
- ኣብ መዓልታዊ ልምድታት ደርፊ ከም መረጋግእን መዘናግዕን ንምጥቃም ልስሉሳትን ርግእ ዝበሉ ሰሓብቲ ደርፍታት ከመይ ምጥቃም ከምዝክኣል ግለፅ/ፂ።

**ናይ ባዕልኹም ደርፊ ፍጠሩ ወይ ፍሉጥ ደርፊ ሕረዩ( 20 ደቓይቕ)**

- ንሐብሓብትን ህፃናትን ናብ ንኡሳት ጉጅለታት ክመቓቕሉ ግበር/ሪ።
- ዝፈትዎን ወይ ውሽጣዊ ስምዒቶም ዝገልፀሎም ናይ ባዕሎም ሓዱሽ ደርፊ ክምህዙ ወይ ካብ ዘለዉ ፍሉጣት ድርፍታት ክሓርዩ ግበር/ሪ።
- እተን ጉጅለታት ደርፍታተን ብሳዕሶኢት ኣሰንየን ን ሓበራዊ ጉጅለ ከቕርባ ግበር/ሪ።

**ፅብረቓን ክጭበጡ ዝግባኦም ቀንዲ ነጥብታትን (10 ደቓይቕ)**

- ተሳተፍቲ ብሓባር ብምድራፍ ዝረኸብዎ ተመኩሮ ዘተ ከካይዱ ኣመቻችው።
- ተሳተፍቲ ምስ ህፃናት ሓቢርካ ምድራፍ ዝህቦ ረብሓ ዘለዎም ሓሳብ ከካፍሉ ግበር/ሪ።



**መዘኻኸሪ ንመሳሰዪ/ይት**

**ረብሓታት ደርፊ**

**ምስ ህፃን ሓቢርካ ምድራፍ ኣብ ዕብየታውን ማሕበራዊ ስምዒትን ፃናት ዘለዎ ረብሓታት**

- ካብ መጀመርትኡ ኣትሒዙ ንዕብየት ቋንቋን ግንዛበ ድምፅን ህፃናት ይሕግዝ።
- ከም ምዝካርን ምልላይ ቅዲ ኣደማምፃን ዝኣመሰሉ ፍልጠታትን ክእለታትን የዕቢ።
- ምቁፅፃር ስምዒትን ዓርሰ-ምግላፅን የጠናኽር።
- ማሕበራዊ ርክብን ስምዒት ማሕበረሰብን የዕቢ።
- ምንቅስቓስን ምውዳድን ኣካላዊ ንጥፈታት ንምምዕባል ይሕግዝ።
- ዓርሰ-ምትእምማንን ኣወንታዊ ርእሰ-ምስልን የዕቢ።

**ምስ ህፃናት ሓቢርካ ምድራፍ ብኸመይ ንዝተፈላለዩ ዕብየት ይሕግዝ**

**ዕብየት ቋንቋ**

- ንህጻናት ንሓድሽ ፍልጠት ቃላትን ኣወቓቕራ ሓረጋትን ብምቅላዕ።
- ግንዛበ ድምፅን ኣገባብ ምድማፅን ብምጥንኻር።
- ህፃናት ኣወፃፅኣ ድምፅን ኣዘራርባን ንኽለማመዱ ብምሕጋዝ።

**ህንፀት ማሕበረሰብ**

- ማሕበረ ሰባዊ ምትእስሳርን ግደኻ ምውፃእን ወይ ምውፋይን የተባብዕ።
- ስምዒት ዋንነትን ጉጅላዊ(ሓበራዊ) መንነትን የስፋሕፍሕ።
- ሓበራዊ ተመኩሮን ስምዒታዊ ምትእስሳርን የቃልጥፍ።

**ዓርሰ ምግላፅ**

- ህፃናት ብፈጠራ ስምዒቶም ንኽገልፁ ኣንፈት ይህብ።
- ስምዒታዊ ትምህርትን ዓርሰ-ምቑፅፃር(ምምሕዳር) የዕቢ።
- ዓርሰ ምትእምማን ኣወንታዊ ዓርሰ ግንዛበ ይሃንፅ።

**4.3.2. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 5፦ንጥፈት 33- ምስኣል ስምዒታት**

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ** **ግዜ**፦90 ደቓይቕ

**ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ**፦ ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ **ብርኪ ዕድመ**፦(3-5 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ውላድካ/ኪ ቃላት ክጥቀም(ክዛረብ) ኣብ ዘይክእሉ እዋን እንታይ ክብል ከምዝደለይ ተረዳእ/ኢ።

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሐብትን ወለድን ህፃናት፦

- ህፃናት ግንዛበን ምግላፅን ስምዒት ንኽማዕብሉ ምሕጋዝ ዘለዎ ረብሓ ምርዳእ
- ምምሃር ምልላይን ምግላፅን ስምዒታት ንጥዑይ ምዕባለ ሓንጎል ክድግፍ ከም ዝኽእል ይግንዘቡ
- ህፃናት ብዛዕባ ስምዒታትን ኣካላዊ መግለፅታቶምን ኣብ ዝርርባት ንምውፋር ስልትታት የማዕብሉ።
- ህፃናት ስምዒታቶም ብስእልን ካልእ ፈጠራዊ ንጥፈታትን ክገልፁ የተባብዑ። ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- መሳርሒ ስነ-ጥበብ ዝኾኑ (ንኣብነት፡ መቕብኢ፣ እርሳስ፣ ወረቐት)
- ዝተፈላለዩ ስምዒታት ዝገልፁ መፃሕፍቲ ህፃናት ወይ ስእላዊ መግለፅታት
- ኣብነታት ስምዒት መሰረት ዝገበረ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ወይ ንጥፈታት።

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ስምዒታት ምልላይ፣ ምስያምንን ምግላፅን ምምሃር ንዕብየትን ዓርሰ ምግላፅን ህፃናት ወሳኒ እዩ።
- ስምዒታቶም ከረድኡ ዘይክእሉ ህፃናት፣ ከም ምውቃዕ ወይ ምርጋሕ ዝኣመሰሉ ዘይግቡእ ባህርያት ክጥቀሙ ይኽእሉ።
- ምስ ዝተፈላለዩ ስምዒታት ዝተኣሳሰሩ ኣካላዊ ስምዒታት ምርዳእ (ንኣብነት፡ ክሓርቕ ከሎ ንሁር ውቅዒት ልቢ(ምህንባፅ) ክሓዝን ከሎ ማይ ዝመልአ ኣዒንቲ) ንህፃናት ስምዒታቶም ብዝበለፀ ንኽርድኡን ንምግላፅን ክሕግዞም ይኽእል።
- ህፃናት ስእላዊ ውክልና ስምዒታት ክስእሉ ወይ ክፈጥሩ ምትብባዕ ንዓርሰ-ገለፃን ምግላፅ ስምዒቶምን ንምምዕባል ዝሕግዝ ሓደ መሳርሒ ክኸውን ይኽእል።
- ኣብ ውሽጢ ስድራ ንዘሎ ስምዒታት ምዝታይ፣ ናይ ሓባር ቋንቋ ምምስራት፣ ኣብ ግልፅነት ዝተመስረተ ርክብን ምፍታሕ ጎንፅታትን ከቃልል ይኽእል።
- ንህፃናት ብዛዕባ ስምዒታቶም ኣብ ምዝራብ ክሳተፉን ፈጠራዊ መግለፂ ዕድላት ምሃብን ጥዑይ ምዕባለ ሓንጎልን ስምዒታዊ ብልሕን ክድግፍ ይኽእል።

**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ:-ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን "ምስኣል ስሞዒታት" ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ዕላማ እቲ ክፍለ ግዜ ንሓብሒብትን ወለድን ምፍላጥ።
- ህፃናት ግንዛበ ምግላፅ ስምዒታት ንኽማዕብሉ ምሕጋዝ ኣገዳሲ ምኳኑ ኣብራህርህ/ሂ።
- ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ስምዒታዊ ምዕባለ ህፃናት ኣብ ምድጋፍ ዘለዎም ወሳኒ ግደ ግለፅ/ፂ።

**ምርዳእ ስምዒታት (20 ደቓይቕ)**


- ኣብ ምርዳእ ስምዒታት ህፃናት መሰረት ገይሩ ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ምውላዕ።
- ትርጉም ግንዛበ ስምዒታት ኣብ ኩለመዳያዊ ዕብየት ህፃናት ብመንፅር እቲ ዘዳመፅዎ ውሁድ ድምፂ ክዛተዪ ግብር/ሪ።
- ግንዛበ ስምዒት ኣብ ባህርያት፣ ማሕበራዊ ርክባትን ጥዑይ ምዕባለ ሓንጎልን ዘለዎ ፅልዋ ግለፅ/ፂ።
- ንህፃናት ብዛዕባ ስምዒታቶምን ድልየታቶምን ኣብ ምዝራብ ንምስታፍ ዝሕግዙ ስልትታት ኣካፍል/ሊ።

**ኣሳታፊ ንጥፈታት ትምህርቲ (30 ደቓይቕ)**

- ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ብተግባር ዝስራሕ ንጥፈታት ምምራሕ ዝተፈላለዩ ስምዒታት ብስእሊ ኣቢሎም ክገልፁን ምግባር።
- ህፃናት ብዛዕባ ስምዒታቶም ክዛረቡ ብኸመይ ምግባር ከምዝክኣል መምርሒ ምሃብ።
- ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ምስ ምድጋፍ ምግላፅ ስምዒታት ህፃናት ዝተኣሳሰር ተመኩሮታቶምን ብድሆታቶምን ከካፍሉ ምትብባዕ።

**ምልላይ ስምዒትን ምሃብ ምላሽን (20 ደቓይቕ)**

- ግደ ምፅዋት (ኣምሲልካ ምስራሕ) ብምጥቃም ሓብሒብቲ ስምዒታት ህፃናት ምልላይን ምላሽ ምሃብን ክለማመዱ ምግባር።
- ስምዒታት ህፃናት ቅኑዕ ብዝኾነ መንገዲ ንምግላፅ ዝሕግዙ ውፅኢታውያን ሜላታት መሰረት ዝገበረ ዘተ ከካይዱ ምግባር።
- ህፃናት ስምዒታቶም ንምግላፅ ውሑስን ደጋፍን ሃዋህው ዝፈጥሩሉ መንገድታት ሓሳብ ምሃብ።



**ምፍጣር ስምዒታዊ ምትእስሳር (15 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ምግላፅ ስምዒታት ጭብጢ ዘለዎም ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ወይ ምስ ደቆም ዝትግብርዎም ንጥፈታት ኣብ ምፍጣር ምሕጋዝ።
- ምስ ህፃናት ስምዒታዊ ምትእስሳር ንምጥንኻር ፈጠራዊ ስራሕቲ ምጥቃም ዘለዎ ዋጋ ምብራህ።
- ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ምስ ደቆም ኣብ ዝገብርዎ መዓልታዊ ርክባት ስምዒታዊ መግለፅታት ዝጥቀምሉ መንገዲ ክገልፁ ምትብባዕ።

**ፅብረቓን ትልሚ ትግበራን (15 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብቲ ካብ እቲ ዝቐረበ ልምምድን ንፍፈታትን ዝረኸብዎ ርድኢት ከካፍሉ ምግባር።
- ሓብሒብቲ ኣብ ገዛ ግንዛበ ምግላፅ ስምዒታዊ ንምጥንኻር ዝሕግዙ ውልቀ ትልሚ ትግበራ ኽዳልዉ ምግባር።

**መዘኻኸሪ ንመሳሰዪ/ይት**

**ህፃናት ስምዒታት ክገልፁ ዝኽእሉሉ መገድታት**

- ብቓላት – ስምዒቶም ምስያም፣ ምግላፅ፣ ምዝራብ
- ብኣካል – ገለፃ ገፅ፣ ኣካላዊ ቋንቋ፣ ከምኡ'ውን ኣካላዊ ቆላሕታ ዓይኒ
- ብስነ–ጥበባዊ ኣገባብ – ምስኣል፣ ምቕባእ፣ ምቕራፅ፣ ወይ ካልእ ስእላዊ ውክልና ምፍጣር
- ብፈጠራዊ መንገዲ – ብድራማዊ ፀወታ፡ ዛንታ ምዝንታው ወይ ምህዛዊ ንጥፈታት
- ብባህርያዊ መንገዲ – ብፀወታ፡ ብርክባት ወይ ብተግባር ምውሳእ

**ብስእሊ ኣቢልካ ስምዒታት ንምግላፅ ዝሕግዙ ሜላታት**

- ዝተፈላለዩ ስምዒታት ንምውካል ገፅ ምስኣል (ንኣብነት፡ ዝተሓጎሰ፣ ዝሓዚነ፣ዝሓረቐ ገፅ ሰብ ብምስኣል)
- ሕብርታትን መስመራትን ቅርፅታትን ተጠቒምካ ስምዒታዊ ብምውካል።
- ስምዒታዊ ተመኩሮታት ወይ ኩነታት ብስእሊ ኣቢልካ ምቕራብ
- ኣብ ስእልታት ከም ዓቐን፣ ኣቀማምጣን ፃዕቒ፣ ብዝሒን ዝኣመሰሉ ገለፅቲ ባእታታት ብምውዳድ።
- ድሕሪ ስእሎም ዘሎ ትርጉምን ስምዒታትን ክገልፁ ብምግባር።
- ኣብ ናይ ዓርሶም ስእልታት ምስ ናይ ካልኦት ብምንፅፃር ስምዒቶም ክገልፁ ብምግባር።

### 4.3.3. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 6፦ንጥፈት 56- ምውጋዕ ማማይ

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ** **ግዜ፦90 ደቓይቕ**

**ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦** ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ **ብርኪ ዕድመ፦** (0-1 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ረብሓታት ምውጋዕ ማማይ

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሐብትን ወለድን ህፃናት፦

- ምላሸ ዝህብ ርክባት ኣብ ዕብየት ማሕበራዊ ስምዒታት ማማይ ዘለዎ ረብሓ ይርድኡ።
- "ምውጋዕ ማማይ" ኣብ ምጥንኻርን ምልማድን ቋንቋን ኣብ ምህናፅ ድልዱል ዝምድና ወለድን ውላድን ዘለዎ ረብሓ ይፈልጡ።
- ማማያት፣ ኣብ ዝተፈላለዩ መዓልታዊ ንጥፈታትን ኣብ ገፅ ንገፅ ርክብን ንምስታፍ ዝሕግዙ ስልትታት የማዕብሉ።
- ሓብሐብቲ ንዕብየት ማሕበራዊ ስምዒታት ማማይ ንምድጋፍ ኣባላት ስድራን ማሕበረሰብን የሳተፉ። ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር።

**ዘድልዩ ናውትታት**

ባህርያት "ናይ ህጻን ዘረባ" ዘርእዩ ምስልታት፣ቪድዮታት፣ ፅሑፋት (ንኣብነት፡ ዝተጋነነ መግለፂ ገፅ፣ ዝተፈላለየ ድምፅን ቃናን)

ኣብነታት፣ ንማማያት ንምስታፍ ዝሕግዙ ምስ ዕድመ ዝሰማምዑ ደርፍታት፣ ቅኒታት ወይ ኣሳተፍቲ ፀወታታት

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ማማያት ብተፈጥሮኦም ማሕበራዊ ኮይኖም ምስ ወለዶምን ኣለይቶምን ኣብ ዝገብርዎ ምላሸ ዝህብን ዝሕብሕብን ርክባት ዕብየቶም ይቀላጠፍ።
- "ምውጋዕ ማማይት ": ብዝተጋነነ ገፃዊ መግለፂ፣ ዝተፈለለየ ድምፅን ቃናን፣ ከምኡ'ውን ተደጋጋሚ ድምፅታትን ዝልለ ኮይኑ፡ ማማያት ቋንቋን ማሕበራዊ ክእለትን ንኽማዕብሉ ይሕግዞም
- ማማያት ኣብ ገፅ ንገፅ ርክብ ምስታፍን ማማይ ንምርድዳእ ዝገብሮ ፈተነታት ምላሸ ምሃብን (ንኣብነት፡ ምዝራብ፡ ምጉርምራም) ስዒቡ ዝመፅእ ማሕበራዊ ርክባት የጠናኽር። ንመስርሕ ማሕበራዊ ምትእስሳር ማማይ ኣብ ምድጋፍ ሰፊሕ ስድራን ማሕበረሰብን ምውፋር፣ ስምዒታውን ማሕበራውን ዕብየት ህፃን ከማዕብል ይኽእል።
- "ምውጋዕ ማማያት"ን ኣሳታፊ ንጥፈታትን ኣብ መዓልታዊ ልምድታት (ንኣብነት ምምጋብ፡ ምሕፃብ፡ ምፅዋት) ምውዳድ፣ ማማያት ክእለት ማሕበራዊ ርክቦም ኽለማመዱን ከማዕብሉን ክሕግዞም ይኽእል።
- ማማያት ኣብ ማሕበራዊ ርክባት ንኽዋፈሩን ካብ ሓብሀብትን ወለድን ምላሸ ዝህብ ግብረ መልሲ ንኽረኽቡ ዕድላት ምፍጣር ንጥዑይ ስምዒታውን ኣእምሮኣውን ምዕባለ መሰረት የቐምጥ።

**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ**

**መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሐብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን “ምውጋዕ ማማይ” ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ዕላማ እቲ ክፍለ ግዜ ንሓብሐብትን ወለድን ምፍላጥ።
- ረብሓ ማሕበራውን ስምዒታውን ዕብየት ማማያት ምብርህራህ።

**ምርዳእ ርክብ ማማያት (15 ደቓይቕ)**

- ርክባት ማማይ መሰረት ገይሮም ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ምውላዕን ተሳትፍቲ ብኣቓልቦ ከዳምፁ ምግባር።
- ማማያት ኣብ ማሕበራዊ ርክባት ንኽሳተፉ ዘለዎም ተፈጥሮኣዊ ዝንባለታትን ካብቲ ውሁድ ድምፂ ዝረኸቦ ትምህርትን ክዛተዩ ምግባር።
- ባህርያት "ዘረባ ማማይ " ግለፅ/ፂ። (ንኣብነት፡ ዝተጋነነ ገፃዊ መግለፂ፣ ዝተፈላለየ ድምፅን ቃናን)
- "ምውጋዕ ማማያት" ኣብ ምጥንኻር ምልማድን ቋንቋን ድልዱል ዝምድና ወላድን ውላድን ኣብ ምህናፅን ዘለዎ ረብሓታት ምብርህራህ።

**ኣሳታፊ ሰሪሕኻ ምርኣይ (20 ደቓይቕ)**

- ኣብነታት "ምውጋዕ ማማይት " መርኣያ ብምግባር ሓብሐብትን ወለድን ክንዲ ማማይ ጨርቂ ብምጥቕላል፣ ባንቡላ፣ ቃንጫ መርዓትን ዝመሳሰሉን ብምጥቃም ሰሪሖም ክርእዩ ምግባር።
- ሓብሐብትን ወለድን ፃናት ምስ ማማይ ገፅ ንገፅ ርክብ ክገብሩ ምዕዳምን ንእቲ ኽረዳድኡ ዝገብርዎ ፈተነታትን ምላሽ ምሃብ።
- ሓብሐብትን ወለድን "ምውጋዕ ማማይት"ን ኣሳታፊ ንጥፈታትን ኣብ መዓልታዊ ልምድታት ንምውዳድ ዝሕግዙ መምርሕታት ምሃብ።

**ተሳትፎ ስድራቤትን ማሕበረሰብን (25 ደቓይቕ)**

- ግደ መላእ ስድራቤትን ማሕበረሰብን ኣብ ምድጋፍ ማሕበራውን ስምዒታውን ዕብየት ማማይ ምዝታይ።
- ኣብ ንጥፈታት "ምውጋዕ ማማይ" ሓብሐብቲ፣ ወለዲ፣ ኣቦ/እኖ ሓጎታትን ኣሕዋትን ካልኦት ኣባላት ስድራን ንምስታፍ ዝሕግዙ ስልትታት ከካፍሉ ምትብባዕ።
- ኣብ ውሽጢ ስድራን ሕብረተሰብን ንማማያት ደጋፊ ሃዋህው ንምፍጣር ዝሕግዙ ሓሳባት ምግላፅ።



**ልምምድን ፅብረቓን (20 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብትን ወለድን ማማያት ኣብ "ምውጋዕ ማማይ" ኣብ ምስታፍ ዘለዎም ተመኩሮታትን ብድሆታትን ከካፍሉ ዓድም/ሚ።
- ኣብዚ ርክባት እዚ ኣብ ማሕበራውን ስምዒታውን ምላሽ ውሉዳቶም ዝተዓዘብዎ ለውጢ ዝምልከት ዘተ ምስላጥ።
- ኣብ ገዛ " ምውጋዕ ማማይት " ንምቕፃልን ንምልምማድን ዝሕግዙ ሃፍተፀጋታትን ሓሳባትን ምሃብ።

**ምጥቕላልን ሕቶን መልስን (10 ደቓይቕ)**

- ካብቲ ክፍለ ግዜ ዝተረኸበ ቁልፊ ትምህርቲ ምግምጋምን ትርጉም "ምውጋዕ ማማይ" ኣብ ዕብየት ማማይ ምብርህራህን።
- ብሓብሒብትን ወለድን ዝለዓሉ ዝኾኑ ይኹኑ ሕቶ ወይ ስክፍታታት ምምላስን ምርድዳእን ምክያድ።
- ብሓብሒብትን ወለድን "ምውጋዕ ማማይ" ኣብ መዓልታዊ ልምዶም ምስ ውላዶም ዝትግብርሉ መንገድታት ምድህሳስ ክቕፅሉ ምትብባዕ።

**መዘኻኸሪ መሳሰዪ/ይት**

**ኣብነታት ውፅኢታዊ ሜላታት ምውጋዕ ማማያት**

- ዝተፈላለየ ቃና፣ ድምፅን ድምፀትን
- ገላፂ ገፃዊ መግለፅን
- ድምፃዊ ግብረ መልሲ ምሃብ
- ሰሓቢ ኣካላዊ ምንቅስቓሳትን ኣካላዊ ቋንቋን
- ዘንታዊ ምንቅስቓስ

**1. ንዕብየት ህፃን ኣብ ምድጋፍ ግደ ምውጋዕ ማማይ ዝምልከት ዘተ ምምችቻው**

- ማሕበራውን ስምዒታውን ክእለት የዕቢ።
- ክእለት ርክብን ቋንቋን የማዕብል።
- ኣእምሮኣዊ ዕብየት የሳልጥ።
- ምትእስሳር ወላድን ውላድን የጠናኽር።
- ሓፈሻዊ ፅቡቕ ሂወት ህፃን ይድግፍ።

**2. ንማሕበራውን ስምዒታውን ዕብየት ሓደ ህፃን ኣብ ምድጋፍ ምሉእ ስድራ ምውፋር ኣገዳሲ ምዃኑ ዝምልከት ዘተ ምምራሕ**

- ንህፃን ዝሰፍሐ ዓውድታት ደገፍ ይፈጥር።
- ዝተፈላለየ ምትእስሳርን ኣረኣእያን የኽእል።
- ስምዒት ዋንነት ህፃን የጠናኽር።
- ሓበራዊ ሓላፍነትን ተሳትፎን የስፋሕ።
- ስልትታት ምስ ባህላዊ ኩነታት ንምትዕርራይ ይሕግዝ።
- ኣንእሽተይ ህፃናት ኣብ ማሕበራውን ስምዒታውን ዕብየት እቲ ማማይ ኣበርክቶ ክገብሩ የኽእሎም።

**ረብሓታት ብመንገዲ "ምውጋዕ ማማይ" ዝውሃብ ግብረ መልሲ ገፅ ንገፅ ርክባት**

- ማሕበራውን ስምዒታውን ዕብየት ይድግፍ።
- ክእለት ቋንቋን ርክብን የዕቢ።
- ንኣእምሮኣዊ ዕብየት የተባብዕ።
- ምትእስሳርን ጥምረትን የዕቢ።
- ሓፈሻዊ ፅቡቕ ሂወት ህፃን የጣጥሕ።

## 4.4 ዓውደ ማሕበረሰብ ዕብየት ብሓሙሽተ

### 4.4.1.. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 7፡-ንጥፈት 46- ሕያዋይ/ቅኑዕ ምኳን

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ**

**ግዜ**፡-90 ደቓይቕ **ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ**፡- ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ

**ብርኪ ዕድመ**፡-(3-5 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ፅቡቕ ክስመዐካ/ኪ ፅቡቕ ግበር/ሪ!

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት፡-

- ኣምር ሓሳብ ሕያዋይነትን ኣብ ምህናፅ ሓብሓቢ ማሕበረሰብ ዘለዎ ረብሓን ይርድኡ።
- ኣብ ኣንእሽተይ ህፃናት ምምዕባል ሕያዋይ ባህርያት ንዓርሶም ይኹን ንኻልኦት ዘለዎ ረብሓ ይፈልጡ።
- ንህፃናት ኣብ ህያዋይነት፣ ልግስን ማሕበራዊ ተግባራትን ዘተባብዕ ዘተን ንጥፈታትን ንምስታፍ ዝሕግዙ ስልትታት የማዕብሉ።
- ህፃናት ብመርኣያን ማንዛዊ ምምህሃርን ኣቢሎም ሕያዋይ ባህርያት ክለማመዱን ክላበስዎን የተባብዑ።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ተግባራት ሕያዋይነትን ፅልውኡን ዘርእዩ ስእልታት

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ሕያዋይነት ንሓልዮትን ደጋፍን ማሕበረሰብ ኣበርክቶ ዝገብሩ ዝተፈላለዩ ባህርያት ከም ምሕጋዝ፣ ምሕላይ፣ ምክፋልን ልግስን ዘጠቓልል እዩ።
- ኣገዳስነት ሕያዋይነት ዝዕዘቡን ዝመሃሩን ህፃናት ሓላይን ሕያዋይን ኣባፅሕ ኮይኖም ክዓብዩ ተኽእሎኦም ዝለዓለ እዩ።
- ብዛዕባ ኣምር ሕያዋይነት ምስ ህፃናት ምዝታይ፣ እንታይ ማለት ምኳኑን ንሰባት ከመይ ከም ዝስምዖምን ሕያዋይ ባህርያት ንኽቕበሉን ንኽለማመዱን ከተባብዖም ይኽእል።
- ህፃናት ይቕረ ዝብሉን ሓገዝቲን ኣብ ስምዒታት ካልኦት ተገዳስነት ከርእዩን ምትብባዕ፡ ምዕባለ ሕያዋይነትን ማሕበራዊ ክእለትን ከዕቢ ይኽእል።
- ህፃናት ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመርኮሰ ንጥፈታት ወይ ሕያዋይነት ዘተባብዑ ናይ ኣገልግሎት ፕሮጀክትታት ምስታፍ፣ ኣወንታዊ ፅልዋ ተግባራቶም ንኸማዕብሉ ተግባራዊ ዕድላት ክፈጥር ይኽእል።
- ንሕያዋይ ባህርያት መርኣያ ምግባር፣ ኣወንታዊ ግብረ መልሲ፣ ስድራቤታዊ ዘተን ዋጋ ሕያዋይነት ዘቃልሑ መራኸቢ ብዙሃን ምቕላዕን ንህፃናት ባህርያት ሕያዋይነት ክላበሱ ይሕግዞም።
- ኣብ ውሽጢ ስድራን ሕብረተሰብን ባህሊ ሕያዋይነት ምዕባይ ኣብ ሓፈሻዊ ፅቡቕ ሂወት፣ ምትእስሳርን ማሕበረሰባውን ኣበርክቶ ይገብር።

**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ**

**መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን "ሕያዋይ ምኳን" ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ዕላማ እቲ ክፍለ ግዜ ንሓብሒብትን ወለድን ምፍላጥ።
- ኣብ ኣንእሽተይ ህፃናት ሕያውነት ምዅስኳስ ሓላፉ ማሕበረሰብ ኣብ ምህናፅ ዘለዎ ኣገዳስነት ግለፅ/ፂ።

**ምርዳእ ሕያውነት (20 ደቓይቕ)**

- ኣብ ሕያዋይነት መሰረት ብምግባር ዝተቐረፀ ውሁስ ድምፂ ብምውላዕ ተሳትፍቲ ባኣቓልቦ ከዳምፁ ምግባር።
- ንኣምር ሕያውነት ብዝተፈላለየ መዳያቱ ግለፅ/ፂ። (ንኣብነት ምሕጋዝ፣ ምሕላይ፣ ምክፋል፣ ለጋስ ምኳን) ከም መብገሲ እቲ ዝቐረበ ውሁድ ድምፂ ተጠቒምካ ኣብርህርህ/ሂ።
- ሕያዋይ ባህርያት ንውልቀ ሰብ ይኹን ንሕብረተሰብ ዘለዎ ረብሓ ምዝታይ
- መፅሓፍ ህፃናት ብምንባብ ወይ ድማ ናይ ሕያውነት ተግባራትን ፅልዋኡን ዘርኢ ዛንታ ብምዝንታው ኣብነታት ሕያዋይነት ኣካፍል/ሊ።

**ሕያውነት ብተግባር (20 ደቓይቕ)**


- ሓብሒብትን ወለድን ኣብ ኣሳታፊ ንጥፈታት ግደ ምፅዋት ብምውፋር ሕያዋይ ባህርያት ክገልፁ ምግባር።
- ሓብሒብትን ወለድን ኣብነታት ናይቲ ዝተዓዘብዎ ወይ ዘጋጠሞም ሕያዋይ ተግባራት ከካፍሉ ኣተባብዕ።
- ሕያዋይ ባህርያት ንሰባት ከመይ ከም ዝስምዖምን ዘስዕቦ ኣወንታዊ ፅልዋን ዝምልከት ዘተ ምምራሕ
- ኣብ መዓልታዊ ህይወት ሕያውነት ምምችቻው (15 ደቓይቕ)
- ሕያዋይ ተግባራት ኣብ መዓልታዊ ልምድታትን ንጥፈታትን ህፃናት ንምሕዋስ ሓሳባት ምሃብ።
- ንህፃናት ኣብ ቀሊል ተግባራት ሕያውነት ክተሳትፍ እትኽእለሉ መገድታት ምዝታይ
- ሓብሒብትን ወለድን ሕያዋይ ባህርያት መርኣያ ምግባርን ምጥንኻርን ኣገዳስነቱ ምብርህራህ።

**ህፃናት ሕያዎት ክኾኑ ምግባር (15 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብትን ወለድን ምስ ደቆም ብዛዕባ ባህርያት ሕያውነት ስእላዊ ውክልና ክፈጥሩ ምዕዳም።
- ሓብሒብትን ወለድን ደቆም ብዛዕባ ሕያዋይነት ባህሪ ኣብ ገዛ ክለማመዱሉ ዝኽእሉ መንገድታትን ክዛተዩ ኣተባብዕ።
- ኣብ ገዛ ንሕያዋይነት ዝያዳ ከጠናኽሩ ዝኽእሉ ሃፍተፀጋታትን ንጥፈታትን ሓሳብ ምሃብ።

**ምጥቕላልን ምስታፍ ስድራን (10 ደቓይቕ)**

- ግደ ህፃናት ኣብ ሕያውነትን ኣብ ምህናፅ ሓላፉ ማሕበረሰብን ዝምልከት ቁልፊ ትምህርትታት ምግምጋም።
- ሓብሒብትን ወለድን ኣብ ውሽጢ ስድራ ብዛዕባ ሕያውነት ዝግበር ዘተ ንኽቕፅል ሓሳባት ምሃብ።
- ሓብሒብትን ወለድን ተመኩሮታቶምን ትምህርቶምን ምስ ንደቆምን ኣባላት ምሉእ ስድራን ከካፍሉ ምትብባዕ።



**መዘኻኸሪ መሳሰዪ/ይት**

**ንኻልኦት ምሕጋዝ**–:- ሕያውነት ንዝተፀገሙ ሓገዝ፣ ደገፍ ወይ ክንክን ምሃብ የጠቓልል። እዚ ከም ንሓደ ጎረቤት ኣብ ተግባር ዕዮ ገዛ ምሕጋዝ ወይ ሸኽሚ ምቕባልን ምልኣኽን ዝኣመሰለ ቀሊል ነገር ክኸውን ይኽእል።
**ሓልዮትን ርህሩህነትን**:- ሕያዎት ሰባት ንፅቡቕ ሂወት ካልኦት ሓቀኛ ሓልዮት የርእዩ። ምስ ስምዒትን ተመኩሮን ናይቶም ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሰባት ተሰማሚዖም ብምትሕልላይን ምርድዳእን ይነብሩ።
**ልግስን ምክፋልን**:-ሕያውነት መብዛሕትኡ ግዜ ብግዜኻ፣ ፀጋታትካ ወይ ክእለትካ ለጋስ ምዃን የጠቓልል ሕያዎት ውልቀሰባት ንእቲ ዘለዎም ናታቶም ዕድሎት ንዘይብሎም ሰባት ከካፍሉ ፍቓደኛታት እዮም።
**ይቕሬታን ምስትውዓልን**:-ሕያውነት ንኻልኦት ይቕረታ ናይ ምግባር ክእለት የጠቓልል፣ ዋላ ኣብ ቅድሚ በደል ንኹነታት ብግልፅን ዘይሻራውን ኣተሓሳስባ ምቕራብን የጠቓልል።
**ንውልቀ ሰባት፡**
ተግባራት ሕያውነት ታሕጓስ፣ ዕግበትን ምስኻዕ ዕላማን ስምዒታት ከዕቢ ይኽእል እዩ። ንኻልኦት ምሕጋዝ ፀገሞም ምፍታሕን:- ሕያውነት ኣብ መንጎ ሰባት ምትእምማንን ርህራሄን ምትእስሳርን ንምህናፅ ይሕግዝ። ኣብ ውሽጢ ስድራ፣ ዕርክነትን ማሕበረሰባትን ዘሎ ምትእስሳር ከጠናኽር ይኽእል። ውልቀሰባት ሕያዋይነት ክገልፁ ወይ ክምስክሩ ከለዉ፡ ብቑዕን ስምዒት ዋንነት ከስርፁ ይኽእሉ። እዚ ድማ ንዓርሰ–ኣረኣእያን ሓፈሻዊ ርእሰ–ምትእምማንን ከማሓይሽ ይኽእል።

**ብብርኪ ሕብረተሰብ፡**
ሕያዋይ ባህርያት ዝተረሓሓቐ ንምቅርራብ፣ ሓባራውነት ስምዒት ንምፍጣርን መንፈስ ሕድሕዳዊ ምርድዳእን ንምዕባይን ይሕግዝ።
ተግባራት ሕያውነት ንኻልኦት ኣብ ተመሳሳሊ ሓጋዝን ርህሩህን ተግባራት ንኽዋፈሩ ስለ ዘነቓቕሖምን ስለ ዝድርኾምን ማዕበላዊ ውፅኢት ክህልዎ ይኽእል እዩ።
ሰባት ንሕድሕዶም ትኩረት እንትወሃሃቡን ኣብ እዋን ድልየት ሓገዝ ወልቀ ሰባት እንትሳተፉን እንትተሓጋገዙን ከለዉ፡ መላእ ሕብረተሰብ ዝያዳ ተፃዋራይነት ብድሆታትን ምስጋር ፀገምን ዝሓሸ ዕጥቂን ክረኽቡ ይሕግዝ።
ህፃናት ሕያውነት ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ብምዕዛብን ብምምኳርን ይመሃሩ። ዓበይቲ ዝናን ስልጣን ዘለዎም ሰባትን ንርህራሄን ሕያውነትን መርኣያ እንትኾኑ ከለዉ፣ ፃናት ነዚ ባህርያት እዚ ኣብ ውሽጦም ኣእትዮም ክወሃድዎ ይጅምሩ። ንሕያዋይ ተግባራት ብቐፃሊ ዘደልድል ሃዋህው ምፍጣር ዕብየት፣ ሓለይትን ርህሩሃትን ህፃናት ንምዕባይ ይሕግዝ።

**4.4.2. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 8:-ንጥፈት 64- ንሳዕስዕ**

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ ግዜ:-** 90 ደቓይቕ

**ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ**:- ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ ብርኪ ዕድመ:-(2-5 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ብዛዕባ ሳይንስ ሳዕስዒት ንመሃር

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት:-

- ሳዕስዒት ኣብ ምድጋፍ ዕብየት ክእለት ኣካላ ኣእምሮ፣ ግንዛበ ኣካልን ምውዳድን ኣንእሽተይ ህፃናት ይርድኡ።
- ሳዕስዒት ኣብ ምድንፋዕ ባህላዊ ተሳትፎ፣ ፈጠራን ሙዚቃዊ ርድኢትን ዘለዎ ዋጋ ይፈልጡ።
- ንህፃናት ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ሳዕስዒት ንዝተፈላለዩ ቅዲታት ህርመትን ብርክታት ኣካላዊ ዓቕምን ዘማልኡ ስልትታት የማዕብሉ። ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ዝተፈላለዩ ቅዲታት፡ ህርመታት፣ መልእኽትታትን ባህላዊ ልምድታትን ዝውክሉ ዝተፈላለዩ ምርጫታት ደርፊ
- ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳትን ሜላታትን ሳዕስዒት ንምርኣይ ዝሕግዙ ስእላዊ መሳርሒታት ወይ ምርኢታት
- ህፃናት ብነፃነት ንኽንቀሳቐሱ ክፉት ቦታ ወይ ውሑስ ሳዕስዒት ቦታ

**ኽተሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ሳዕስዒት ህፃናት ከም ሚዛን ሰውነት ምሕላው፣ ምጥዋይ፣ ምትዕፅፃፍን ምዝላልን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ክእለታት ኣካለ ኣእምሮ ንኽማዕብሉ ይሕግዞም። እዚኦም ድማ ኣብ ሓፈሻዊ ኣካላዊ ምዕባለኦም ኣበርክቶ ይገብር።
- ኣብ ንጥፈታት ሳዕስዒት ምውፋር ግንዛበ ሰብነትህፃናትን ኣብ ከባቢኦም ናይ ምንቅስቓስር ዓቕሞምን የዕቢ። ቦታዊ ኣንፈትን ምውህሃድን የመሓይሽ
- ኣብ ሳዕስዒት ብፍላይ ድማ ኣብ ባህላዊ ትልሂታት ምስታፍ ህፃናት ምስ መንነቶምን ማሕበረሰቦምን ክራኸቡን ከድንቑን የኽእሎም።
- ሳዕስዒት ንፈጠራውነት የተባብዕ፣ ምኽንያቱ ህፃናት ናይ ገዛእ ርእሶም ፍሉይ ናይ ሳዕስዒት ምንቅስቓሳትን መግለጺታትን ክፍትኑን ከማዕብሉን ይኽእሎም እዩ።
- ዝተፈላለዩ ሙዚቃዊ ባእታታት ህርመትን ቴምፖን ምፍታሽ፣ ብሳዕስዒት ኣቢልካ ህፃናት ኣብ ኣምር ሙዚቃ ዘለዎም ርድኢት ይድግፍ።
- ህፃናት ብዘይ ፍርሒ ወቐሳ ብነፃነት ክስዕስዑ ደጋፍን ንኹሉ ዝሓቑፍን ሃዋህው ምፍጣር። ስምዒት ሓጎስ፣ ዓርሰ ምትእምማንን ዓርሰ-ምግላፅን የዕቢ።
- ሳዕስዒት ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትን ልምድታትን ምውዳድ፣ ህፃናት ንኣካላዊ ምንቅስቓስ፣ ሙዚቃን ባህላዊ መግለፅን ምሉእ ህይወቶም ኣድናቖት ንኽማዕብሉ ክሕግዞም ይኽእል።

**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፡-ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን "ንሳዕስዕ" ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ዕላማ እቲ ክፍለ ግዜ ንሓብሒብትን ወለድን ምፍላጥ።
- ሳዕስዒት ንዕብየት ኣንእሽተይ ህፃናት ኣብ ምድጋፍ ዘለዎ ረብሓታት ምብርህራህ።

**ምድህሳስ ሳይንስ ሳዕስዒት (25 ደቓይቕ)**

- ሳዕስዒት መሰረት ገይሩ ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ብምውላዕ ተሳተፍቲ ብኣቓልቦ ከዳምፁ ምግባር።
- ብሳዕስዒት ዝመሓየሹ ዝተፈላለዩ ክእለታትን ኣካለ ኣእምሮ (ንኣብነት ምሕላው ሚዛን ሰብነት ምውዳድ ኣእምሮን ኣካላዊ ንጥፈታትን፡ተዓፃፃፋይነት) ክዛተዩ ምግባር።
- ሳዕስዒት ግንዛበ ኣካላትን ቦታዊ ኣንፈትን ብኸመይ ከም ዘዕብዮ ግለፅ/ፂ።
- ኣብ መንጎ ሳዕስዒት፡ ሙዚቃን ምዕባለ ርድኢት ህርመትን ቴምፖን ዘሎ ምትእስሳር ምልላይ

**ፅምብል ባህላዊ ሳዕስዒት (20 ደቓይቕ)**

- ካብ ሕብረተሰብ ወይ ባህሊ እቲ ከባቢ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ትልሂታት ምርኣይ
- ህፃናትን ሓብሒብትን ኣብ ንጥፈት ባህላዊ ሳዕስዒት ክሳተፉ ብምግባር ባህላዊ ሳዕስዒት ዝህቦ ትርጉም ምብርህራህ።
- ህፃናት ዝተፈላልዩ ድርፍታት ክድህስሱን ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ሳዕስዒት ምንቅስቓሳት ክፈጥሩን ምትብባዕ።

**ሳዕስዒትን ፈጠራን (15 ደቓይቕ)**

- ህፃናት ተመኩሮ ሳዕስዒቶም ንምዕባይ ቀለልቲ ናውቲ ሳዕስዒት( ነፀላ፣ ባህላዊ ክዳን፣ መቖነት)ዝኣመሳሰሉ ክጥቀሙ ዕድል ምሃብ።
- ህፃናት ዝተፈላለየ ቅዲ ሳዕስዒትን ምንቅስቓሳትን ኣብ ምፍታን፣ ፈጠራን ዓርሰ-ምግላፅን ኣብ ምዕባይ ምምራሕን ኣንፈት ምትሓዝን።
- ሳዕስዒት ንህፃናት ብኸመይ ሓሳባቶምን ውልቃ ስምዒቶምን ክፍትሽ ከም ዝሕግዞም ክዛተዩ ምግባር።

**ሳዕስዒት ኣብ መንጎ ወለዶታት (15 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ካብ ናይ ገዛእ ርእሶም ግዜ ንእስነቶም ዝረኸብዎ ተመኩሮን ዝኽርን ሳዕስዒት ከካፍሉ ዓድሞም/ ዓድምዮም።
- ኣብ መንጎ ወለዶታት ዝግበር ምትእስሳር ሳዕስዒት ምትብባዕ፣ ሓብሒብትን ህፃናትን ብሓባር ክስዕስዑ ዝኽእልሉ ዕድል ምምችቻው።
- ኣብ ባህላዊ ሳዕስዒት ህፃናት ኩሉ ዝሳተፈሉ፣ ደጋፍን ንኹሉ ዝሓቁፍን ሃዋህው ምፍጣር ኣገዳሲ ምዃኑ ኣብራህርህ/ሂ።

**ምጥቕላልን ተሳትፎ ስድራን (10 ደቓይቕ)**

- ካብቲ ክፍለ ግዜ ዝተረኸበ ቀንዲ ነጥብታት ትምህርቲ ምግምጋም፣ ንኣንእሽተይ ህፃናት ሳዕስዒት ዘለዎ ኩለንተናዊ ረብሓታት ምብርህራህ።
- ንጥፈታት ሳዕስዒት ኣብ መዓልታዊ ልምድታትን ስድራ ግዜ ብምምዳብ ከመይ ኣብ ገዛ ክትግብርዎም ከምዝኽእሉ ሓሳባት ምሃብ።
- ሓብሒብትን ወለድን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ንዘሎ ዕድላት ሳዕስዒት ብምድህሳስ ደቆም ዝሳትፍሉ ኣገባብ ምንዳይ ድሕሪ እዚ ክፍለ ግዜ ክቕፅልሉ ምትብባዕ።



**መዘኻኸሪ መሳሰዪ/ይት**

**ረብሓ ምጥዕዓም ንጥፈታት ሳዕስዒት ምስ ዝተፈላለዩ ዕድመ ህፃናት፤**

**ምርግጋፅ ግቡእነት ንጥፍታት ምስ ዕብየት ህፃናት**

- ንጥፈታት ምስ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን-ስምዒታውን ብርክታት ነፍሲ ወከፍ ዕድመ ምትእስሳር።
- ኣንእሽተይ ህፃናት ዝቐለለ ምንቅስቓሳትን ዝያዳ መምርሕን ክደልዩ እንከለዉ፡ ዓበይቲ ህፃውንቲ ድማ ዝያዳ ዝተሓላለኸ መይላታት ክሕዙ ይኽእሉ።

**ምትእንጋድ ዝተፈላለየ ዕምቆት ኣቓልቦን ብርኪ ተሳትፎን**

- ኣንእሽተይ ህፃናት ዝሓፀረ ግዜ ኣቓልቦ ኣለዎም፣ ስለዚ ንጥፈታት ተደጋጋሚ ብምልውዋጥ ዝያዳ ኣብ ተሳትፎ ንጥፈት ክፅመዱ ኣለዎም።
- ዓበይቲ ህፃናት ንነዊሕ እዋን ከተኩሩን ኣብ ተኸታታሊ ልምድታት ቅንብራዊ ሳዕስዒትን ክዋፈሩን ይኽእሉ።

**ውሕስነት ዘረጋግፅ ክትትልን መምርሕን ምሃብ**

- ኣንእሽተይ ህፃናት ግቡእ መይላ ንኽጥቀሙን መጉዳእቲ ንምክልኻልን ዝያዳ ክትተልን ደገፍን ክደልዮም ይኽእል።
- ዓበይቲ ህፃናት ብዝያዳ ብነፃነት ክሳተፉ ይኽእሉ፣ እዚ ድማ ሓብሒብቲ ውሑድ ቀጥታዊ ክትትል ክገብሩ ጥራሕ ዝጠልብ እዩ።

**ደርፍታት ምስ ድሌታትን ምርጫታትን ህፃናት ምስምማዕ**

- ንእቲ ሙዚቃ፡ ቅዲ ሳዕስዒትን ጭብጥን ምስ ድሌታት ነፍሲ ወከፍ ዕድመ ብዝሰማማዕ ኣመዓራሪ።
- ዝተፈላለየ ድሌታት ተሳተፍቲ ብምምላእ ታሳትፎን ባህታን ምዕባይ።

**ምድጋፍ ዕብየት ብመሰረት ክእለት፣ ዕድመን ዓቕምን ህፃናት**

- ኣንእሽተይ ህፃናት ኣብ ምምዕባል መሰረታዊ ክእለት ምንቅስቓስ፣ ሚዛን ምሕላውንን ምውዳድን ጠመተ ይገብሩ።
- ዓበይቲ ህፃናት ዝያዳ ምዕቡል መይላታት ሳዕስዒት፣ ቅንብርን ዓርሰ ምግላፅን ክድህስሱ ይኽእሉ።

**ብሳዕስዒት ካብ መሰረታዊ ክእለት ምንቅስቓስ ክሳብ ምዕቡል ርእሰ-ምግላፅ ንሓፈሻዊ ዕብየት ህፃናት ብውፅኢታዊ መንገዲ ዝድግፍ ሃዋህው ትምህርቲ ምፍጣር።**

- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ብርኪ ዕብየት ኣካላዊ፣ ማሕበራውን ስምዒታውን ዕብየት ንምሕብሓብ ንጥፈታት ሳዕስዒት ምትዕርራይ።
- እቲ ተመኩሮታት ሳዕስዒት ንኹለንተናዊ ዕብየት ህፃናት ትርጉም ዘለዎን ፀላውን ምዃኑ ምርግጋፅ።

**4.4.3. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ፦ንጥፈት 105- ምኽባር መንፈሳውነት**

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ** **ግዜ፦**- 90 ደቓይቕ

**ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ**፦ ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ **ብርኪ ዕድመ**፦(3-5 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ኣብ መንጎ መንፈሳውነትን ፅቡቕ ስምዒት ምህላውን ዘሎ ምትእስሳር

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት፦

- መንፈሳውነት ምስ ምህላው ፅቡቕ ስምዒት ዘለዎ ምትእስሳር ኣብ ኣናእሽተይ ህፃናት ዘለዎ ረብሓ ይርድኡ።
- ዝተፈላለየ መንፈሳዊ ልምድታትን ንዕብየት ህፃናት ክህልዎም ዝኽእል ረብሓታትን ይፈልጡ።
- ንህጻናት ኣብ ዕድሚኦም ዝሰማማዕ መንፈሳዊ ንጥፈታት ንምስታፍ ዝሕግዙ ስልትታት የማዕብሉ።
- ምትእስሳር መንፈሳውነት ምስ ስምዒት ማሕበረሰብን ፅንዓትን ኣብ ዕብየት ህፃናት ዘለዎ ግደ ይገንዘቡ/ ተባሂሉ ትፅቢት ይገበር።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ዝተፈላለዩ መንፈሳዊ ልምድታትን ኣብ ውልቀሰባትን ማሕበረሰባትን ዘለዎም ፅልዋ ዝገልፁ ስእልታት።

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ሃይማኖታዊ ተግባራት ይኹን ዘይሃይማኖታዊ መንፈሳዊ ተግባራት ፅኑዕ ሂወትን ሓፈሻዊ ዕብየትን ህፃናት ኣብ ምድጋፍ ልዑል ግደ ይፃወት።
- ኣብ መንፈሳዊ ልምድታትን ፀሎትን ምስታፍ ወይ ምስ ተፈጥሮ ምትእስሳር፣ ንህፃናት ናይ ዋንነት፣ ዕላማን ውሽጣዊ ሰላምን ስምዒት ክስምዖም ይሕግዞም።
- ህፃናት ብዛዕባ ሓሳባቶምን ስምዒታቶምን ምስ ካልኦት ዘለዎም ርክብን ከንፀባርቑ ምትብባዕ ዓርሰ ግንዛበ፣ ርህራሄን ምቁፅፃር ስምዒትን ከማዕብል ይኽእል።
- ንህፃናት ምስ ዕድሚኦም ዝሰማማዕ መንፈሳዊ ተመክሮታት ምሃብ፡ ኣብ ቅድሚ ዕንቅፋታት ህይወት ስልትታት ምፅዋርን ፅንዓትን ንኸማዕብሉ ክሕግዞም ይኽእል።



**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ**

**መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን "ምኽባር መንፈሳውነት" ዝብል ምዃኑ ምልላይ።
- ዕላማ እቲ ክፍለ ግዜ ንሓብሒብትን ወለድን ምፍላጥ።
- ዝተፈላለየ መንፈሳዊ ልምድታትን ንዕብየት ኣንእሽተይ ህፃናት ክህልዎም ዝኽእል ረብሓታት ምብርህራህ።

**ምርዳእ መንፈሳውነት (20 ደቓይቕ)**

- ምኽባር መንፈሳውነት መሰረት ብምግባር ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ብምውላዕ ተሳታፍቲ ብኣቓልቦ ከዳምፁ ምግባር።
- ሃይማኖታውን ዘይሃይማኖታውን መልክዕ መንፈሳዊ መግለፅታት ብዛዕባ ኣምር መንፈሳውነት ሓዊስካ ክዛተዩ ምግባር።
- መንፈሳዊ ልምድታት ንፃናት ስምዒት ምትእስሳር፣ ዕላማን ውሽጣዊ ሰላምን ብኸመይ ኣበርክቶ ክገብር ከም ዝኽእል ግለፅ/ፂ።
- ሓብሒብትን ወለድን ናይ ገዛእ ርእሶም መንፈሳዊ ድሕረ ባይታኦምን ተመኩሮኦምን ከካፍሉ ምትብባዕ።

**ንህፃናት ኣብ መንፈሳዊ ንጥፈታት ምስታፍ (30 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብትን ወለድን ምስ ደቆም ክገብርዎ ዝኽእሉ ምስ ዕድመ ዝሰማማዕ መንፈሳዊ ንጥፈታት ኣብነታት ኣቕርቡ/ቢ።
- ኣብ ሃይማኖታዊ ስርዓታትን ፅምበላታት ምስታፍ
- ሓብሒብት ወይ ወለድን ህፃናትን ብሓባር መንፈሳዊ ልምምድ ንኽገብሩ ተግባራዊ ንጥፈት ምምችቻው።

**ምዕባይ ፅቡቕ ስምዒት (20 ደቓይቕ)**

- መንፈሳዊ ተሳትፎ ንህፃናት ምቁፅፃር ስምዒት፣ ፅንዓትን ሓፈሻዊ ፅቡቕ ሂወትን ብኸመይ ክድግፍ ከም ዝኽእል ምዝታይ።
- ሓብሒብትን ወለድን መንፈሳውነት ንደቆም ብኸመይ ከም ዝፀለዎም ትዕዝብቶምን ተመኩሮታቶምን ከካፍሉ ምትብባዕ።
- መንፈሳዊ ልምድታት ኣብ መዓልታዊ ልምድታትን ስድራቤታዊ ህይወትን ንምውህሃድ ዝሕግዙ ስልትታት ምቕራብ።

**ፅብረቓን ምቕማጥ ዕላማን (10 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብትን ወለድን ካብቲ ክፍለ ግዜ ዝወሰድዎ ቁልፊ ነገራትን ኣብ ኣሰራርሓ ክንክን ደቆም ብኸመይ ክጥቀሙሉ ከምዝኽእሉን ክገልፁ ምግባር።
- ሓብሒብትን ወለድን ዝያዳ መንፈሳዊ ንጥፈታት ንምውህሃድን ፅቡቕ ስምዒት ሂወት ደቆም ንምሕብሓብን ውልቃዊ ዕላማታት ክሕንፅፁ ግበር/ሪ።

**መዘኻኸሪ ንመሳሰዪ/ይት**

**ኣብ መንጎ መንፈሳውነትን ምህላውን ፅቡቕ ስምዒትን ዘሎ ምትእስሳር**

- መንፈሳውነት ንንኣሽቱ ህፃውንቲ ስምዒት ትርጉም፣ ረብሓን ምትእስሳርን ክፈጥረሎም ይኽእል።
- ኣብ መንፈሳዊ ልምድታት (ፀሎት) ምውፋር፡ ወይ ምስ ተፈጥሮ ምትእስሳር፡ ህፃናት ዝፍጠርዎም ፀቕጥታትን ስምዒታቶም ንኽቆፃፀሩ ክሕግዞም ይኽእል እዩ።
- ህፃናት ኣካል ሓደ መንፈሳዊ ማሕበረሰብ ከምዝኾነ ክስመዖሙ፣ ስምዒት ተሳታፋይነት ክሕድረሎምን ማሕበራዊ-ስምዒት ምዕባለ ህፃናት ክድግፍን ይኽእል።
- መንፈሳዊ እምነታትን ተግባራትን ከም ሓደ መንገዲ መቆፃፀሪ ፀገማትን ብድሆታትን ክጠቕሙን ዓቕሚ ምፅዋርን መስጋርን ብድሆታት ህፃናትክዓቢ ይገብር።

**መንፈሳውነት ሂወት ህፃናት ከመይ ብእውንታ ክፀልው ይኽእል? ኣብ ዝብል ተሳተፍቲ ዘለዎም ተመኩሮ ከካፍሉ ግበር/ሪ።**

- መንፍሳውነት ንፃናት ስምዒት ትርጉም ዕላማን ምፍጣር ርክብን ከሕድረሎም ይኽእል።
- ንፃናት ፀቕጥታትን ዘይልሙዳት ስምዒታቶምን ንምቁፅፃር ይጠቕም።
- ህፃናት ኣካል ሓደ መንፈሳዊ ማሕበረሰብ ከምዝኾነ ክስመዖሙ፣ ስምዒት ተሳታፋይነት ክሕድረሎምን ማሕበራዊ ስምዒት ምዕባለ ህፃናት ክድግፍን ይኽእል።
- ዓሚቕ ዓርሰን ከባቢያውን ርድኢትን ከማዕብሉ ይሕግዝ።
- ዓቕሚ ምፍታሕ ፀገም፣ ስነ ምግባርን ሞራልን ህፃናት ከዕብዩ ይሕግዝ።
- ከባቢኦም፣ ተፈጥሮ፣ ባህልን ማሕበረሰቦምን ከኽብሩን ክድንቁን ዕድል ይፈጥረሎም።
- ዝተፈላለዩ ሕግታት፣ መምርሕታትን፣ ስርዓታትን ምኽታል ክለማመዱ ዕድል ይፈጥር።
- ተስፋን ዓርሰ እምነትን ከሕድሩን ምስ ካልኦት ክሓብሩን ይሕግዝ።
- መንፈሳዊ ዕግበትን ኣካለዊ ጥንካርን ተስፋን ፅባሕ ክሰንቁ ይሕግዝ።
- ኣካላዊ፣ኣእምሮኣውን መንፈሳውን መዳያት ህይወት ሓደ ህፃን ብምውህሃድ፡ ኩለንተናዊ ኣቀራርባ ፅቡቕ ምኳን የማዕብል።

## 4.5. ዓውደ ጥዑይ ገዛ ዕብየት ብሓሙሽተ

### 4.5.1. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 10፡-ንጥፈት 57- ምምጋብ ህፃናት

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ** **ግዜ**፡-110 ደቓይቕ

**ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ**፡- ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኸቢ **ብርኪ ዕድመ**፡- (0-2 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ምድህሳስ ረብሓታት ምጥባው ጡብ ኣደ

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሐብትን ወለድን ህፃናት፡-

- ኣብተን ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ ዕድመ ማማይ ጡብ ኣደ ጥራሕ ምጥባው ዘለዎ ረብሓ ይርድኡ፡፡
- ፃባ ጡብ ኣደ ዘለዎ መኣዛዊ ትሕዝቶን ዓቕሚ ምክልኻል ሕማም ይግንዘቡ፡፡
- ምጥባው ጡብ ኣደ እናቐፀልካ ኣብ 6 ወርሒ ብዛዕባ ግቡእ ምትእትታው መዋሰኽቲ ምግብታት ይምሃሩ፡፡
- ምጥባው ከም ቀንዲ ፍልፍል ምግቢ ማማያት ዝድግፉን ዘተባብዑን ስልትታት የማዕብሉ፡፡

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ብዛዕባ ምጥባውን ኣመጋግባ ማማያትን ዘምህሩ ናውትታት (ንኣብነት፡ በረርቲ ፅሑፋት፣ ፖስተራት፡ ቪድዮታት)

**ክተሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ፃባ ጡብ ንማማያት ኣብተን ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ ዕድሚኦም ምሉእ ትሕዝቶ ምግቢ ይህብ፡፡ እዚ ድማ ፕሮቲናት፣ ስብሒ፣ ካርቦሃይድሬት፣ ቪታሚናትን ማዕድናትን ይርከብዎም፡፡
- ምጥባው ጡብ ካብ ረኽስን ሕማማትን ዝከላኸሉ ፀረታህዋስያን ብምቕራብ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ማማያት ንምዕባይይ ይሕግዝ፡፡
- ንመጀመርታ 6 ኣዋርሕ ጡብ ኣደ ጥራይ ምጥባው ንጥዑይ ምዕባለ ስርዓተ ምሕቃቕ ምግቢ ይድግፍን ንክፍልታት ኣካል ውሽጢ ከሸዐ ይከላኸልን እዩ፡፡
- ምጥባው ጡብ ኣደ እንዳቐፀለ ኣብ 6 ወርሒ መወሰኽታ ምግብታት ምትእትታው፣ ናብ ዝተፈላለየን ዝተመጣጠነን ኣመጋግባ ስሉጥ ምስግጋር ንምግባር ይሕግዝ፡፡
- ኣደን ህፃንን ክሳብ ዝደለዩ ምጥባው ምስ ምትእትታው መወሰኽታ ምግብታት፡ ክሳብ 2 ዓመት ዕድመ ወይ ልዕሊኡ ምቕፃል ይኽኣል እዩ፡፡
- ንመጥበውቲ ኣዴታት ትምህርትን ሃፍተፀጋታትን ምሃብ ንዘጋጥሙ ፈተናትት ምጥባው ጡብ ንምስጋርን ጠቓሚ ልምዲ ንምቕፃል ንምትብባዕን ክሕግዝ ይኽእል፡፡

**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ**

**መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሐብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን "ምምጋብ ማማይ" ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ዕላማ እቲ ክፍለ ግዜ ንሓብሐብትን ወለድን ምፍላጥ።
- ረብሓን ግደን ሓብሐብትን ወለድን ኣብ ምድጋፍ ጥዑይ ኣመጋግባ ማማያት ኣብራህርህ/ሂ።

**ጥቕሚ ምጥባው ጡብ ኣደ (20 ደቓይቕ)**

- ኣብ ምጥባው ጡብ መሰረት ብምግባር ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ብምውላዕ ተሳተፍቲ ብኣቃልቦ ከዳምፁ ምግባር።
- ሓብሐብትን ወለድን፣ ፃባ ጡብ ብዛዕባ ዘለዎ ምዓዛታትን ምግብን ምዕባይ ዓቕሚ ሕማም ምክልኻልን ክዛተዩ ግበር/ሪ።
- ጥራሕ ጡብ ኣደ ምጥባው ዝፀንሖ ንውሓት ግዜ ግለፅ/ፂ። (ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ) .
- ዕዉት ልምዲ ምጥባው ጡብ ኣደ ንምምስራትን ንምዕቃብን ዝሕግዙ ስልትታት ምቕራብ



**ምልላይ ተወሰኽቲ ምግብታት (25 ደቓይቕ)**

- ሕፍስ ዝበሉ ምግብታት ንምትእትታው ኣግባብነት ዘለዎ ግዜ (6 ወርሒ)ን መምርሕታትን ኣቕምጥ/ጢ።
- ኣብነታት መኣዛውን ንዕድመ ዝምጥንን መወሰኽታ ምግብታት (ንኣብነት፡ ዝተጠብሰ ፍረታት፡ ኣሕምልቲ፡ እኽሊ) ምርኣይ።
- ንማማያት ግቡእ ሜላ ምምጋብ፣ ዓቐን ዓይነታት ምግብን ምርኣይ።
- ሓብሐብቲ ኣብ ገዛ ዝስራሕን መኣዛታት ዝበዝሖን ምግቢ ንኽዳልዉ ኣተባብዕ/ዒ።
- ምጥባው ጡብ ኣደ ካብ 6 ወርሒ ንላዕሊ (20 ደቓይቕ)
- ድሕሪ ምትእትታው መወሰኽታ ምግብታት ምጥባው ጡብ ኣደ ምቕፃል ዘለዎ ረብሓታት ምዝታይ።
- ሕፍስ ዝበሉ ምግብታት እናሓወሰካ ከመይ ጌርካ ምጥባው ጡብ ኣደ ክትሕሉ ከም ዝክእል ምኽሪ ምሃብ።
- ምጥባው ዝምከር ንውሓት ግዜ (ብውሑዱ 2 ዓመት ወይ ልዕሊኡ) ምኳኑ ምብርህራህ። .

**ዕንቕፋታት (ብድሆታት) ምስጋር (20 ደቓይቕ)**

- ንወለድን ሓብሐብትን ጡብ ኣደ ኣብ ምጥባውን ምትእትታው መወሰኽታ ምግብታትን ከጋጥሞም ዝኽእል ልሙዳት ፀገማት ምልላይ።
- ነዞም ፀገማት ንምስጋር ዝሕግዙ መፍትሒታትን ስልትታት ምፅዋር ምቕራብ።
- ንዘጥብዋ ኣዴታት ደገፍ ከባብያውን ማሕበረሰባውን ከመይ ምትእትታው ከምዝክኣል ክላዘቡ ግበር/ሪ።

**ፅብረቓን ምሕንፃፅ ሽቶታትን (15 ደቓይቕ)**

- ወለድን ሓብሐብትን ካብቲ ክፍለ ግዜ ዝወስድዎ ቁልፊ ነገራት ከሰላስሉ ምግባር።
- ንወለድን ሓብሐብትን ንኣመጋግባ ዕሸሎም ንምድጋፍ ውልቃዊ ዕላማታት ወይ ሽቶታት ክሕንፅፁ ምትብባዕ።

**መዘኻኸሪ ንመሳሰዪ/ይት**

**ውሁድ ትሕዝቶ**
- ፃባ ጡብ ማማያት ንዕብየትን ምዕባለን ዘድልዮም ፍፁም ዝተመጣጠነ ሃነፀቲ፡ ስብሒ፡ ሓይሊ ወሃብትቲ፣ ሕማም ተኸላኸልትን መዓድናትን (ፕሮቲናት፡ ስብሒ፡ ካርቦሃይድሬት፡ ቪታሚናትን ማዕድናትን) ዝሓዘ እዩ።
- ውሁድ ፃባ ጡብ ምስ ግዜ ዝቀያየርን ንእቲ ዝምዕብል ዘሎ ድሌታት ዝዓቢ ማማይ ንምምላእ ምትዕርራይ ዝገብር ተፈጥራዊ ከይድታት ዝኸተል እዩ።

**ዋህዮ ምክልኻል ኣካላትን ዓቕሚ ምምካት ሕማምን**
- ፃባ ጡብ ንህፃን ካብ ረኽስን ሕማማትን ንምክልኻል ዝሕግዙ ዋህዮታት ምክልኻለ ኣካል ንኢሙኖግሎቡሊን ኤ (IgA) ሓዊሱ ዝሓዘ እዩ።
- ምጥባው ስርዓት ምክልኻል ማማይ ንምምዕባልን ንሓደጋ ኣለርጂ፡ ኣዝማን ካልእ ምስ ሕማም ምክልኻል ዝተኣሳሰሩ ፀገማትን ንምንካይን ይሕግዝ።

**ስርዓት ምሕቃቕን ስርፀትን ምግቢ**
- ፃባ ጡብ ንህፃናት ብቐሊሉ ዝሓቀሎሙን ዝምጠጠሎምን ብምዃኑ ምስ ከሸዐ ዝተሓሓዙ ፀገማተ የቕንሰ።
- ኣብ ፃባ ጡብ ዝርከቡ ፕሮቲናት(ሃነፀቲ) ምስቶም ኣብ ቀመር ዘለዉ ክነፃፀሩ ከለዉ ብቐሊሉ ይሓቁ።

**ዕቤታዊ ረብሓታት**
- ምጥባው ጥዑይ ዕብየት ሓንጎልን ኣእምሮኣዊ ንጥፉነትን የደንፍዕ።
- ተግባር ምጥባው ጡብ ኣደ፡ መንጋጋ ማማይ፣ ጭዋዳታት ገፅ፦ ከምኡ'ውን ምዝራብ ንምዕባይ ይሕግዝ።

**ምትእስሳርን ምዕባለ ስምዒትን**
- ምጥባው ኣብ መንጎ ኣደን ማማይን ድልዱል ስምዒታዊ ምትእስሳር ስለዝፈጥር ኣብ ምዕባለ ማሕበራዊ-ስምዒት ናይቲ ማማይ ኣበርክቶ ይገብር።
- ኣብ እዋን ምጥባው ቆርበት ንቆርበት ዝግበር ጥቡቕ ኣካላዊ ርክብን ምትእስሳርን ስምዒት ውሕስነትን ምትእምማንን የስፍን።

**ናይ ነዊሕ እዋን ጥዕናዊ ረብሓታት**
- ምጥባው ጡብ ንኣዶ ኮነ ንእቲ ማማይ ካብ መንሽሮ፣ ካልኣይ ዓይነት ሕማም ሽኮርያ፣ ልዕሊ ዓቕን ክብደትን ካልኦት ተዛመደቲ ሕማማትን ኣብ ቀፃሊ ሂወቶም ይከላኸል።

**ረብሓታት ምጥባው ጡብ ኣደ**
- ንማማይ ምሉእ ኣመጋግባ ይህብ።
- ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የዕብዮን ካብ ረኽሲ ይከላኸልን።
- ምትእስሳርን ምዕባለ ስምዒትን የቀላጥፍ።
- ጥዑይ ዕብየት ሓንጎልን ንጥፍነት ኣእምሮን የደንፍዕ።
- ተቓላዓይነት ሓደጋ ሕዱር ሕማማት ከም ልዕሊ ዓቕን ርጉዲ፣ መንሽሮን ሕማም ሽኮርን ይቕንስ።

**ንብድሆታት ምጥባው ጡብ ኣደ ንምፍታሕ ዝሕግዙ ስልትታት**
**ኩነታት ኣተሓቛቑፋ ማማይ**
- ካብ ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሰብ ልምድን ሰብ ሞያን ድጋፍ ምሕታትን ልምዲ መውሳድን
- ብሉፅ ኣገባብ ኣንፈትን ሓተሓቛቑፋን ምጥባው ንምፍላይ ፈተነታት ምክያድ።

**ትሑት ቀረብ ፃባ ጡብ**
- ድግግምን ንውሓት ግዜን ምጥባውን ምውሳኽ።
- ኣዶ እኹል ፈሳሲ/ማይ ምውሳድን ተመጣጣኒ ምግቢ ምብላዕን።
- ምፍልፋል ፃባ ጡብ ንምስሳንን ንምንቕቓሕን ሱር ጥቡ ኣደ ምድራዝ ።

**ቃንዛ ጡብን ዘይምቕሳንን**
- ግቡእ ኣተሓቛቅፋን ኣቀማምጣን ማማይ ምጥቃም።
- ሱር ጡብ ኣደ ብውዑይ ልስሉስን ጨርቂ ብቀስታ ምድራዝን ናይ ጡብ ቅብኣተ(ብባዓል ሞያ ዝወሃብ) ምጥቃምን፤
- ተለዋዋጢ ኣንፈት ምጥባው ጡብ ኣደ ምጥቃም

**መዘኻኸሪ ንመሳሰዪ/ይት**

**እኹል ፃባ ከምዘይብልካ ምሕሳብ**
- ምውሳኽ ክብደት ማማይ ምዕዛብ።
- ዝበስበሱን ዝተሸናም ጨርቂ ሽንቲ ምርኣይ።
- ምስ ማማይ ንኽክእ ቆርበት ንቆርበትን ብተደጋጋሚ ምጥባውን።

**ግዜ መወሰኽታ ምግብታት፤**
- ኣብ ከባቢ 6 ወርሒ ዕድመ ማማይ መወሰኽታ ምግብታት ምትእትታው፣ ጡብ ኣደ ምጥባው እናቐፀልካ።
- ፃባ ጡብ ክሳብ ዕድመ 12 ወርሒ ቀንዲ ፍልፉል ምግቢ ኮይኑ ክቕፅል ኣለዎ።

**ባህርያት መወሰኽታ ምግብታት፤**
- ብውሑድ መጠን ልሑም፣ ፅሩይ ወይ ዝተጠብሰ ምግቢ ጀምር። ከም፦
- ፍረታት (ንኣብነት፣ ባናና፣ ሽኮር ድንሽ፣ ዱባ) .
- ኣሕምልቲ (ንኣብነት፣ካሮት፣ ቆስጣ፣ ሓምሊ፣ ) .
- እኽሊ (ንኣብነት: ስገም፣ ቀይሕ ጣፍ፣ ስርናይ፣).
- ፕሮቲናት (ንኣብነት: ንፁህ ስጋ፣ እንቋቑሖ፣ፍረታትን ፃባ ላሕሚ) .
- እቲ ዕሸል እናዓበየ ምስ ከደ ቀስ ብቐስ ቅርፂ ዓይነትን ዓቐንን መወሰኽታ ምግብታት ምውሳኽ።
- ተወሳኺ ሽኮርን ኣዝዩ ኣብ ፋብሪካ ዝተቐናበረ ምግቢ ምውጋድ።

**ቀፃልነት ምጥባው ጡብ ኣደ፤**
- ዋላ’ውን መወሰኽታ ምግብታት ምስ ኣተኣታተኻ ብጠለብ ወይ እንተወሓደ ኣብ መዓልቲ ካብ 8–12 ግዜ ምጥባው ምቕፃል።
- ምጥባው ክሳብ 2 ዓመት ዕድመ ወይ ልዕሊኡ ክቕፅል ኣለዎ፣ ክሳብ እታ ኣደን ውላድን ክቕፅሉ ዝደልዩ።

**ኣገባብ ኣመጋግባ፤**
- ህፃን እናዓበየ ምስ ከደ ባዕሉ ምምጋብን ምስ ዕድመ ዝሰማማዕ ኣቕሑ ምጥቃምን ምትብባዕ።
- ንእቲ ማማይ ኣብ መስርሕ ምምጋብ ምስታፍን ንምልክታት ጥሜትን ፅጋብን እቲ ማማይ ምላሽ ምሃብን።
- ህዱእን ምላሽ ዝህብን ዝሕብሕብን ናይ ምምጋብ ሃዋህው ምፍጣር ይድልይ።

**4.5.2. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 11፦ንጥፈት 62- ኣብ ገዛ ዝስርሑ መሰናኽላት**

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ**

**ግዜ**፦100 ደቓይቕ **ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ**፦ ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ

**ብርኪ ዕድመ**፦ (3-5 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ኣካላዊ ብድሆታት ካብቲ እትሓስቦ ንላዕሊ ክምህረካ ይኽእል!

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት፦

- ረብሓ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ምዕባለ ክእለት ኣካለ ኣእምሮ ኣብ ፈልመ ዕድመ ቁልዕነት ይግንዘቡ።
- ኣብ ገዛ ዝስራሕ ናይ ንጥፈታት መሰናኽል ንህፃናት ብኸመይ ፈጠራውነት፣ ምፍታሕ ፀገማትን ሒሳባዊ ርድኢትን ከዕብዩ ከም ዝኽእሉ ይርድኡ።
- ህፃናት ኣብ ገዛ ኣብ ዝዳለዉ መሰናኽላዊ ንጥፈታት ንምስታፍ ዝሕግዙ ስልትታት ይርድኡ። ተገሂሉ ትፅቢት ይግበር።

**ዘድልዩ ናውትታት**
- መሰናክል ንምድላው ክጠቕሙ ዝኽእሉ ናውቲ ገዛ (ንኣብነት፡ መንበር፣ መደብ፣ ኣንሶላ፣ ሳንዱቕ፣ ፅሩይ ልሙፅ ዕንጨይቲ ጣውላ)
- ህፃናት ብነፃነትን ብዘይ ስግኣትን ንኽንቀሳቐሱ ኣብ ገዛ ወይ መረባ ክፉት ቦታ
- ኣብ እዋን እቲ ንጥፈት ኻብ ሓብሐብቲ ወይ ዓበይቲ ኣሕዋት ክትትልን መምርሕን ምሃብ።

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**
- ኣብ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስታፍ፦ ንጥፈታት መሰናኽል ገዛ ብምጥቃም ምንቅስቓስ ንዕብየት ክእለት ኣካለ ኣእምሮ ሓፈሻዊ ኣካላዊ ፅቡቕ ሂወትን ኣንኣሽተይ ህፃናትን ወሳኒ እዩ።
- ኣብ ገዛ ዝስራሕ ንጥፈታት መሰናኽል ህፃናት ዝተፈላለየ ክእለት ኣካለ ኣእምሮ ከማዕብሉ የተባብዕ፣ እዚ ድማ ምድያብ፣ ሚዛን ምሕላው፣ ምዝላል፣ ምጥውዋይ፣ ምምጥላዕን ምሕማስን ይርከብዎም።
- መስርሕ ምድላውን ምድርዳርን ንጥፈታት መሰናኽል ህፃናት ንእቲ ዕንቕፋታት ንምሕላፍ ዝተፈላለየ መገድታት ኣብ ዝድህስሰሉ እዋን ፈጠራኦም የዕቢ።
- ኣብቲ ንጥፈታት መሰናኽል ምጉዓዝ ህፃናት ሓደስቲ ዕንቅፋታት ኣብ ዘጋጥሞም እዋን ክእለትምፍታሕ ፀገም ንኽለማመዱን መፍትሒ ንምርካብ ክሰርሑን ዕድላት ይህብ።
- ንጥፈታት መሰናክል ምስታፍ ንህፃናት ርድኢት ሒሳብ ክድግፍ ይኽእል እዩ፣ ምኽንያቱ ኣቀማምጣ ቦታ፣ ኣንፈትን ግንዛበ ቦታ(ስፍራ) ክምርምሩ ስለዝሕግዞም።
- ኣብ መንጎ ዓበይትን ኣንኣሽተይ ኣሕዋት ምትሕብባርን ሓባራዊ ምፍታሕ ፀገማትን ብምትብባዕ፣ ክእለትን ማሕበራዊ-ስምዒት ማሕበረሰባዊ ስምዒትን ከዕቢ ይኽእል።
- ህፃናት ኣብ ኣካላዊ ፀወታ ክዋፈሩን ንነብሶም ክፍትኑን ውሑስን ክትትል ዝግበረሉን ሃዋህው ምፍጣር ንሓፈሻዊ ምዕባለኦም ኣገዳሲ እዩ።



**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ መእተዊ (10 ደቓይቕ)**
- ንሓብሐብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን “ምኽባር መንፈሳውነት” ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ዕላማ እቲ ክፍለ ግዜ ንሓብሐብትን ወለድን ምፍላጥ።
- ረብሓ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ዕብየት ክእለት ኣካለ ኣእምሮን ኣብ ፈልመ ዕድመ ቁልዕነት ጠመተ ብምሃብ መእተዊ ኣቕርብ።
- ኣብ ገዛ ዝስራሕ ንጥፈታት መሰናኽል ፅንሰ ሓሳባን ትምህርት ሒሳብን ህፃናት ንምምዕባል ዘለዎም ረብሓታትን ምብርህራህ።

**ረብሓ ኣካላዊ ፀወታ (20 ደቓይቕ)**
- ኣብ ንጥፈታት መሰናኽል መሰረት ብምግባር ዝተቀረፀ ውሁድ ድምፂ ምውላዕ።
- ግደ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ምድጋፍ ክእለት ኣካለ ኣእምሮኣውን ማሕበራዊ-ስምዒትን ዕብየት ህፃናት ግለፅ/ፂ።
- ብመንገዲ ንጥፈታት መሰናክል (ንኣብነት፡ ምድያብ፣ ሚዛን ምሕላው፣ ምዝላል፡ ምውራድ ምንስሓብ) ክለማመዱ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ክእለታት ኣካለ ኣእምሮ ምዝታይ
- ኣብ መንጎ ኣካላዊ ጸወታን ምዕባለ ምፍታሕ ፀገማትን ፈጠራን ሒሳባዊ ኣተሓሳስባን ዘሎ ምትእስሳር ምብርህራህ።

**ምፍጣር ንጥፈታት መሰናክል (30 ደቓይቕ)**

- መሰናኽል ንምህናፅ ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ልሙዳት ኣቑሑት ገዛ ኣብነታትን ሓሳባትን ምሃብ (ንኣብነት፡ ወንበር፣ድኳ፣ ኣንሶላ፡ ሳንዱቕ፡ ዕንጨይቲ፣ ጣውላ)
- ንሓብሒብትን ወለድን ኣብቲ ዝተመደበ ቦታ ቀሊል ንጥፈታት መሰናኽል ምድላው ዝግበር መስርሕ ምምራሕን ኣንፈት ምትሓዝን።
- ሓብሒብትን ወለድን ደቆም ኣብ ንድፊን ህንፀትን ንጥፈታት መሰናክል ከሳትፉ ምትብባዕ

**ንህፃናት ኣብ መስርሕ ዕንቅፋት ምስታፍ (25 ደቓይቕ)**

- ህፃናት ኣብቲ ንጥፈታት መሰናኽል ክጓዓዙ ከለዉ ንምምራሕን ንምድጋፍን ዝሕግዙ ሜላታት ምርኣይ።
- ኣብ ምስታፍ ንጥፈት መሰናኽል ህፃናት ኣማራፂ መንገድታት ወይ ምንቅስቓስ ንምርካብ በዳህቲ ፈጠራን ምፍታሕ ፀገማትን ንምድንፋዕ ዝሕግዙ መንገድታት ምሕባር።
- ህፃናት ኣብ ውሽጢ ውሑስ ሃዋህው ምስ ዕድመኦም ዝሰማማዕ ዕንቅፋታት ክገጥሙን ግደ ክወስዱን ምፍቃድ ኣገዳሲ ምኳኑ ምዝታይ።

**ፅብረቓን ኣተገባብራን (15 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብትን ወለድን ካብቲ ክፍለ ግዜ ዝወስድዎ ቀንዲ ነገራት ክግልፁ ምምራሕ።
- ሓብሒብትን ወለድን ኣብ ገዛ ንዝርከቡ ንጥፈታት መሰናኽል ንምፍጣርን ብቐፃሊ ንምውህሃድን ትልሚ ክሕንፅፁ ምትብባዕ።

**መዘኻኸሪ ንመሳሰዪ/ይት**

**ኣካላዊ ዕብየት**
- ምምዕባል ሓፈሻዊ ኣእምሮ ኣካላዊ ክእለት (ንኣብነት፡ ጉያ፡ ምዝላል፡ ምድያብ)
- ምዕባይ ክእለት ምሕላው ሚዛን፣ ምውዳድ ንጥፈትን ኣካላዊ ግንዛበን
- ምምዕባል ኣካላዊ ንጥፈታትን ምንቅስቓስ።

**ምምዕባል ኣእምሮኣዊ ግንዛብ**
- ክእለት ምፍታሕ ፀገምን ምምዕባል ዕምቆታዊ ኣተሓሳስባን።
- ግንዛበ ቦታን ምፍታሕ ፀገማትን
- ምምዕባል ምህዞን ጥበብን ክእለት ንድፊ

**ዕብየት ማሕበራዊ-ስምዒት**
- ዕድላት ምውዳድ ንጥፈታትን ሓበራዊ ዕዮታትን ይፈጥር።
- ምዕባይ ትኣማንነትን ዓርሰ እምነትን
- ምቁፅፃር ድፍኢትን ስምዒትን

**ኣእምራዊ ትልምን ቅደም ስዓብን**
- ክእለት ምትላምን ምፍፃምን ተኸታታሊ ምንቅስቓሳት
- ምምዕባል ክእለት ኣፈፃፅማ ስራሕ
- ምምሕያሽ ክእለት ምዝዛምን ምክትታልን ዕማማት

**ምጥቃም ስምዒት ሕዋሳት**
- ምስታፍን ምውዳድን ብዙሓት ስምዒት ሕዋሳት( ምርኣይ፣ ምድህሳስ፣ ምሕላው ሚዛን)
- ንዝተፈላለዩ ስምዒታት፣ ቅርፅን ገፃትን ምርዳእ።
- ልዑል ግንዛበ ኣካላዊ ምንቅስቓስ

**ረብሓ ምድፋዕ ንጡፋት ፀውታት**
- ጥዑይ ኣካላዊ ዕብየት ይድግፍን የቀላጥፍን።
- ክእለት ምግንዛብን ምፍታሕ ፀገማትን የዕቢ።
- ክእለት ማሕበራዊ-ስምዒትን ፅቡቕ ሂወትን የዕቢ።
- ፈጠራን ምናባዊ ኣተሓሳስባን የተባብዕ።
- ንስምዒት ሕዋሳት ዕድላት ምድህሳስ ይፈጥር።
- ንምምዕባል ሓፈሻውን ፅቡቕን ምውዳድ ንጥፈታት ኣእምሮ ኣካላዊ ይሕግዝ።
- ንጡፍ ኣነባብራን ጥዑይ ልምድታትን የስፋሕፍሕ።
- ኣብ ሓፈሻዊ ዕብየትን ትምህርትን ህፃናት ኣበርክቶ ይገብር።

**4.5.3. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 12፦ንጥፈት 117- ፈለማ ድሕንነት**

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ**

**ግዜ**፦100 ደቓይቕ **ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ**፦ ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ

**ብርኪ ዕድመ**፦ (1-5 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ከም ስድራ መጠን ብዛዕባ ሕግታት ድሕንነት፡ ከም ሓዊ ዘይምትንካፍ ወይ ናብ ፅርግያ ምጉያይ ዝኣመሰሉ ሕግታት ብቐፃሊ ተዘራረቡ። ካልኦት እውን ውሑስ ባህርያት መርኣያ ክኾኑን ክርእዩ ኣለዎም!

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት፦

- ህፃናት ውሑስ ምግባርን ኣብ ገዛን ኣብ ደገን ሓደጋታት ምክልኻልን ዘለዎ ኣገዳስነት ይርድኡ።
- ልሙዳት ሓደጋታት ገዛን ክጋጥሙ ዝኽእሉ ሓደጋታት ኣናእሽተይ ህፃናት ይፈልዩ።
- ንህፃናት ብዛዕባ ሕግታት ድሕንነት ንምምሃርን ውሑስ ባህርያት ንምልባስን ዝሕግዙ ስልትታት ይግንዘቡ።
- ውሑስ ሃዋህው ገዛ ንምፍጣርን ንህጻናት ብዛዕባ ውልቃዊ ድሕንነት ንምምሃርን ትልምን የዳልዉ።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ሓደጋታት ከስዕቡ ዝኽእሉ ናይ ገዛ ኣቑሑት (ንኣብነት፡ በሊሕ ነገራት፣ ሓዊ፣ ፍርያት ፅሬት፣)
- ውሑስን ዘይውሑስን ባህርያት ንምግላፅ ዝሕግዝ ስእላዊ ሓገዝ ወይ ምርኢታት

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ሓደጋታት ኣብ ውሽጢ ገዛን ደገን ከጋጥም ይኽእል እዩ። ከቢድ እንተኾይኑ ድማ ንዕብየት ሓደ ህፃን ክጎድእ ይኽእል።
- ኣናእሽተይ ህፃናት ዘለዎም ተፈጥሮኣዊ ፍልጠት ንምድህሳስ ዘለዎም ድሌትን ዝንባለንን ምስኡ ዝተኣሳሰር ሓደጋታት ምሉእ ብምሉእ ከይተረድኡ ኣብ ሓደገኛ ባህርያት ክዋፈሩ ክገብሮም ይኽእል።
- ብዛዕባ ሕግታት ድሕንነት ብቐፃሊ ምዝታይ፣ ውሑስ ባህርያት መርኣያ ምግባርን ግቡእ ክትትል ምሃብን ሓደጋታት ንምክልኻልን ህፃናት ውሑስ ንምግባርን ወሳኒ እዩ።
- ኣብ ከባቢ ገዛ ክህልዉ ዝኽእሉ ሓደጋታት ምልላይን ምፍታሕን ሓደገኛታት ነገራት ብውሑስ መንገዲ ብምኽዛን ሓደጋታት ምቕናስ ይክኣል እዩ።
- ንህፃናት ካብ ገዛ ወፃኢ ብዛዕባ ድሕንነት ምምሃር፡ ከም ኣብ ከባቢ ፅርግያታት፣ ማይ፡ እንስሳታትን ዘይፈልጥዎም ዓበይቲ ሰባትን ጥንቃቐ ምግባር፡ ውልቃዊ ግንዛበ ድሕንነት ንኸማዕብሉ ይሕግዞም።
- ህፃናት ኣብ ክህልዉ ዝኽእሉ ሓደጋታት (ንኣብነት ምድጃ፡ በሊሕ ነገራት) ምጥቃም ኣብ ዘድልዮም ኩነታት ብዘይ ክትትል ከይተርፉ ምርግጋፅ ሓደጋታት ንምክልኻል ክሕግዝ ይኽእል።
- ኣብ ውሽጢ ስድራን ሕብረተሰብን ኩሉ ሰብ ህፃናት ምክልኻል ሓላፍነት ዝወስድ ባህሊ ድሕንነት ምዕባይ፣ ሓደጋታት ንምንካይን ፅቡቕ ሂወት ህፃናት ንምድንፋዕን ኣገዳሲ እዩ።

**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን "ፈለማ ድሕንነት" ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ህፃናት ውሑስናኦም ምሕላውን ሓደጋታት ምክልኻልን ኣገዳስነቱ ምብርህራህ።
- ዕላማ እቲ ክፍለ ግዜ ንሓብሒብትን ወለድን ምፍላጥ።

**ልሙድ ሓደጋታት ገዛ (20 ደቓይቕ)**

- ልሙድ ሓደጋታት ገዛ መሰረት ብምግባር ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ምውላዕን ተሳተፍቲ ብፅሞና ክዳምፁ ምግባርን።
- ንኣንኣሽተይ ህፃናት ሓደጋ ክስዕቡ ዝኽእሉ ልሙዳት ኣቑሑት ገዛ ምልላይን ምዝታይን። (ንኣብነት፡ በሊሕ ነገራት፡ ውዑይ ነገራት፡ ፍርያት ፅሬት፡ኤሌትሪክ፣ ሓዊ )
- ንሓደገኛታት ነገራት ህፃናት ካብ ዝበፅሕዎ ቦታ ብኸመይ ብግቡእ ከም እትዕቅቦምን ከም እትሕዞምን መርኣያ ምቕራብ።
- ሓብሒብቲ ኣብ ገዝኦም ምርግጋፅ ድሕንነት ከካይዱን ክመሓየሹ ዘለዎም ከባቢታት ከለልዩን ምትብባዕ

**ንህጻናት ብዛዕባ ድሕንነት ምምሃር (25 ደቓይቕ)**

- ንህጻናት ብዛዕባ ሕግታት ድሕንነት ንምምሃርን ውሑስ ባህርያት መርኣያ ንምግባርን ዝሕግዙ ስልትታት ምዝታይ።
- ፅንሰ ሓሳብ ድሕንነት ንህፃናት ንምትሕልላፍ ምስ ዕድመ ዝምጥን መገድታት ኣብነታት ምቕራብ (ንኣብነት፡ ስእላዊ ሓገዝ ምጥቃም፡ ግደ ምፅዋት፡ ዛንታ ምዝንታው)
- ኣገዳስነት ቀፃልነት ዘለዎ መተባብዒ ንምትእትታው ድልዱል ስልቲ ድሕንነት ህፃናት ኣብቲ መስርሕ ምትእትታውን ምጉላህ።

**ድሕንነት ካብ ገዛ ወፃኢ (20 ደቓይቕ)**

- ህፃናት ኣብ ደገ ገዛ ወይ ከባቢታት (ንኣብነት፡ ፅርግያታት፡ ማይ፡ እንስሳታት፡ ዘይፈልጥዎ ዓበይቲ ሰባት) ከጋጥሞም ዝኽእል ሓደጋታት ምዝታይ
- ንህፃናት ብዛዕባ ውልቃዊ ድሕንነትን ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ግቡእ ባህርያትን ከመይ ጌርካ ከም እትምህሮም መምርሒ ምሃብ
- ንህፃናት ንምክትታልን ንደገ ክትወፍር ከለኻ ሕግታት ድሕንነት ንምትካልን ዝሕግዙ ግብራዊ ምኽርታት ሓሳብ ምሃብ

**ንሓደጋታትን ህፁፅ ግብረ መልሲ ምላሽ ምሃብ (15 ደቓይቕ)**

- ረብሓ ፍልጠት ቀዳማይ ረድኤትን ኣብ ገዛኻ ፅቡቕ ዕጥቂ ዘለዎ ናውቲ ህፁፅ እዋን ኣብራህርህ/ሂ።
- ቀሊል መጉዳእቲ ወይ ህፁፅ ኩነታት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ብኸመይ ግቡእ ምላሽ ከም ዝወሃብ መምርሒ ምሃብ።
- ሓብሒብትን ወለድን ህፃን ሓደጋ እንተጋጥሞ ብህድኣት ዝተቐመጡ ሕግታት ህፁፅ እዋን ክኽተሉ ምትብባዕ

**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፡-ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን “ፈለማ ድሕንነት” ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ህፃናት ውሑስናኦም ምሕላውን ሓደጋታት ምክልኻልን ኣገዳስነቱ ምብርህራህ።
- ዕላማ እቲ ክፍለ ግዜ ንሓብሒብትን ወለድን ምፍላጥ።

**ልሙድ ሓደጋታት ገዛ (20 ደቓይቕ)**

- ልሙድ ሓደጋታት ገዛ መሰረት ብምግባር ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ምውላዕን ተሳተፍቲ ብፅሞና ከዳምፁ ምግባርን።
- ንኣንኣሽተይ ህፃናት ሓደጋ ከስዕቡ ዝኽእሉ ልሙዳት ኣቑሑት ገዛ ምልላይን ምዝታይን። (ንኣብነት፡ በሊሕ ነገራት፡ ውዑይ ነገራት፡ ፍርያት ፅሬት፡ኤሌትሪክ፣ ሓዊ )
- ንሓደገኛታት ነገራት ህፃናት ካብ ዝበፅሕዎ ቦታ ብኸመይ ብግቡእ ከም እትዕቅቦምን ከም እትሕዞምን መርኣያ ምቕራብ።
- ሓብሒብቲ ኣብ ገዝኦም ምርግጋፅ ድሕንነት ከካይዱን ክመሓየሹ ዘለዎም ከባቢታት ከለልዩን ምትብባዕ

**ንህጻናት ብዛዕባ ድሕንነት ምምሃር (25 ደቓይቕ)**

- ንህጻናት ብዛዕባ ሕግታት ድሕንነት ንምምሃርን ውሑስ ባህርያት መርአያ ንምግባርን ዝሕግዙ ስልትታት ምዝታይ።
- ፅንሰ ሓሳብ ድሕንነት ንህፃናት ንምትሕልላፍ ምስ ዕድመ ዝምጥን መገድታት ኣብነታት ምቕራብ (ንኣብነት፡ ስእላዊ ሓገዝ ምጥቃም፡ ግደ ምፅዋት፡ ዛንታ ምዝንታው)
- ኣገዳስነት ቀፃልነት ዘለዎ መተባብዒ ንምትእትታው ድልዱል ስልቲ ድሕንነት ህፃናት ኣብቲ መስርሕ ምትእትታውን ምጉላህ።

**ድሕንነት ካብ ገዛ ወፃኢ (20 ደቓይቕ)**

- ህፃናት ኣብ ደገ ገዛ ወይ ከባቢታት (ንኣብነት፡ ፅርግያታት፡ ማይ፡ እንስሳታት፡ ዘይፈልጥዎ ዓበይቲ ሰባት) ከጋጥሞም ዝኽእል ሓደጋታት ምዝታይ
- ንህፃናት ብዛዕባ ውልቃዊ ድሕንነትን ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ግቡእ ባህርያትን ከመይ ጌርካ ከም እትምህሮም መምርሒ ምሃብ
- ንህፃናት ንምክትታልን ንደገ ክትወፍር ከለኻ ሕግታት ድሕንነት ንምትካልን ዝሕግዙ ግብራዊ ምኽርታት ሓሳብ ምሃብ



**ንሓደጋታትን ህፁፅ ግብረ መልሲ ምላሽ ምሃብ (15 ደቓይቕ)**

- ረብሓ ፍልጠት ቀዳማይ ረድኤትን ኣብ ገዛኻ ፅቡቕ ዕጥቂ ዘለዎ ናውቲ ህፁፅ እዋን ኣብራህርህ/ሂ።
- ቀሊል መጉዳእቲ ወይ ህፁፅ ኩነታት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ብኸመይ ግቡእ ምላሽ ከም ዝወሃብ መምርሒ ምሃብ።
- ሓብሒብትን ወለድን ህፃን ሓደጋ እንተጋጥሞ ብህድኣት ዝተቐመጡ ሕግታት ህፁፅ እዋን ክኽተሉ ምትብባዕ

**ፅብረቓን ምድላው ትልምን (10 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብትን ወለድን ህፃን ካብዚ ክፍለ ግዜ ዝወስድዎ ቁልፊ ነገራት ከሰላስሉ ምግባር።
- ንገዝኦምን ስድራቤቶምን ዝምልከት ውልቀ ትልሚ ድሕንነት ክሕንፅፁ ምትብባዕ።

## መዘኻኸሪ ንመሳሰዪ/ይት

**ኣካላዊ ዕብየት**

- ምምዕባል ሓፈሻዊ ኣእምሮ ኣካላዊ ክእለት (ንኣብነት፡ ጉያ፡ ምዝላል፡ ምድያብ)
- ምዕባይ ክእለት ምሕላው ሚዛን፣ ምውዳድ ንጥፈትን ኣካላዊ ግንዛበን
- ምምዕባል ኣካላዊ ንጥፈታትን ምንቅስቓስ።

**ምምዕባል ኣእምሮኣዊ ግንዛብ**

- ክእለት ምፍታሕ ፀገምን ምምዕባል ዕምቆታዊ ኣተሓሳስባን።
- ግንዛበ ቦታን ምፍታሕ ፀገማትን
- ምምዕባል ምህዞን ጥበብን ክእለት ንድፊ

**ዕብየት ማሕበራዊ-ስምዒት**

- ዕድላት ምውዳድ ንጥፈታትን ሓበራዊ ዕዮታትን ይፈጥር።
- ምዕባይ ትኣማንነትን ዓርሰ እምነትን
- ምቁፅፃር ድፍኢትን ስምዒትን

**ኣእምራዊ ትልምን ቅደም ስዓብን**

- ክእለት ምትላምን ምፍፃምን ተኸታታሊ ምንቅስቓሳት
- ምምዕባል ክእለት ኣፈፃፅማ ስራሕ
- ምምሕያሽ ክእለት ምዝዛምን ምክትታልን ዕማማት

**ምጥቃም ስምዒት ሕዋሳት**

- ምስታፍን ምውዳድን ብዙሓት ስምዒት ሕዋሳት( ምርኣይ፣ ምድህሳስ፣ ምሕላው ሚዛን)
- ንዝተፈለለዩ ስምዒታት፣ ቅርፅን ገፃትን ምርዳእ።
- ልዑል ግንዛበ ኣካላዊ ምንቅስቓስ

**ረብሓ ምድፋዕ ንጡፋት ፀውታት**

- ጥዑይ ኣካላዊ ዕብየት ይድግፍን የቀላጥፍን።
- ክእለት ምግንዛብን ምፍታሕ ፀገማትን የዕቢ።
- ክእለት ማሕበራዊ-ስምዒትን ፅቡቕ ሂወትን የዕቢ።
- ፈጠራን ምናባዊ ኣተሓሳስባን የተባብዕ።
- ንስምዒት ሕዋሳት ዕድላት ምድህሳስ ይፈጥር።
- ንምምዕባል ሓፈሻውን ፅቡቕን ምውዳድ ንጥፈታት ኣእምሮ ኣከላዊ ይሕግዝ።
- ንጡፍ ኣነባብራን ጥዑይ ልምድታትን የስፋሕፍሕ።
- ኣብ ሓፈሻዊ ዕብየትን ትምህርትን ህፃናት ኣበርክቶ ይገብር።

## 4.6. ዓውደ ፀወታ ዕብየት ብሓሙሽተ

### 4.6.1. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 13፦ንጥፈት 32 - ሰኣለኒ/ኒ ክስእለካ/ኪ

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ**

**ግዜ፦**90 ደቓይቕ **ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦** ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ

**ብርኪ ዕድመ፦** (3-5 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ስእሊ ሓደ ነገር ራኢና ዝፈጥረልና ስምዒት ከመይ ከምዘተኣሳስር ንረዳእ!!

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሐብትን ወለድን ህፃናት፦

- ህፃናት ኣብ ንጥፈታት ስእሊ ዓርሰ-ምስኣልን ምውፋር ዘለዎ ረብሓ ይገልፁ።
- ንህፃናት ስእሊ ዓርሰ-ስእሊ ንምምችቻውን ዝድግፉን ስልትታት ይለልዩ።
- ንፍሉይ ዓርሰ ገለፃ ህፃናት ብስእሊ ምፅንባል ኣገዳሲ ምኻኑ ይግንዘቡ።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ንእዚ ክፍለ ግዜ መሰረት ብምግባር ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ
- ንምስኣል ዝሕግዙ ናውቲ (ወረቐት፣ማርከር፣ቆፅሊ፣ መጫሕገሪ ግንጫር፣ ሕብራዊ እርሳስ፣ ማርከር ልሙፃት እምኒ)።
- ኣብነታት ናይህፃናት ዓርሰ-ስእሊ (ብፍቓድ)።

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ረብሓታት ምስኣል ዓርሰ ስእሊ፦ ህፃናት ኣብ ምስኣል ዓርሰ ስእሊ ምስታፍ፡ ክእለት ግንዛበ (ነገራት ምዕዛብን ምትንታንን) የዕቢ። ማሕበራዊ-ስምዒታዊ ምዕባለ (ዓርሰ ግንዛበን ርእሰ ምትእምማንን) የዕቢ፡ ከምኡ'ውን ፈጠራ (ፈጠራዊ ኣተሓሳስባን ስነ-ጥበባዊ ክእለትን) የማዕብል።
- ስልትታት ምምችቻው፦ ዘይፍርዳዊ ሃዋህው ብምፍጣር፣ ናውቲ ፈተነታት ብምቕራብ፣ ከምኡ'ውን ፍሉይ ትርጉማት ዓርሰ-ስእሊ ብምሃብ፣ ንዓርሰ ስእሊ ህፃናት ምድጋፍ።
- ምጥንኻር ሕያዋይነትን ትዕዝብትን፦ ንጥፈታት ስእሊ ዓርሰ ስእሊ ህፃናት ንመዛኑኦም ክዕዘቡ፣ ውልቃዊ ፍልልያት ከለልዩን ስነ-ጥበባዊ ስርሖም ብምክፋልን ብምዝታይን ርህራሄ ከዕብዩን የተባብዑ።
- ብዙሕነት ምኽባር፦- ስእሊ ርእሰ-ስእሊህፃናት ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታኦምን ተመኩሮታቶምን ዘንፀባርቕ ኮይኑ፣ ንኹሉ ዓይነት ርእሰ ምግላፅ ዋጋ ምሃብን ምኽባርን ዘለዎ ኣገዳስነት ዘጉልህ እዩ።
- ተወፋይነት ንልምምድ፦ ተሳተፍቲ ቀፃሊ ምዕባለን ፈጠራን ንምድንፋዕ፡ ንጥፈታት ስእሊ ዓርሰ ስእሊ ኣብ ፍልመ ዕድመ ቁልዕነቶም ከእትዉ የተባብዑ።

**ቀንዲ ንጥፈታት  ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ**

**መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሐብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን “ምስኣል ዓርሰ ስእሊ” ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ዕላማታት ክፍለ ግዜ ምቕራብ።
- ተሳተፍቲ ብዛዕባ ኣብ ምስኣል ዓርሰ ስእሊ ህፃናት ዘለዎም ተመኩሮኦም ከካፍሉ ግበር/ሪ።

**ምድህሳስ ምስኣል ዓርሰ ስእሊ (30 ደቓይቕ)**

- ናይ ባዕልኻ ስእሊ ምስኣል ብዛዕባ ዘለዎ ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራዊ-ስምዒታውን ፈጠራውን ረብሓታት ምስ ሓብሐብትን ወለድን ተዛተይሉ ትኹረት ሂብካ/ኪ መብራህርሂ ሃበሉ/ሃብሉ።
- ንእዚ ርእሲ መሰረት ብምግባር ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ወለዕሎም እሞ ብኣቓልቦ ከዳምፁ ግበር/ሪ። ብምስዓብ እዞም ዝስዕበ ንጥብታት ኣብራህርህ/ሂ።
- ኣእምሮኣዊ (COGNITIVE)፦ ክእለት ትዕዝብቲ ፡ ምፍታሕ ፀገማት፡ ግንዛበ ቦታ፣ ክእለት ምዝካር የዕቢ።
- ማሕበራዊ-ስምዒት፦ ዓርሰ ግንዛበ ይሃንፅ፣ ርእሰ ምትእምማን የስፋሕፍሕ፣ ርክብ ድማ የተባብዕ።
- ፈጠራዊ፦ ኣማታይነት(ምናባዊ ኣተሓሳስባ፣ ስነ-ጥበባዊ ክእለትን መንፈስ ተዓዋታይነትን የዕቢ።

**ትሕብብራዊ ምስኣል (40 ደቓይቕ)**

- ተሳተፍቲ ብፅምዲ ወይ ንኡሳት ጉጅለታት ምውዳብ።
- ተሳታፍቲ በብተራ ሓደ ሰኣሊ እቲ ሓደ ተሳኣሊ" መርአያ" ብምኟን ኣብ ቶም ተሰኣልቲ ንዝርአ ፍሉያት ባህርያትን መግለፅታትን ጠመተ ብምሃብ ይስእልዎም። (ድሕሪ 10-15 ደቓይቕ ተራታት ምቕያር) ።
- መሳሰዪ/ይት ናውቲ ስእሊ ብምቕራብ ንፈተነታት ምብርታዕን ሜላታት ኣሰኣእላ ሓገዛት ግበር/ሪ።
- ተሳተፍቲ ስእሎም ዘቕርብሉን ተመኩሮታቶም ዝዛተየሉን ናይ ምክፋል መደብ ምምችቻው።
- እዚ ንጥፈት እዚ ብኸመይ ርህሩህነት፣ ክእለት ትዕዝብቲን ፈጠራዊ መግለፅን ከም ዘስፋሕፍሕ ዘለዎም ግንዛበ ክግልፁ ምግባር

**ፅብረቓን ምድላው ትልምን (10 ደቓይቕ)**

- ሓብሐብትን ወለድን ካብቲ ክፍለ ግዜ ዝወስድዎ ቀንዲ ቁም ነገራት ኣብ ከሳላስሉ ምትሕብባር።
- ኣብ ገዛ ውላዶም ከመይ ኣብ ዓርሰ ስእሊ ምስታፍ ከምዝድልዩ ትልሚ ከዳልዉ ግበር/ሪ
- ኣብዚ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ዝረኸብዎ ተመኩሮ ኣብ ገዝኦምን ስድራቤቶምን ክጥቀሙሉ ምትብባዕ።



**መዘኻከሪ ንመሳሰዪ/ይት**

**ከም ቆልዑ**

- ብስእሊ ኣቢልካ ዓርሰ ምግላፅ ብምዕያይ ነፅነትን ታሕጓስን ፍጠር።
- ብዝተፈላለዩ ንውትን ምይላታትን ዓርስኻ ፈትን።
- እንትትስእል ፍሉያትን ዝርዝራት ባህርያት ኣብ ምግላፅ ጠመተ ግበር።
- ኣብ ምህዞኻን ስራሕኻን ስምዒት ሓበንን ዕግበትን ይሰማዕኻ።
- ንእዚ ዓርሰ ስእሊ ምስኣል ዕብየቶም ዝስነደሉ መንገዲ ጌርካ ምኽባርን ምስናድን።

**ከም መምህራን መፈለምታ ዕድመ ቁልዕነት፤**

- ኣብ እዋን ንጥፈታት ስእሊ ህፃናት ዝረኽብዎ ሓጎስን ዝገብርዎ ተሳትፎን ተዓዘቡ።
- ምስኣል ዓርሰ-ስእሊ ንህፃናት ዓርሰ ግንዛበኦም ከመይ ክምዘማዕብል ተዓዘቡ።
- ኣብ ቆልዑ ዘሎ ፍልልይ ዓርሰ ምግላፅ ኣኽብርን ኣድንቕን።
- ህፃናት ብድሕሪ ስእሎም ዘሎ ዛንታታትን ትርጉማትን ከካፍሉ ኣተባብዕ።
- ዓርሰ ስእሊ ህፃናት ብምዝርጋሕ ስምዒት ዋንነትን ማሕበረሰብን ክዕብዩ ኣበራትዕ።

**ስእሊ ክእለት ፈጠራን ምፍታሕ ፀገማትን ቆልዑ ኣብ ምዕባይ ዘለዎ ግደ ተረዳእ።**

1. ምስኣል ዓርሰ-ስእሊ ንኣንኣሽተይ ህፃናት ዘለዎ ኣእምሮኣዊ፣ ማሕበራዊ-ስምዒትን ፈጠራውን ረብሓታት

**ረብሓታት ኣእምሮኣዊ ግንዛበ**

- ህፃናት ናይ ገዛእ ርእሶም ባህርያት ኣብ ዘፅንዑሉ እዋን ክእለት ትዕዝብትን ትንተናን የማዕብሉ።
- ህፃናት ዝተፈላለየ መይላታት ስእሊ ክድህስሱ ክእለት ምፍታሕ ፀገምን ውሳነ ምሃብን የዕብዩ።
- ንዕቤት ቦታዊ ግንዛበን ብሉፅ ክእለት ኣካለ ኣእምሮኣውን ይድግፍ።
- ህፃናት ኣብ ወረቐት ናይ ገዛእ ርእሶም ምስሊ ክውክሉ ክእለት ከለዉ ምዝካርን ምስትዋስን የዕቢ።

**ረብሓታት ማሕበራዊ-ስምዒት**

- ህፃናት ብዛዕባ ፍሉይ ባህርያቶም ከስተንትኑ ከለዉ ዓርሰ ግንዛበን ስምዒት መንነትን ይሃንፁ።
- ህፃናት ብናይ ባዕሎም ስእሊ ክሕበኑ ከለዉ ኣንነታውን ዓርሰ እምነትን የስፍሑ።
- ዓርሰ ምግላፅን ሓሳባትን ስምዒታትን ናይ ምትሕልላፍ ክእለትን የተባብዕ።
- ህፃናት ብዛዕባ ስእልታቶም ኣብ ዝገልፅሉን ዝመያየጥሉን እዋን ማሕበራዊ ምትእስሳር የጠናኽር።

**ረብሓታት መሃዛይነት**

- ዝተፈላለዩ መይላታትን ናውትታትን ክላለዩን ክፍትኑን ዕድል ይኸፍት።
- ህፃናት ንናይ ገዛእ ርእሶም መልክዕ ብፍሉይ መንገዲ ኣብ ዝገልፅሉ እዋን መሃዛይነትን ፈጠራን ከማዕብሉ ይሕግዝ።
- ቆልዑ ጥበባዊ ክእለትን ምምጥጣን ቦታ ስእልን ከዕብዩ ይድግፍ።
- ቆልዑ ፈጠራዊ ስራሕቲ ክዛዝሙ ከለዉ ስምዒት ኣእምራዊ ዕግበትን ውልቃዊ ሕርያን የዕቢ።

**4.6.2.. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 14፦ንጥፈት 81 - ምርዳእ ህርመት/ዜማ**

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ**

**ግዜ**፦80 ደቓይቕ **ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ**፦ ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ

**ብርኪ ዕድመ**፦ (1.5-5 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ሳዕስዒት ሓንጎል ህፃን ንምህናፅ ብኸመይ ይሕግዝ?

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት፦

- ኣብ መፈለምታ እዋን ቁልዕነት ንጥፈታት ህርመትን ምንቅስቓስን ምውዳድ ኣገዳሲ ምዃኑ ይግንዘቡ።
- ንህፃናት ኣብ ህርመታውን ሙዚቃውን ተመኩሮታት ንምስታፍ ዝሕግዙ ዝተፈላለየ መንገድታት ይድህስሱ።
- ህፃናት ኣብ ህርመት ዝተመርኮሰ ንጥፈታት ብምክያድ ንዕብየት ኣካል ኣእምሮኣዊ ክእለት፣ ዓርሰ-ምግላፅን ክእለት ማሕበራዊ ስምዒትን ዝድግፉ ስልትታት ይለልዩ።ተባሂሉ ይእመን።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ደርፊ ንምውላዕ ዝጠቕም ሞባይል፣ ቴብ፣ መጋውሒ ድምፂ
- ንመንቀሳቐስን ሳዕስዒትን ዝምችው ክፍቲ ቦታ።
- ረብሓታ ንጥፈታት ህርመትን ምንቅስቓስን ዝምልከት ሓበሬታ ዝሓዘ መፅሓፍ መምርሒ ሰልጠንቲ።

**ክትሓዙ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ረብሓ ህርመትን ምንቅስቓስን፦ ኣብ ፍልመ ዕድመ ቁልዕነት ንጥፈታት ህርመትን ምንቅስቓስን ምውህሃድ ኣብ ህፃናት ኣካለ ኣእምሮ ክእለትን ዕብየት ማሕበራዊ-ስምዒትን ንምምዕባል ኣገዳሲ እዩ።
- ዕብየታዊ ረብሓታት፦ ኣብ ህርመት ዝተመርኮሰ ንጥፈታት እዞም ዝስዕቡ የዕብይ።
- ክእለት ትግበራ ፦ ምውህሃድ፣ ብልሓትን ሓፈሻዊ ኣካላዊ ብቕዓትን የመሓይሽ።
- ክእለት ግንዛበ፦ ፈጠራውነት፣ ቅዲ፣ ኣፍልጦን ክእለት ምፍታሕ ፀገማትን የዕቢ።
- ክእለት ማሕበራዊ-ስምዒት ፦ ምትሕብባር የተባብዕ፣ ርእሰ-ምትእምማን ምግላፅ ስምዒትን የዕቢ።

**ስልትታት ምስታፍ፦** ንህፃናት ኣብ ህርመታዊ ተመኩሮታት ንምስታፍ ዝተፈላለየ መገድታት ምድህሳስ፣ (ንኣብነት ሳዕስዒት፣ መሳርሒታት ሙዚቃ ምፅዋትን ምጥቃምን ሓበራዊ ምርኢታትን።)

**ግንዛበ ባህሊ፦** ብህርመትን ሙዚቃን ንዝተፈላለዩ ባህላዊ ድሕረ ባይታታት ምርዳእን ምድናቕን ምጥንኻር ማሕበረሰብውነትን ስምዒት ዋንነትን ምዕባይ።

**ተወፋይነት ንልምምድ፦** ተሳተፍቲ ህርመትን ምንቅስቓስን ኣብ መዓልታዊ ልምምዳቶም ንምውህሃድ፡ ኣብ ህፃናት ኩለንተናዊ ምዕባለ ዝድግፉ መደባት ስራሕ ክፈጥሩ ይተባብዑ

**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ**

**መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሒብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን "ምርዳእ ህርመት" ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ዕላማታት ክፍለ ግዜ ምቕራብ።
- ተሳተፍቲ ኣብ ህርመትን ምንቅስቓስን ዘለዎም ተመኩሮ ቁልዕነቶም ወይ ኣብ ውላዶም ዝትግብርዎ ተመኩሮታቶም ክገልፁ ግበር/ሪ።

**ረብሓታት ምርዳእ ህርመት (20 ደቓይቕ)**

- ብዛዕባ ምርዳእ ህርመት መሰረት ብምግባር ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ብምውላዕ ሓብሒብትን ወለድን ከዳምፅዎ ምግባር።
- ክእለት ትግበራ፦ ምውዳድ፣ ብልሓትን ጥንካረን የዕብይ።
- ክእለት ኣእምሮኣዊ ግንዛበ፦ ንኣፍልጦ ቅድን ፈጠራን ይድግፍ።
- ማሕበራዊ-ስምዒታዊ ክእለት፦ ምትእስሳር፣ ምትሕብባርን ርእሰ-ምትእምማን የዕቢ።
- ምዕባለ ቋንቋ፦ ፍልጠት ቃላትን ክእለት ርክብን የዕቢ።
- ግንዛበ ባህሊ ፦ ብዙሕነት ምርዳእን ምድናቕ የማዕብል።

**ዳህሳስ ኣብ ጥቓኻ ዝርከቡ ህርመትን ሳዕስዒትን (40 ደቓይቕ)**

- ንሓብሒብትን ወለድን ኣብ ንኡሳት ጉጅለታት ምውዳብ (4-5 ሰባት)።
- ኣብ ጥቓኻ ዝርከቡ ናውቲ (ንእሽተያት እምኒ፣ ዕንጨይቲ፣ ብርዒ ፣ እርሳስ ኢድ ወዘተ) ተጠቒምካ ዝተመዓራረየ ህርመታት ክፈጥሩ ምትሕብባር።
- ንዘዳለውዎም ህርመታት ብምንቕስቃስ ኣሰንዮም ከቕርቡ 5–7 ደቓይቕ እዋን ምርኢት መደብ/ቢ።
- ንጡፍን ኣሳታፍን ዝኾነ ፀወታ ምድላው ኣገዳሲ ምኳኑ ዝመሃህርሉ ዘተ ምምችቻው።

**ፅብረቓን ምድላው ትልሚ ትግበራን (10 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብትን ወለድን ካብቲ ክፍለ ግዜ ዝወስድዎ ቀንዲ ነጥብታት ኣዘኻኽር/ሪ።
- ንእቲ ተመኩሮ ኣብ ገዝኦምን ስድርኦምን ክጥቀሙሉ ምትብባዕ።



**መዘኻኸሪ ንመሳሰዪ/ይት**

**ቁልፊ ዕብየታዊ ረብሓታት ርድኢት ህርመት**
ዕብየት ኣካለ ኣእምሮኣዊ ክእለት
- ሓፈሻውን ብሉፅን ምውዳድ ኣካለ ኣእምሮኣዊ ክእለት የዕቢ።
- ምውዳድ ኢድን ዓይንን ከምኡ'ውን ብልሓት የሐይል።

**ክእለት ግንዛበ**
- ንኣፍልጦ ቅድን ምፍታሕ ጸገማትን ይድግፍ።
- ፈጠራን ዝተፈላለየ ኣተሓሳስባን የተባብዕ።
- ኣቓልቦን ትኹርነትን ምዝካርን የማዕብል።

**ክእለት ማሕበራዊ ስምዒት**
- ማሕበራዊ ርክብ፡ ምትሕብባርን ሓበራዊ ስራሕን የዕቢ።
- ርእሰ-ምትእምማንን ዓርሰ ምቁፅፃር ስምዒታዊ ገለፃን የዕቢ።
- ሓፈሻዊ ፅቡቕ ሂወትን ርእሰ-ምትእምማንን የስፋሕፍሕ።

**ቋንቋን ርክብን**
- ምዕባለ ቋንቋ፡ ቃላዊ ኣገላልፃን ፍልጠት ቃላትን የዕብዮ።
- ክእለት ግደኻ ምውሳድን ምዕላልን።
- ክእለት ምዝርራብ የሐይል።

**ባህላዊ ግንዛበን ኣድናቖትን**
- ባህላዊ ግንዛበን ሓላፍንታዊ ስምዒትን የዕቢ።
- ምርዳእን ምድናቖን ብዙሕነት የስፋሕፍሕ።
- ስምዒት ማሕበረሰብን ዋንነትን ይሃንፅ።

**4.6.3. ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን 15**

**ንጥፈት 117 ን 121 - ሕንቅል ሕንቅሊተይ ህፃናት ንኽመሃሩ ይሕግዞም**

**ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ክፍለ ግዜ**

**ግዜ**:-80 ደቓይቕ **ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ**:- ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ

**ብርኪ ዕድመ:-** (4-5 ዓመት)

**ኣመልካቲ ሓሳብ**

ሰሓቢ መንገዲ ምህናፅ ክእለት ምሕሳብ!

**ዕላማታት ትምህርቲ**

ድሕሪ እዚ ኽፍለ ግዜ ሓብሒብትን ወለድን ህፃናት:-

- ምስ ኣንኣሽተይ ቆልዑ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ምፅዋት ዘለዎ ትምህርታዊ ረብሓታት ይገልፁ።
- ሕንቅል ሕንቅሊተይ ኣብ ንጥፈታት መፈለምታ ዕድመ ቁልዕነት ንምውህሃድ ዝሕግዙ ስልትታት ይፈልዩ።
- ንትምህርቲ ህፃናት ዝድግፉ ምስ ዕድመ ዝሰማማዕ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ምፍጣርን ምክፋልን።

**ዘድልዩ ናውትታት**

- ብኹራ ዓውደ ፀወታ
- ሕንቅል ሕንቅሊተይ ንምፍጣርን ንምክፋልን ዝሕግዙ ናውቲ (ንኣብነት ወረቐት፣ ኣቕሑ ፅሑፍ፣ ተጣባቒ ፅሑፋት)።

**ክውሰዱ ዝግብኦም ቀንዲ ነጥብታት**

- ምምዕባል ፍልጠት ቃላት፦ ርክብን ኣገላልፃ ቃላትን ምምሕያሽ።
- ምዕባይ ዓቕሚ ምፍታሕ ፀገማት፦ ፈጠራን ስነ-መጐታዊ ምኽንያትን ምድንፋዕ።
- ምጥንኻር ምትሕብባር፦ ርእስ ምትእምማንን ትኽእሎ ምፅዋትን ምዕባይ።

**ቀንዲ ንጥፈታት ኣቀማምጣ ተሳትፍቲ፦ምሉእ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኽቢ**

**መእተዊ (10 ደቓይቕ)**

- ንሓብሐብትን ወለድን ህፃናት ሰላምታ ብምቕራብን ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ድሙቕ ኣቀባብላ ምግባር።
- ርእሲ ዕለታዊ ክፍል ዋዕላ ምድማፅን ዘተን "ሕንቅል ሕንቅሊተይ ህፃናት ንኽመሃሩ ይሕግዞም " ዝብል ምኳኑ ምልላይ።
- ዕላማታት ክፍለ ግዜ ምቕራብ።
- ሓብሐብትን ሕንቅል ሕንቅሊተይ ዘለዎም ተመኩሮ ቁልዕነቶም ወይ ኣብ ውላዶም ዝትግብርዎ ተመኩሮታቶም ክገልፁ ግበር/ሪ።

**ረብሓ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ( 20 ደቓይቕ)**

- ሕንቅል ሕንቅሊተይ መሰረት ብምግባር ዝተቐረፀ ውሁድ ድምፂ ብምውላዕ ሓብሐብትን ወለድን ከዳምፅዎ ግበር/ሪ።
- ብምስዓብ ብዛዕባ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ኣብ ትምህርቲ ዘለውዎ ረብሓታት ምዝታይ። ንኣብነት፤
- ምዕባለ ቋንቋ፦ ፍልጠት ቃላትን ርክብን የዕቢ።
- ዓሚቕ ኣተሓሳስባ፦ ምፍታሕ ፀገማትን ፈጠራን የስፋሕፍሕ።
- ምዕባለ ማሕበራዊ ስምዒት፦ ምትሕብባርን ዓርሰ ምግላፅን የዕቢ።

**ኣብ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ዝተመርኮሰ ንጥፈታት ( 40 ደቓይቕ)**

- ትምህርታዊ ረብሓታት ሕንቅል ሕንቅሊተይ ደጊምካ ኣቕርቡ/ቢ።
- ሓብሐብትን ወለድን ካብ ተመኩሮኦም ዝረኸብዎ ርድኢትን ኣብነታትን ከካፍሉ ኣተባብዕ።
- ሓብሐብትን ወለድን ኣብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ብምምቃል ኣብ ቋንቋ፡ ምፍታሕ ፀገማትን ዓሚቕ ኣተሓሳስባን ዘተኮረ ምስ ዕድመ ዝሰማማዕ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ክፈጥሩ ወይ ክዝኽሩ ግበር/ሪ።
- ጉጅለታት ዝፈጠርዎም ሕንቅል ሕንቅሊተይን ካብቲ ንጥፈት ዘለዎም ሓሳብን ምስቲ ናብ ዓብዪ ጉጅለ ከካፍሉ ምምራሕ።
- ሕንቅል ሕንቅሊተይ ኣብ ትምህርቲ ፍልመ ቁልዕነትን ንምውህሃድ ዝሕግዙ ስልትታት ምዝታይ
- ሕንቅል ሕንቅሊተይ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ምውህሃድ (ንኣብነት ግዜ ምዝንታው)።
- ሕንቅልሕንቅሊተይ ከም መነቓቕሒ ምጥቃም።
- ህፃናት ናይ ገዛእ ርእሶም ሕንቅል ሕንቅሊተይ ክፈጥሩን ከካፍሉን ምትብባዕ።



**ፅብረቓን ምድላው ትልሚ ተግባርን (10 ደቓይቕ)**

- ሓብሒብትን ወለድን ካብቲ ክፍለ ግዜ ዝወስድዎ ቁልፊ ነገራት ኣብ ምሕሳብ ምምራሕ
- ንዝረኸብዎ ተመክሮ ኣብ ገዝኦምን ስድራቤቶምን ክጥቀሙሉ ምትብባዕን ምሕባርን።

**መዘኻኸሪ ንመሳሰዪ/ይት**

- ሕንቅል ሕንቅሊተይ ንህፃናት ስሓብን ፈታንን ሰፊሕ ክእለት ንኽመሃሩ ዝሕግዝ ፀወታ'ዩ።
- ሕንቅል ሕንቅሊተይ ግድል ቃላት ምፍታሕ፣ መልሲ ምንዳይ፣ ሓሳባት ምፍላኽን መሃዝነትን ምትእስሳር የጠቓልል።
- ሕንቅል ሕንቅሊተይ ንህፃናት ከም ሓፈሻዊ ፍልጠት፣ ነቐፌታዊ ኣተሓሳስባ፣ ምፍታሕ ፀገማት፣ ቋንቋ፣ ግድ ምውሳድን ፈጠራን ዝኣመሰሉ ክእለታት ብምምዕባል ንቤት ትምህርቲ ድሉዋት ክኾኑ ይሕግዞም።
- ከም ሕንቅል ሕንቅሊተይ ዝኣመሰሉ ፀወታታት ቃላት ንኣናእሽተይ ህፃናት ምስ ዓበይትን ህፃናትን ንኽተኣሳሰሩ ዕድል ይህቡ።
- ምስ ካልኦት ንምትእስሳርን ተሓቋፋይነት ስምዒት ንምጥንኻር መዘናግዒ መንገድን ክኾኑ ይኽእሉ።

**ትምህርታዊ ረብሓ ምጥቃም ሕንቅል ሕንቅሊትይ**

- ዕብየትቋንቋን ፍልጠት ቃላትንየቀላጥፍ።
- ዕሙቕ ኣተሓሳስባን ክእለት ምፍታሕ ፀገማትን የደንፋዕ።
- ኣማታይነትን ምህዞን የዕቢ።
- ዕብየት ማሕበራዊ-ስምዒት ምድጋፍ።

**ሕንቅል ሕንቅሊተይ ኣብ ትምህርትን ልምድታትን መፈለምታ ዕድመ ቁልዕነት ንምውህሃድ ዝሕግዙ ስልትታት**

- ሕንቅልሕንቅሊተይ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትከም ሓደ ዓንድን መሰጋገርን ተግባራት ገይርካ ምውሳድ።
- ሕንቅልሕንቅሊተይ ከም መነቓቕሒ፣ ዛንታታትን ምናባዊ መልስታትን ህፃናት ገይርካ ምክታት።
- ሕንቅልሕንቅሊተይ ኣብ ውሽጢ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ክም ሓደ ባእታን መነቓቕሕን ምትእትታው።
- ህፃናት ናይ ገዛእ ርእሶም ሕንቅልሕንቅሊተይ ንባህላዊ ልምድታትን ከካፍሉ ምትብባዕ።
- ክእለት ምፍታሕ ፀገማት ንምድንፋዕ ኣብ ክፍሊ ሕንቅልሕንቅሊተይ ከም ሓደ መይላ ኣመሃህራ ምጥቃም።
- ሕንቅልሕንቅሊተይ ምስ ዝተፈላለየ ብርኪ ምዕባለ ንቅዲ ትምህርትን ንምውዳድ ምትዕፅፍ።
- ምስ ስድራ ብምትሕብባር ባህላዊ ምትእስሳር ዘለዎም ሕንቅል ሕንቅሊትይ ምክፋል።

## 5. ልጋብን ተወሰኽቲ ሃፍተፀጋታትን

### 5.1. መጥለሊ ነጥብታት ፍልጠታት፣ ኣመለኻኽታን ክእለታትን ድሕረ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ።

እዚ መጥለሊ ነጥቢ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ዝተዳለወሉ ምኽንያት መሳሰዪ/ይት ሓብሓብትን ወለድን ኣብ ክፍለ ግዜ ዋዕላታት ምድማፅ ዘማዕብልዎ ፍልጠት፣ኣመለኻኽታን ክእለትን ኣብ ምንታይ ብርኪ ከምዘለዉ ንምክትታልን ንምፍታሽን ኮይኑ መሳሰይቲ ብዝተረኸበ ውፅኢት መሰረት ብምግባር ክመሓይሹ ዘለዎም ንምስትኽኻል፣ ፅቡቓት ንዝኾኑ ድማ ኣጠናኺርካ ንምቕፃል ዝዓለመ እዩ።

ንዝቐረቡ ሕቶታትን ተግባራትን ክትፍፅም/ሚ ትኽእል/ሊ ተኾይንካ/ኪ "እወ" እንተዘየለ ድማ "ኣይፋል" ብምባል መልስ/ሲ።

| ፍልጠት | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|
| 1 | ምርዳእ ቀንዲ ፅንሰ ሓሳባት | ☐ | |
| | ረብሓታት ዕብየት ብሓሙሽተ ክትገልፅ/ፂ ትኽእል/ሊ ዶ? | ☐ | |
| | መሰረታዊ ዓውድታትን መትከላትን ዕብየት ብሓሙሽተ ክትፈልይ/ዩ ትኽእል /ሊ ዶ? | ☐ | |
| | ኣብ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ዝቐረቡ 15 ክፍለ ግዜታት ዘለዎም ረብሓ ክትገልፅ/ፂ ትኽእል/ሊ ዶ? | ☐ | |
| 2 | ግንዛበ ሓገዝቲ ናውትታትን ሃፍተፀጋታትን | ☐ | |
| | ሓገዝቲ ናውትታት 15 ክፍለ ግዜታት ኣበይ ከምዝርከቡ ክትፈልይ/ዩ ትኽእል/ሊ ዶ?(ብኹራታት፣ መስርሓዊ መዘክር፣ መፅሓፍ ሰልጠንቲ) | ☐ | |
| | ኣብ ዕብየት ብሓሙሽተ ከባቢያዊ ሓገዝቲ ናውትታትን ሃፍተፀጋታትን ክተቕምጥ/ጢ ትኽእል/ሊ ዶ?). | ☐ | |
| 3 | ግንዛበ ዕብየት ብሓሙሽተ ከም መሳርሒ ዕብየት ህፃናት | ☐ | |
| | መሰረታዊ ዕብየት ህፃናት ምስ ዝቐረቡ 15 ክፍለ ግዜታት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ክተዛምድ/ዲ ትኽእል/ሊ ዶ? | ☐ | |
| | ረብሓ ምላሽ ዝህብ ክንክን ህፃናት ተርድእ/ዲ ዶ ? | ☐ | |

| ኣተመለኻኽታ | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|
| 4 | ጥቕሚ(ዋጋ) ምስታፍ: | ☐ | |
| | ህፃናት ኣብ ፀወታ መሰረት ዝገበረ ትምህርቲ ዕብየት ብሓሙሽተ ምስታፍ ኣገዳሲ ምዃኑ ትኣምን/ኒ ዶ? | ☐ | |
| | ዕብየት ብሓሙሽተ  ከም ሓደ መሳርሒ  ግደ ማሕበረሰብ ኣብ ዕብየት ህፃናት የድንቕ እየ። | ☐ | |
| 5 | ንሓድሽ ሓሳባት ክፉት ምዃን፤ | ☐ | |
| | ሓደስቲ ስልትታትን ንጥፈታትን ኣብ ተግባር ንምውዓል ድልው/ቲ ድኻ/ኺ? | ☐ | |
| | ኣብ ባህላዊ ተዛማድነትን ድሌታት ሕብረተሰብን ዝተመርኮሰ ኣሰራርሓታት ንምትዕርራይ ድልውነት ኣለካ/ኪ ዶ? | ☐ | |
| 6 | ንምትሕብባር ዘሎ ተበግሶ | ☐ | |
| | ተመኩሮታት ምክፋልን ካብ መሓዙትካ፣ ሓብሐብትን መሳሰይትን ምምሃር ክብርታት ትህብ/ቢ ዶ?. | ☐ | |
| | ንህፃናትን ስድራን ደጋፍን ውሕሱን ሃዋህው ንምፍጣር ቃል ትኣትው/ዊ ዶ? | ☐ | |

| ክእለታት | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|
| 7 | ሜላታት ምስሳይ | ☐ | |
| | ኣብ ዝተፈላልዩ ንጥፈታት እንትትሳተፍ/ፊ ምስ ተሳተፍቲ ውፅኢታዊ ክእለት ርክብ ኣለካ/ኪ ዶ?። | ☐ | |
| | ኣብ እዋን ዘተ ውሑስን ንኹሉ ዝሓቁፍን ሃዋህው ክትፈጥር/ሪ ትኽእል/ሊ ዶ? | ☐ | |
| 8 | ኣፈፃፅማ ንጥፈታት | ☐ | |
| | ከም ሓብሐብቲ ወይ ወለዲ መጠን ንህፃናት መሳጢ ንጥፈታት ዓቕሚ ምትላም ኣለኻ/ኪ ዶ ትብል/ሊ? | ☐ | |
| | ንዝተፈላለዩ ድሌታት ተሳተፍቲ ንምምላእ ንጥፈታት ዕብየት ብሓሙሽተ ከትመዓራረዮም ትኽእል/ሊ ዶ። | ☐ | |
| 9 | ፅብረቓን ግብረ መልስን | ☐ | |
| | ካብ ተሳተፍቲ ርእይቶ ምእካብን ምትንታንን ትኽእል ዶ.? | ☐ | |
| | ኣብ መፃኢ ክፍለ ግዜታት ንምምሕያሽ ኣብ ርእሰ-ፅብረቓ ክዋፈር እኽእል እየ።.. | ☐ | |
| ትልሚ ትግበራ | | | |
| | ኣብ ናይ ሎሚ መደብ መሰረት ብምግባር ኣብ ልምምደይ ከተግብሮ ዘለኒ ሓደ ሓድሽ ስልትታት ክተላሊ/ልዩ።. | ☐ | |
| | ካብዚ ክፍለ ግዜ ዝረኸብካዮ ርድኢት እንተወሓደ ምስ ሓደ ካልእ ሓብሓቢ ወይ መሳሰዪ/ይት ከካፍል እኽእል እየ።. | ☐ | |
| | ኣብቲ ክፍለ ግዜ ዝተዘተየሉ ፍሉይ ንጥፈት ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ንምውህሃድ ሸቶ ክተቕምጥ/ጢ ትኽእል/ሊ ዶ? | ☐ | |

**5.2. ፍታሕ ቃላት**

**ሓቢርካ ምድራፍ**:- ኣብ ህፃናት ቋንቋ፣ ኣእምሮኣዊን ማሕበራዊ-ስምዒታዊን ክእለት ንምዕባይ ኣባላት ስድራ ምስ ህፃን ደርፍታትን ሙዚቃን ብምጥቃም ምስታፍ።

**ሓብሕብቲ** - ዝኾነ ዓቢ ሰብ፡ ንወለዲ፡ ኣያታትን ካልኦት ኣባላት ስድራቤትን ሓዊሱ፡ ናይ ምእላይን ምሕብሓብን ህፃን ሓላፍነት ዘለዎ።

**ሓዋሳይነት**:-ኩሎም ውልቀሰባት፡ ፍልልያቶም ብዘየገድስ፡ ዋጋ ከም ዝወሃቦም፡ ክኸበሩን ምሉእ ብምሉእ ክሳተፉ ዕድል ከም ዝወሃቦምን ምርግጋፅ።

**ሕብረ ተዋፅኦ**:- ዝተፈላለዩ ነገራት፣ ኣካላት፣ ሰባት፣ ወዘተ. ኣብ ሓደ ምውዳድ።

**ሕንቅል ሕንቅሊተይ**:- ባህላዊ ፀወታ ኾይኑ ውልቀሰባት ኣብ ፍታሕ ንምብፃሕ ብመሃዝነትን ዓሚቕ ኣተሓሳባን ክሓስቡ ዝፈታተን ዓይነት ፀወታ ቃላት ኮይኑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ቋንቋን ኣእምሮኣዊ ክእለትን ዘዕቢ እዩ።

**ሕያዋይ ምኽን**:- ኣብ ኣናእሽተይ ህፃናት ምዕባለ ርህራሄ፡ ለዋህን ንማሕበራዊ ማሕበራዊ ባህርያትን ምዕባይ።

**ሕያዋይነት**:- ስምዒታት ካልእ ሰብ ናይ ምርዳእን ምክፋልን ዓቕሚ፡ ርህሩህ ምትእስሳርን ዝምድናን ምዕባይ።

**ማሕበረ-ስምዒታዊ ዕብየት**:- ህፃናት ስምዒታቶም ንምርዳእን ንምቁፅፃርን ዝመሃሩሉ፡ ንኻልኦት ርህራሄ ዘማዕብሉን ኣወንታዊ ዝምድናታት ዝምስርቱሉን መስርሕ እዩ።

**ሜላታት ምምችቻው**:- ኣመሓደርቲ ንዘተ ንምምራሕ፡ ንጉጅላዊ ሕብረ ተዋፅኦ ንምምሕዳር፡ ከምኡ'ውን ተሳትፎ ዘተባብዕ ንኹሉ ዝሓቁፍ ሃዋህው ንምፍጣር ዝጥቀሙሉ ሜላታትን ስልትታትን።

**ምላሽ ዝህብ ክንክን**:- ናይ ክንክን ኣገባብ እዩ። ንሱ ድማ ንናይ ሓደ ቆልዓ ድሌታትን ምልክታትን ምልላይን ምርዳእን ምላሽ ምሃብን ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ንዕብየትን ዝድግፍን ሃዋህው ምምዕባል ዘጠቓልል እዩ።

**ምምችቻው ባህላዊ ተኸሳሓይነት**:- ትሕዝቶታት እዚ መደብ ምስ ባህሊ ክህልዎ ዝኽእል ፅልዋ ዘስተውዕልን ንተሳተፍቲ ውሑስን ደጋፍን ሃዋህው ዝፈጥርን ኣገባብ ምምችቻው እዩ።

**ምምጋብ ማማያት**:- ብዛዕባ ኣገዳስነት ምጥባውን ምትእትታው ፀፃር ምግብታትን ንኣካላዊ ዕብየትን ምዕባለን ዝድግፍ ሓበሬታ ምሃብ።

**ምስኣል ስምዒታት** - ስነ-ጥበብን ፈጠራዊ መግለፅን ከም መሳርሒ ምጥቃም ህፃናት ስምዒታቶም ንምልላይን ንምሕባርን ዝገብርዎ ንጥፈት እዩ።

**ምርድዳእ ብኽያት ማማይ** - ብኽያት ሓደ ህፃን ድሌታቱ ዝገልፀሉን ብኸመይ ግቡእ ምላሽ ከም ዝህብ ንምምሃርን ቀንዲ መሳርሒ ምኳኑ ምርዳእ።

**ምትእስሳር እዋን ምጥባው ጡብ** - ኣገዳስነት ናይቲ ብጡብ ኣደ ዝፍጠር ምትእስሳር ኣደን ውላድን ከምኡ'ውን ብኸመይ ማሕበራዊ-ስምዒታዊ ምዕባለ ከም ዝድግፍ ምርዳእ።

**ምኽባር መንፈሳውነት**:- ንኹለንተናዊ ዕብየት ህፃን ንምድጋፍ ምስ ባህላዊ ምትእስሳር ዘለዎም መንፈሳውን ሃይማኖታውን ልምድታት ምውህሃድ።

**ምኽባር ኣፈላላይ (ብዙሕነት)**:- ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ንዘሎ ፍልልያት መልክዕ፡ ባህሊ፡ ክእለትን እምነትን ምቕባልን ምድናቕን ።

**ምውጋዕ ማማይ**:- ኣብ ማማያት ንዕብየት ቋንቋ ንምምችቻው ዝተቐለለ ዘረባ፣ ዝተጋነነ ቃና፣ ምድግጋም ምጥቃም ዝብል ልምዲ እዩ።

**ስሪት** - ብሓበራዊ ስምምዕነት ዝተዳለዉ መምርሒታት።

**ርድኢት ህርመት**፡-ንህፃናት ኣብ ከም ደርፊ፡ ሳዕስዒት፡ ከምኡ'ውን ቀለልቲ መሳርሒታት ምፅዋት ዝኣመሰሉ ሙዚቃዊ ንጥፈታት ምስታፍ፡ ንማሕበራዊ-ስምዒታውን ቋንቋውን ክእለቶም ምድጋፍ ዘመላኽት እዩ።

**ባህላዊ ተኻሳሓይነት**፡- ኣብ ውሽጢ ሓደ ሕብረተሰብ ንዘሎ ዝተፈላለየ ባህላዊ ድሕረ ባይታታትን ኣሰራርሓታትን ውልቀሰባት ንቕሓትን ምኽባርን፡ ኣብ መደባትን ንጥፈታትን ንኹሉ ዝሓቁፍ ምኻኑ ምርግጋፅ።

**ባህላዊ ተዛምዶ ትሕዝቶ**፡- ንባህላዊ ድሕረ ባይታ፡ ቋንቋታትን ተመኩሮታትን ተሳተፍቲ ንምግላፅ ዝተዳለወ ናውትን ንጥፈታትን፡ ምትእስሳርን ምርድዳእን ዘለዎም ምኻን።

**ብዙሕነት**፡- ብርኪ ፍልልያት ደቂ ሰባት፣ ዓሌት፣ ብሄር፣ ፆታ፣ ዕድመ፣ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዓቕሚ፣ ከምኡ'ውን ባህላዊ ድሕረ ባይታ ሓዊሱ ምፍልላይ ዘመላኽት እዩ።

**ተሳትፎ ማሕበረሰብ፡-** ውልቀሰባትን ትካላትን ኣብ ምትሕብባር ፃዕርታት ንማሕበረሰብ ንምሕያልን ንምድጋፍን፡ ብፍላይ ምስ ምዕባለን ትምህርትን ህፃናት ዝተኣሳሰሩ ኩነታት።

**ንሳዕስዕ** - ህፃናት ኣብ ፈጠራዊ ምንቅስቓስን ንጥፈታት ሳዕስዒትን ምስታፍ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን-ስምዒታውን ምዕባለኦም ምድጋፍ።

**ዓሚቕ ኣተሓሳስባ፡-** ሓበሬታ ናይ ምትንታን፡ ዝተፈላለየ ኣረኣእያታት ናይ ምግምጋምን ብግቡእ ዝተሰነየ ውሳነታት ናይ ምውሳድ ወይ ፀገማት ብኣድማዒ መንገዲ ናይ ምፍታሕ ክእለት።

**ኣሳታፊ ትምህርቲ፡-** ካብ ተማሃሮ ንጡፍ ተሳትፎ ዘጠቓልል ትምህርታዊ ኣገባብ ኮይኑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብኢድ ዝግበር ንጥፈታት፡ ዘተን ምትሕብባርን እዩ።

**ዓርሰ ስእሊ፡-** ህፃናት ብስእልን ኣብሎም መንነቶምን ስምዒት ነብሶምን ክድህስሱ ክስእሉን ምግባር።

**ዓርሰ-ምግላፅ፡-** ውልቀሰባት ሓሳባቶምን ስምዒታቶምን ሓሳባቶምን ናይ ምትሕልላፍ ክእለቶም፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብፈጠራዊ ንጥፈታት ከም ስእሊ፡ ምዝንታው ዛንታ ወይ ሙዚቃ ምግላፅ እዩ።

**ኣብ ገዛ ዝሰራሕ መሰናኽላት** - ሓፈሻዊ ክእለት ትግበራ እካለ ኣእምሮ ንምጥንካር መዓልታዊ ኣቑሑት ገዛ ብምጥቃም ዝሰርሑ ህፃናት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንምግባር ዝሕግዙ እዮም።

**ዕብየት ብሓሙሽተ፡-** ካብ ውልደት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራውን ስምዒታውን ፅቡቕ ሂወት ህፃናት ኣብ ምሕብሓብ ዘተኮረ ኩለመዳያዊ መደብ ዕብየት ፍልመ ቁልዕነት (ECD) እዩ። እዚ ተበግሶ እዚ፡ ህፃናት ኣብቲ ወሳኒ ናይ መጀመርታ ዓመታት ህይወቶም ዘድልዮም ደገፍ ንኽረኽቡ ንምርግጋፅ፡ ምላሽ ዝህብ ክንክን፡ ኣብ ፀወታ ዝተመርኮሰ ትምህርትን ኩለንተናዊ ምዕባለ ህፃናትን ዘስፋሕፍሕ መደብ እዩ።

**ዕብየት ፍልመ ቁልዕነት (ECD)፡-** ኣብ ህፃናት ካብ ልደት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ዝኽሰት መስርሕ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራውን ስምዒታውን ዕብየት ኮይኑ፡ ንመላእ ዕድመ ጥዕናን ትምህርትን ሰረት ዘነብር እዩ።

**ኦክሲቶሲን** :-ኣብ ምምዕባል ምትእስሳር ኣደን ውላድን ብፍላይ ኣብ እዋን ምጥባው ቁልፊ ግደ ዝፃወት ሆርሞን እዩ።

**ኩለንተናዊ ዕብየት፡-** ንኹሉ መዳያት ዕብየት ቆልዓ፡ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ስምዒታውን ማሕበራውን ሸነኻት ሓዊሱ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ፅቡቕ ምዕቡልን ደጋፍን ሃዋህው ዘረጋግፅ ኣገባብ ዕብየት ህፃናት እዩ።

**ክእለት ግንዛበ፡-** ምስ ትምህርቲ ዝተኣሳሰሩ ኣእምሮኣዊ ዓቕምታት፡ እንተላይ ምዝካር፡ ኣቓልቦ፡ ምምዝዛንን ምፍታሕ ፀገማትን።

**ዋዕላ ምድማፅን ዘተን**፡-ንሓብሐብቲ፣ ወለዲ፣ ኣባላት ማሕበረሰብን ሰብ ሞያ ፍልመ ቁልዕነትን ኣብ ሓደ ዘራኽብ ኣሳታፊ ናይ ጉጅለ ክፍለ ግዜታት ኮይኖም ምስ ምዕባለ ቅድመ ቁልዕነት ዝተኣሳሰሩ ንጥፈታት ዝዛተይሉ እዩ።

**ርድኢት ህርመት**፡-ንህፃናት ኣብ ከም ደርፊ፡ ሳዕስዒት፡ ከምኡ'ውን ቀለልቲ መሳርሒታት ምፅዋት ዝኣመሰሉ ሙዚቃዊ ንጥፈታት ምስታፍ፡ ንማሕበራዊ-ስምዒታውን ቋንቋውን ክእለቶም ምድጋፍ ዘመላኽት እዩ።

**ባህላዊ ተኺሳሓይነት**፡- ኣብ ውሽጢ ሓደ ሕብረተሰብ ንዘሎ ዝተፈላለየ ባህላዊ ድሕረ ባይታታትን ኣሰራርሓታትን ውልቀሰባት ንቕሓትን ምኽባርን፡ ኣብ መደባትን ንጥፈታትን ንኹሉ ዝሓቁፍ ምኻኑ ምርግጋፅ።

**ባህላዊ ተዛምዶ ትሕዝቶ**፡- ንባህላዊ ድሕረ ባይታ፡ ቋንቋታትን ተመኩሮታትን ተሳተፍቲ ንምግላፅ ዝተዳለወ ናውትን ንጥፈታትን፡ ምትእስሳርን ምርድዳእን ዘለዎም ምኻን።

**ብዙሕነት**፡- ብርኪ ፍልልያት ደቂ ሰባት፣ ዓሌት፣ ብሄር፣ ፆታ፣ ዕድመ፣ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዓቕሚ፣ ከምኡ'ውን ባህላዊ ድሕረ ባይታ ሓዊሱ ምፍልላይ ዘመላኽት እዩ።

**ተሳትፎ ማሕበረሰብ፡-** ውልቀሰባትን ትካላትን ኣብ ምትሕብባር ፃዕርታት ንማሕበረሰብ ንምሕያልን ንምድጋፍን፡ ብፍላይ ምስ ምዕባለን ትምህርትን ህፃናት ዝተኣሳሰሩ ኩነታት።

**ንሳዕስዕ** - ህፃናት ኣብ ፈጠራዊ ምንቅስቓስን ንጥፈታት ሳዕስዒትን ምስታፍ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን-ስምዒታውን ምዕባለኦም ምድጋፍ።

**ዓሚቕ ኣተሓሳስባ፡-** ሓበሬታ ናይ ምትንታን፡ ዝተፈላለየ ኣረኣእያታት ናይ ምግምጋምን ብግቡእ ዝተሰነየ ውሳነታት ናይ ምውሳድ ወይ ፀገማት ብኣድማዒ መንገዲ ናይ ምፍታሕ ክእለት።

**ኣሳታፊ ትምህርቲ፡-** ካብ ተማሃሮ ንጡፍ ተሳትፎ ዘጠቓልል ትምህርታዊ ኣገባብ ኮይኑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብኢድ ዝግበር ንጥፈታት፡ ዘተን ምትሕብባርን እዩ።

**ዓርሰ ስእሊ፡-** ህፃናት ብስእልን ኣብሎም መንነቶምን ስምዒት ነብሶምን ክድህስሱ ክስእሉን ምግባር።

**ዓርሰ-ምግላፅ፡-** ውልቀሰባት ሓሳባቶምን ስምዒታቶምን ሓሳባቶምን ናይ ምትሕልላፍ ክእለቶም፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብፈጠራዊ ንጥፈታት ከም ስእሊ፡ ምዝንታው ዛንታ ወይ ሙዚቃ ምግላፅ እዩ።

**ኣብ ገዛ ዝስራሕ መሰናኽላት** - ሓፈሻዊ ክእለት ትግበራ እካላ ኣእምሮ ንምጥንካር መዓልታዊ ኣቑሑት ገዛ ብምጥቃም ዝስርሑ ህፃናት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንምግባር ዝሕግዙ እዮም።

**ዕብየት ብሓሙሽተ፡-** ካብ ውልደት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራውን ስምዒታውን ፅቡቕ ሂወት ህፃናት ኣብ ምሕብሓብ ዘተኮረ ኩለመዳያዊ መደብ ዕብየት ፍልመ ቁልዕነት (ECD) እዩ። እዚ ተበግሶ እዚ፡ ህፃናት ኣብቲ ወሳኒ ናይ መጀመርታ ዓመታት ህይወቶም ዘድልዮም ደገፍ ንኽረኽቡ ንምርግጋፅ፡ ምላሽ ዝህብ ክንክን፡ ኣብ ፀወታ ዝተመርኮሰ ትምህርትን ኩለንተናዊ ምዕባለ ህፃናትን ዘስፋሕፍሕ መደብ እዩ።

**ዕብየት ፍልመ ቁልዕነት (ECD)፡-** ኣብ ህፃናት ካብ ልደት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ዝኽሰት መስርሕ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራውን ስምዒታውን ዕብየት ኮይኑ፡ ንመላእ ዕድመ ጥዕናን ትምህርትን ሰረት ዘነብር እዩ።

**ኦክሲቶሲን** ፡-ኣብ ምምዕባል ምትእስሳር ኣደን ውላድን ብፍላይ ኣብ እዋን ምጥባው ቁልፊ ግደ ዝፃወት ሆርሞን እዩ።

**ኩለንተናዊ ዕብየት፡-** ንኹሉ መዳያት ዕብየት ቆልዓ፡ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ስምዒታውን ማሕበራውን ሸነኻት ሓዊሱ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ፅቡቕ ምዕቡልን ደጋፍን ሃዋህው ዘረጋግፅ ኣገባብ ዕብየት ህፃናት እዩ።

**ክእለት ግንዛበ፡-** ምስ ትምህርቲ ዝተኣሳሰሩ ኣእምሮኣዊ ዓቕምታት፡ እንተላይ ምዝካር፡ ኣቓልቦ፡ ምምዝዛንን ምፍታሕ ፀገማትን።

**ዋዕላ ምድማፅን ዘተን**፡-ንሓብሓብቲ፣ ወለዲ፣ ኣባላት ማሕበረሰብን ሰብ ሞያ ፍልመ ቁልዕነትን ኣብ ሓደ ዘራኽብ ኣሳታፊ ናይ ጉጅለ ክፍለ ግዜታት ኮይኖም ምስ ምዕባለ ቅድመ ቁልዕነት ዝተኣሳሰሩ ንጥፈታት ዝዛተይሉ እዩ።

**ድሕንነት ህፃናትን ምክልኻል ሓደጋን**፡- ንሓብሓብቲ ብዛዕባ ልሙዳት ሓደጋታት ገዛን ህፃናት ውሑስ ንምግባር ውፅኢታዊ ስልትታትን ምምሃር።

**ጥምረት**፡- ኣብ መንጎ ሓደ ህፃንን ቀንዲ ሓብሓቢኦምን ዝፍጠር ዓሚቑን ስምዒታዊን ምትእስሳር፡ እዚ ድማ ንጥዑይ ማሕበራዊ-ስምዒታዊ ምዕባለ ኣገዳሲ እዩ።

**5.3. ኣብ ኣዋን ዋዕላ ምድማፅን ዘተን መሳሰይቲ ክጥቀምዎም ዝኽእሉ ተዛመድቲ መነቓቕሒቲ**

**1. ክልተ ልክዕን ሓደ ጌጋን**

**መምርሒ**:- ነፍሲ ወከፍ ተሳታፊ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ክልተ ልክዕ ዝኾና ሓንቲ ጌጋ ዝኾነት መግለፅታቱ ክገልፅ ብምግባር ኣባላት ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ድማ እታ ዘይትኽክል መግለፂት ክግምቱን ክፈልዩን ምግባር እዩ። ኣብዚ እታ ናይ መወዳእታ መልሲ እትኸውን እቲ መቕረባይ እዚኣ ኣይመግለተይን ዝብላ እያ።(ካሊእ ክትዕ ክይኽፈት ጠመተ ግበር)

**ዕላማ**:- ውልቃዊ ዛንታታት ምክፋል የተባብዕን ኣብ መንጎ ተሳተፍቲ ርክብ ንምህናፅ ይሕግዝን።

**2. ምፍላይ ሓበራዊ ባህጊ**

**መምርሒ**:- ተሳተፍቲ ብንኡሳት ጉጅለታት ተመዳዲቦም ንቑፃሊ ከሳኽዕዎም ዝደልዩ ኣርባዕተ ኣርባዕተ ነገራት የቕርቡ እሞ ካብዞም ዝቐረቡ ውልቀ ድልየታት ሓበራዊ ባሕጊ ዝኾና ሰለስተ ነገራት ክረኽቡ ምግባር ደሓር ነፍሲ ወከፍ ጉጅለ ንዝረኸቦ ውፅኢት ንእቲ ዓብዩ ጉጅለ የካፍል።

**ዕላማ**: ምትእስሳር የዕቢን ንሓባራዊ ደልየት ጠመተ ክህቡ የለዓዕል

**3. ሪእኻ ተረዳእ**

መምርሒ ተሳተፍቲ በብተራ እንዳወፁ ዝተፈላለዩ ስምዒታቶም፣ ድልየቶምን ሓሳባቶምን ከይተዛረቡ ብኣካል ክግልፁ (ክዋስኡ ከለዉ) ካልኦት ድማ ነቲ ስምዒት ይግምትዎ።

**ዕላማ**:- ስምዒታት ምግላፅን ምርዳእን የተባብዕ፡ ኣብ ማሕበራዊ-ስምዒታዊ ምዕባለ ንዝግበር ዘተ መራጎዲ ሓሳብ የስርፅ።

**4. ፀወታ ዝተፈለየ ኣውፅእ**

መምርሒ ነፍሲ ወከፍ ተሳታፊ ኣብ ቅድሚት ወፂኡ ጠጠው ይብልሞ ደሓር ገፁ ኣዚሩ ካብ ፈለማ ዝነበሮ (ኣከዳድና፣ ኣቀማምጣ ኢድ፣ ዝሓዞ ነገር፣ ኩነታት ፀጉሪ ካልኦትን ) ለውጢ ብምግባር ግፁ ናብ ተሳትፍቲ ብምዝዋር ዝተገበረ ለውጢ ክፈልዩ ምግባር።

**ዕላማ**:- ተሳተፍቲ ንነገራት ጠመተ ምሃብ (ምግንዛብ) ከማዕብሉ ይሕግዞምን ምሕዝነታዊ ሃዋህው ይፈጥርን።

**5. እንታይ በፂሑካ/ኪ?**

መምርሒ ተሳተፍቲ ዝተፈላልየ ዛዕባ( ዓይነታት እኽሊ፣ ባህሊ፣ ክዳን ፣ ምግቢ፣ ኸባቢታት ወዘተ.) ብምፅሓፍ ዕጫ ከውፅኡ ግበር/ሪ ደሓር ብዛዕባ ዝበፅሖም ዛዕባ ኣመልኪቶም ናይ ን30 ሰከንድታት ክዛረቡ ምግባር።

**ዕላማ**:- ድንገት ንዝገጠመካ ነገር ብቕልጡፍ ተረዲእኻ ግቡእ ምርግለፂ ምሃብ ከለማምድን ዓቕሚ ርድኣት ከጠናኽር ይኽእል።

**6. ሕሹኽ በለኒ**

መምርሒ ተሳተፍቲ ተሰሪዖም ደው ክብሉ ብምግባር ንእቲ ኣብ ቕድሚት ዘሎ ሰብ ኣብ ወረቐት ፅሒፍካ ሃቦ ንሱ ንእታ ወረቐት ኣንቢቡ ንእቲ ዝስዕብ ኣብ እዝኒ ሕሱኽ ኢሉ ይንገሮ ከምኡ እንዳብሉ ናብቲ ናይ መወዳእታ ሰብ ምስ ብፅሖት ዓው ኢሉ እታ መልእኽቲ ክዛረብ ግብር/ሪ እሞ ምስታ ንስኻ/ኺ ዝፀሓፍካ/ኪያ ዘለዋ ኣፈላላይ ኣነፃፅር/ሪ።

**ዕላማ**:- "ብያ ያ" ዝውረዩ ሓሳባት "ተባሂሉ" እንዳተባህለ እንትኸይድ ክንደይ ጌጋ ሓሳብ ከምዝፍጠር ክርድኡን ዓርሶም ክፍትሹን ይሕግዝ።

**7. ምፅራሕ ቃላት**

መምርሒ ተሳተፍቲ ካብቲ ዘዳመፅዎ ተቐረፁ ዝቐረበ ዛዕባ መሰረት ብምግባር ሓደ ሓደ ቃላት ክፅውዑ ምግባር። (ንኣብነት "ሕያውነት" ኢልካ እንተጀሚርካ/ኪ ነፍሲ ወከፍ ተሳታፊ መልሲ ንምሃብ ነታ ኣብ ኣእምሮኡ እትመፅእ ቀዳመይቲ ቃል ቀልጢፉ ይዛረብ።)

**ዕላማ**:- ምስ ጭብጢ ክፍለ-ግዜ እናተኣሳሰር ፈጠራን ምዝኽካርን የተባብዕ።

**8. ተመሳሳሊ ቃል ድለ**

መምርሒ ተሳተፍቲ ፅምዲ ፅምዲ ብምኳን ሓደ ጀማሪ ኮይኑ ቃል ይፅውዕ እቲ መጣምርቲ ድማ ንታ ዝተፀወዐት ቃል ተመሳሳሊ ቃል ብምፅዋዕ ፣ ሓዱሽ ቃል ይፅውዕ እቲ ሓደ ድማ ፍታሕ ዝኾውን ቃል ይፀርሕ። ሓደ መልሲ እንትስእን ይሰዓር ንመፀውዒ 5 ሰከንድታት ሃብ/ቢ።(ኣብነት፦ ጀማሪ "ንዓ" እንተይሉ እቲ ሓደ " ምፃእ" ይብል ካብኡ ድማ "ደቂሰ" ኢሉ ይፅውዕ እቲ ጀማሪ ዝነበረ ድማ ተመሳሳሊ ደቂሰ ይፅውዕ)

**ዕላማ**፦ ምትእስሳር የተባብዕን ተሳተፍቲ ፍልጠት ቃላቶም ከነቓቕሑ ይሕግዝ።

**9. ምምላእ ምስላ**

መምርሒ ተሳተፍቲ ሕድሕዶም ሓደ ሓደ ምስ ቆልዑ ዝተኣሳሰሩ ምስላታት ከዳልዉ ብምግባር ብብታራ እንዳወፁ ዘዳለዉዋ ምስላ ይጀምሩ ካላኦቶም ድማ ንእታ ምስላ ይመልእዋ።( ኣብነት፦ ቆርበት ብርሒሱ___________ "ቆልዓ ብንኡሱ")

**ዕላማ**፦ ብቕዓት ምዝኻር የማዕብል ውልቃዊ ተመኩሮታት ንምክፋል የተባብዕን።

**10. እዙይ መን እዩ?**

መምርሒ ሕድሕድ ተሳተፍቲ ካብ ጉጅለ ዘሎ ሰብ "እከለ" ኢሉ ስም ከይፀውዑ ኣካላዊ ቁመናን ፅቡቓት ባህሪያቱን ይዝርዝሩ ካልኦቶም ድማ እቲ ዝዝረብሉ ዘሎ ሰብ መን ምዃኑ ይገምቱ።

**ዕላማ**፦ ኣብ መንጎ ተሳትፍቲ ምቅርራብን ምንባብን ክህሉን ክደናነቑን ዕድል ይፈጥር።

## 5.4. ብተደጋጋሚ ክለዓሉ ዝኽእሉ ሕቶታትን ሓፀርቲ መብርህታትን

**1. ተበግሶ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ እንታይ እዩ?**

ተበግሶ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ ብፍላይ ኣብተን ብኲናት ዝተሃስያ ከባቢታት ትግራይ ምላሽ ዝህብ ክንክን፣ ኣብ ፀወታ ዝተመርኮሰ ትምህርትን ኩለንተናዊ ፅቡቕ ሂወት ህፃናትን ብምድጋፍ ንዕብየት ፍልመ ቁልዕነት (ECD) ንምጥንኻር ዝዓለመ ዓለማዊ ፃዕሪ እዩ።

**2. ዋዕላ ምድማፅን ዘተን መን ክሳተፍ ይኽእል?**

ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ንሓብሒብቲ፣ ወለድን መራሕቲ ማሕበረሰብን ዝተዳለወ እዩ። እቶም ክፍለ ግዜታት ንእቶም ኣናእሽተይ ህፃናት ኣብ ምሕብሓብን ምድጋፍን ቀጥታዊ ግደ ዘለዎም ኣካላት ንምስታፍ ዝተዳለወ እዩ።

**3. ቀንዲ መትከላት ተበግሶ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ እንታይ እዮም?**

እቶም ቀንዲ መትከላት ህፃናት ማእከል ዝገበረ ኣገባብ፡ ብማሕበረሰብ ዝምራሕ ስልትታት፡ ተሳትፎ ሓብሒብቲ፡ ባህላዊ ምትእስሳር ዘለዎ ትሕዝቶ፡ ኣብ ጭብጢ ዝተመርኮሰ ኣሰራርሓታት፡ ብዙሕ ጨንፈራት ዘለዎ ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኩለንተናዊ ፅቡቕ ሂወት ትኹረት ምሃብ የጠቓልሉ።

**4. ሕንቅል ሕንቅሊተይ ኣብ ንጥፈታት ንእስነት ብኸመይ ከእትዎ እኽእል?**

ሕንቅል ሕንቅሊተይ ኣብ መዓልታዊ መደባት፡ ምዝንታው ዛንታን ናይ ጉጅለ ንጥፈታትን ክውሃሃድ ይኽእል። ዕምቆታዊ ኣተሓሳስባ ዘተባብዕ፡ ክእለት ቋንቋ ዘዕቢ፡ ከም ድርኺት ፈጠራዊ መግለፂ ክውዕል ይኽእል።

**5. ኣብ መምርሒ መሳሰይቲ እንታይ ዓይነት ፀጋታት ኣለዉ?**

እዚ መምርሒ መሳስይቲ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ትልምታት ክፍለ ግዜ፡ መምህሪ ሓገዝ፡ ኣሳታፍቲ ንጥፈታት ሓሳባት፡ ከምኡ'ውን ንውፅኢታዊ መሳሰይቲ ዝሕግዙ ስልትታት ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ኩሎም ንዕብየት ህፃናት ንምድጋፍ ዝተዳለዉ እዮም።

**6. ኣብ እዋን ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ውሑስን ንኹሉ ዝሓቁፍን ሃዋህው ብኸመይ ከረጋግፅ ይኽእል?**

ንፁር መሰረታዊ ስረታት ምሕንፃፅ፣ ኣኽብሮታዊ ርክብ ኣተባብዕ፣ ንጡፍ ምድማፅ ምልምማድ፣ ድለታቶም ምርዳእን ፈታሒ ፀገም ምኳን ምትእስሳር ንምዕባይን ንኹሎም ተሳተፍቲ ተቐባሊ ሃዋህው ንምፍጣርን መነቓቕሒንጥፈታት ተጠቐም።

**7. ገለ ኣብነታት ንጥፈታት ንኣናእሽተይ ህፃናት ኣብ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ እንታይ እዮም?**

ንኣብነታት፦ “ጥምረት እዋን ምጥባው ጡብ፣ ሓቢርካ ምድራፍ፣ ስኣለኒ/ኒ ክስእለካ/ኪ፣ ንሳዕስዕ፣ ምድህሳስ ሕንቅል ሕንቅሊተይን ምኽባር ብዙሕነት” ዝብሉ ምጥቃስ ይክኣል። ነፍሲ ወከፍ ንጥፈት ዝተፈለለየ መዳያት ምዕባለ ህፃናት ንምድጋፍ ዝተዳለወ እዩ።

**8. ውፅኢታውነት ክፍለ ግዜ ዋዕላ ምድማፅን ዘተን ብኸመይ ክግምገሞ እኽእል?**

መሳሰይቲ ትዕዝብቲ፣ መጥለሊ ንጥብታት፣ ምስ ተሳተፍቲ ብምግበር፣ ፅብረቓ ተሳትፍቲ፣ዘተን ርእቶታትን መሰረት ብምግባር ሓበረታ ብምእካብ ምፍታሽ ይክኣል እዩ። ቀፃሊ ምምሕያሽ ብናይ ተሳተፍቲ ርድኢታትን ተመኩሮታትን ክምራሕ ይኽእል።

**9. ኣብ እዋን ሓደ ክፍለ ግዜ ተሳተፍቲ ብኣግባቡ ክሳተፉ እንተዘይ ክኢሎም እንታይ ክገብር ኣለኒ?**

ንኹሉ ዝሓቁፍ ሜላታት ኣቢልካ ተሳትፎ ምትብባዕ፣ ክፉት ሕቶታት ምሕታት፣ ኣሳታፊ ንጥፈታት ምውዳድ፣ ከምኡ’ውን ምቹው ሃዋህው ምክፋል ሓሳብ ንምምዕባል ንኡሳት ጉጅለታት ዘተ ምፍጣር፣ መነቓቕሒ ምቕራብ፣ ዝተፈለየ ኣካይዳ እንያልዩዎም ንተሳትፍቲ ራኢቶ ምቕባል ዝመሳሰሉ ምጥቃም ይክኣል።

**10. ብዛዕባ ምጥባው ጡብን ምምጋብ ማማያትን ብኸመይ ደገፍ ክረክብ እኽእል?**

ተበግሶ መደብ ዕብየት ብሓሙሽተ ንሓብሐብትን ወልረድን ኣብ ምጥባውን ኣመጋግባ ማማያትትን ሃፍተፀጋታትን መምርሕታትን ዝህብ ኮይኑ፡ ፀገማትታት ንምፍታሕ ዝሕግዙ ምኽርታትን ግቡእ ምትእትታው መወሰኽታ ምግብታትን ሓዊሱ ዝተዳለወ እዩ።ነዚይ ብኣግባቡ ብምጥቃም ሓበሬታ ምርካብ ይክኣል እዩ። ብተወሳኺ ከባቢ ደገፍ መርበባት እውን ክህልዉ ይኽእሉ እዮም

**5.5. መወከሲ ፅሑፋት (መሰርሓዊ መዘክር /መፅሓፍ ሰልጠንቲ፣ ፀወታ/ብኹራ ባህሊ )**

1. **ዕብየት ብሓሙሽተ መስርሓዊ መዘክር መሰልጠንቲ**
2. **ዕብየት ብሓሙሽተ መፅሓፍ መምርሒ ሰልጠንቲ**
3. **ብኹራ ዕብየት ብሓሙሽተ**

MINDEROO FOUNDATION

INTERNATIONAL RESCUE COMMITTEE